# መጽሄት ዲቦራ

መጽሄት ዲቦራ ቁ.2 ምያዝያ 2017

"ብስም እግዝኣብሄር ዝመጸእ ንጉስ ብሩኽ እዩ።" ሉቃ 19:38



"ኣቱም ደጌታት፡ ርእሰኻትኩም ኣልዕሉ፡ ዎ ናይ ዘለኣለም ደጌታት፡ ልዕል በሉ፡እቲ ንጉስ ክብሪውን ኪኣቱ እዩ። እዚ ንጉስ ክብሪኸ መን እዩ፧ እቲ ብርቱዕን ሓያልን እግዚኣብሄር፡ ኣብ ውግእ ዝብርቱዕ እግዚኣብሄር እዩ።" መዝ 24፡ 7-8

www.shalom7.org/debora

# ትሕዝቶ




ገጽ 4 እዋናዊ ቓል

እቶም ኣብ ምድሪ ዘገልገልናዮ ኣብ ሰማይ ውን ከነገልግሎ ኢና (ራኢ.22፡3)።

ገጽ 6 እዋናዊ ሕቶ ?



ኣማኒ ዘበለ ኩሉ ኩለንትንኡ ዝተቐብአ እዩ።



ገጽ 11 ሓድሽ ተኽሊ

ሰብ ብዝረኸቦ ብርሃን ካብ ምዉት ህይወትን ምዉት ግብርን ወጺኡ ናብ እምነት ብኣምላኽ ይመጽእ።

13 ካብ ዘንበብናዮ

ሰባት እግዝኣብሄር ን ህዝቡ ይበጽሖ ከምዘሎ ክፈልጡ እዮም።






ገጽ 16 ምስጢር ዓወት ዳዊት

ዳዊት ንኣዋጅ ብኣዋጅ ዝወቅዕ ሰብ ኔሩ።



ገጽ 19 ነፍሰየ!

ነፍሰየ ጎይታ፡ "መን ትብልኒ?" ኢሉ እንተ ዝሓተኪ፡ መን ምበልክዮ?



ገጽ 20 ቤተሰብ!

የሱስ ጥራይ እዩ ኣብ ውሽጣይ ዘሎ።

ገጽ 24 ኣነቓቓሕቲ ስብከታት

ሕልፍኘ ካብ እግዝኣብሄር ጥበብ ንምሃረሉ ስፍራ እዩ!

ገጽ 25 ዓምዲ ትምህርቲ

ፍርሂ ነቲ ኣብ ልብና ዘሎ ፍቕርን እምነትን ክወቅዕ ብሰይጣን ዝውርወር ፍላጻ እዩ፡፡

ገጽ 28 ኣማንን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን

ኣእምሮና ምሕዳስን ዝተቐደሰ ናብራ ብምሓዝን ንፍቕሪ መንፈስ ቅዱስ ምላሽ ንሃብ!

ገጽ 29 መንፈሳዊ ሕደማ

የሱስ ክኸብረለይ ተፈቲሐ እየ

ገጽ 30 ሒደት ብዛዕባ ስም የሱስ ምኽሪን ማዕዳን

ከም መገብቲ ቃል መጠን፣ ንመእመን ተኸሺኑ ዝቐርበሉ ዘሎ ምግበ ንፈትሾ!

ገጽ 31 ሕብራዊት ዓምዲ

ህይወት - ፍቕሪ = 0

ገጽ 33 ናይ የሱስ ህጻናት

የሱስ ንልብኺ ወሲድዋ እዩ!

# ዘለእኽቲ ዲቦራ

ዲቦራ” ትብል እብራዊት ስም፡ “ንህቢ” ዝብል ቀጥታዊ ትርጉም ክህልዋ እንከሎ፡ ነታ ምርሒት ወሲዳ ተንሲኣ ብሓይሊ ንቅድሚት ትግስግስን፡ ንጸላእታ ረጊጻ እትዝምርን ቤተኽርስትያን ዝውክል፡ ካብ መንፈስ ነብዩት ዲቦራ ዝርዓመ ተወሳኺ ምሳሌያዊ ምግላጽ ድማ ኣለዋ (መሳ4፡1-24 ፡ መሳ5፡1-31)፡፡




መጽሄት ዲቦራ፡ እግዝኣብሄር ነዚ ዕዮ እዚ ኢሉ ብዘንቅሖም፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሕብረታት ዘገልግሉን ዝግልገሉን ኣሕዋት እትዳሎ፡ ሰለስተ ወርሓዊት መጽሄት ኮይና፡ ከምተን ኩለን ኣሓት መጽሄታት፡ ስጋ ክርስቶስ ንምህናጽን ንህዝቢ ኣምላኽ ንምጽኣት ንምድላውን ዝዓለመት እያ (ኤፌ4፡11-13)። ነዛ መጽሄት (ከም ልሳን መንግስቲ ኣምላኽ መጠን)፡ ብጸሎት፡ ብምኽሪ፡ ጽሑፋት ብምብርካት፡ ስእልታት ብምስዳድን ብኻልእ መገድን ክትድግፉ እግዝኣብሄር ዘነቓቕሓኩም ኣመንቲ፡ ሓንጎፉይ ኢልና ከም ንቕበለኩም እናገለጽና፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻና ክትረኽቡና ከም እትኽእሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ።







## ብሓደ ቋንቋን ብሓደ ንግግርን ንኹን!

እግዝኣብሄር ብሓደ ቋንቋን ብሓደ ንግግርን ዝገብረና ምእንቲ ብፍቕርን ብሓድነትን ክንነብርን ነቲ ዝሃበና ዕዮ ክንዓይን እዩ። ምኽንያቱ ቋንቅኡ ዝተደባለቐ ህዝቢ ንሓድሕዱ ኣይሰማማዕን እዩ፡፡ ንሓድሕዱ ዘይሰማማዕ ህዝቢ ዝኾነ ዕዮ ክዓዪ ኣይክእልን እዩ (ዘፍ11፡1-9)። ንሓድሕዱ ዘይሰማማዕ ሕብረትን መንግስትን ከምቲ ጎይታ ዝበሎ ክቐውም ኣይክእልን እዩ (ማር3፡24)። ቋንቅኡ ዝተደባለቐ ህዝቢ ሰይፉ ኣብ ክንዲ ኣብ ጸላኢኡ ኣብ ሓዉ እዩ ዝኸውን (መሳ7፡22 , 2ዜና20፡23)። መወዳእትኡ ድማ ስዕረትን ምብትታን እዩ ዝኸውን።

ስለዚ ድማ እዩ ጎይታ ቅድሚ ቅብኣት ብሓይሊ ምልቃቑ (ምግላጹ)፡ ኣብ ሞንጎ ሕብረታት ብሓፈሽኡ ኸኣ ኣብ ሓድሕድ ህዝቢ ኣምላኽ ምቅብባል ምእንቲ ክህሉ፡ ልብና ከርሕብ ክዓዩ ጸኒሑ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብዚ ግዜ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ምቅብባል ኣሎ። እዚ ሓሳብ ክርስቶስ እዚ ድማ እዩ ኣብ ኩላህና ክቅጽልን ክዓብን ዝድለ ዘሎ።

እዚ ምቅብባል እዚ ናብቲ ዝልዓለ ምውህሃድ ክበጽሕ እንተኾይኑ ግን፡ እቲ ክርክርን ምፍልላይን ዘስዕብ፡ “ኣነ ናይ ጳውሎስ እየ!”፡ “ኣነ ናይ ኣጵሎስ እየ!” ዝብል ጸቢብ ኣተሓሳስባን ኣመለኻኽታን (minority) ንሓዋሩ ክተርፍ ኣለዎ! ከመይ ንሕና ናይቲ ብኽቡር ዋጋ ዝዓደገና ናይ የሱስ እምበር ናይ ካልእ ክንከውን ኣይተጸዋዕናን። ናይ የሱስ ምኧን ማለት ከኣ (ዘለኻዮ ሕብረት ከምዘለዎ ክኸውን ይኽእል) ኩላትካ ሓደ ዘረባ ምዝራብ፡ ብሓደ ልብን ብሓደ ሓሳብን ፍጹም ምግጣም እምበር ምፍልላይ ኣይኮነን (1ቈሮ1፡10-12)። እቲ ሓቐኛ ናይ ኣምላኽ ሰብን ብዓል ራኢን (ከም ሃዋርያ ጳውሎስ ዝኣመሰለ) በዚ ነገር ሓጎሱ ምሉእ እዩ (ፊሊ.2፡2)። እግዝኣብሄር ከኣ በዚ እዩ ዝኸብር (ሮሜ15፡5-6)።

# ዓምዲ - እዋናዊ ቃል



## ከየባተኽና ንእግዝኣብሄር ነገልግል

እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ነገርና ተታሒዙ ዘሎ ኣሕዋት፣ ክንልቀቕ ንደሊ'ዶ? ክንፍታሕ ንደሊ'ዶ? ክንጥሕስ ንደሊ'ዶ? እዚ ክኸውን ሓደ ነገር ኣብ ልብና ክህሉ ኣለዎ- ንእግዝኣብሄር ምግልጋል። ኣምላኽ ዘርህወልና ነዚ እዩ። ንዕኡ ምግልጋል መታን ክምችኣልና ኢሉ እዩ ኩሉ ጽቡቕ ዝገበረልና። እግዝኣብሄር ንፎርኦን፡ "ንህዝበይ ከገልግለኒ ልቐቖ።" ዝበሎ ነዚ እዩ (ዘጽ9፡1)። ህዝቢ ኣምላኽ ንእግዝኣብሄር ከገልግል እዩ ዝልቀቕ (ዘጽ3፡12)።



ኩላህና ከም እንፈልጦ እግዝኣብሄር ንሰብ ንኽብሩ እዩ ፈጢርዎ። ልክዕ ከም ናቱ ምስሊ ሂቡ ድማ ንኸገልግሎ ኣብ ገጽ ምድሪ ኣቐሚጥዎ። ዋላ ሰብ ምስ ወደቐ ውን እግዝኣብሄር ነዚ ሓሳብ ኣይሓደጎን። ብወዱ የሱስ ክርስቶስ ተበጂዩ፣ ንሕልንኡ ብደም ወዱ ኣንጺሁ ናብ ዘልኣለማዊ ሓሳቡ፣ ናብ ኣገልግሎት መሊስዎ (እብ9፡14)።

ስለዚ ንሕና ኣብ ገጽ ምድሪ ዘሎና ሓሳብ እግዝኣብሄር ምእንቲ ክነተግብር ኢና። ንእግዝኣብሄር ምግልጋል ከኣ ንሓንሳብ እግዝኣብሄር ኣብ ገጽ ምድሪ ምትግባር እዩ። ኣብ ሰማይ ዝተወድአ ምኽሪ ኣምላኽ ናብ ምድሪ ክመጽእ ከሎ ብሰብ ገይሩ እዩ ዝትግበር። ንእግዝኣብሄር ምግልጋል ንሓሳባቱ ምንባር እዩ። ንኣብነት ብዛዕባ ዳዊት ካብ ዝተባህለ እንተድኣ ርኢና፣ "ዳዊት ብዘመኑ (ኣብ ናቱ ወለዶ) ንፍቓድ ኣምላኽ ምስ ኣገልገለ ዓረፈ።" ይብለና (ግሃ13፡36)። ስለዚ ኣብ ዘመንና ከም ዳዊት ንፍቓዱ ፈጺምና ክንሓልፍ ኣሎና። ናይ ኩላትና ፍጻሜ ወይ ጸብጻብ ውን ከምዚ ክኸውን እዩ ፍቓድ እግዝኣብሄር። ስለዚ ከም ኢያሱ፡ "ኣነን ቤተይን ግና ንእግዝኣብሄር ኢና እነገልግል።" ዝብል መርገጺ ሒዝና፣ ንኣገልግሎቱ ኣብ ጸጽባሕ ክንነቓቓሕ ኣሎና (እያ24፡15)። ግዳ ቅድሚ ኣገልግሎት ክመጽእ ዘለዎ ነገር ኣሎ። ጥዕና ዘለዎ ሕብረት ምስ መንፈስ ቅዱስ ክህልወና ግድን ይኸውን። ምስ መንፈስ ቅዱስ ሓቀኛ ዝኾነ ሕብረት ምስ ገበርና፣ ካብኡ ንኹሉ ዝኸውን ጽሩይ ኣገልግሎት ተጸሚቑ ይወጽእ። ንኣብነት ጎይታ ምሉእ ለይቲ ብጸሎት ነቒሑ ይሓድር፣ ቀትሪ ድማ ብዓቢ ሓይሊ የገልግል ነይሩ። ናይ ኣምላኽ ሰባት ውን ከምኡ ግዜ ክንወስድ ኣሎና። እቲ ምስ ኣምላኽ ንወስዶ ግዜ እዩ ድማ እቲ ቀዳማይ ኣገልግሎትና። ኣገልጉሎትና ቅድሚ ኩሉ ንእግዝኣብሄር እዩ። ኣብ ቃል እግዝኣብሄር እንተርኢና ዋላ ቅድስናና ውን ንዕኡ እዩ። እቶም ካህናት "ቅድስና ንእግዝኣብሄር እዩ።" ዝብል ጽሑፍ ነይርዎም እዩ።

ስለዚ ኩሉ ነገርና ቅድሚ ኹሉ ንእግዝኣብሄር እዩ። ሓደ ምሁር ሕጊ ንጎይታ፡ "እታ ዓባይ ትእዛዝ ኣብ ሕጊ ኣየነይቲ እያ?" ኢሉ ምስ ሓተቶ፣ ጎይታ፡ "ንእግዝኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳባትካን ኣፍቅሮ፣ እዚኣ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እያ።

እታ እትመስላ ካልኣይቲ ድማ፣ ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ እያ።" ኢሉ መሊሱሉ ኣሎ (ማቴ22፡35-40)። ካብዚ መልሲ ናይ ኣገልግሎት ህይወትና ቅድም ንላዕሊ (ንተኹል) ድሓር ንጋድም ከም ዝኾነ ንርዳእ። መጀመርታ ንኣምላኽና፣ ድሓር ውን ከም ንኣምላኽ ጌርና ንኣሕዋትና ብፍቕሪ ከነገልግል ኢና ተጸዊዕና። ኣገልግሎትና ኣገልግሎት ፍቕሪ እዩ (1ቆሮ16፡14)። ነዚ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣገልግሎት እዩ ድማ ኣምላኽና ከኣልቲ ዝገበረና (2ቆሮ3፡7)።

ከኣልቲ ምእንቲ ክንከውን ኢሉ እዩ ብመንፈስ ከም ንኸውን ገይሩና (ሮሜ8፡9)። ብመንፈስ ተመሪሕና ክንከይድ ከለና ኢና፣ ከም ፍቱናት ኣገልገልቲ (ፊሊ2፡22)፣ ንሓድሕድና ብፍቕሪ ክንገዛዛእ (ክንገላገል-ገላ5፡13)፡ ብንጹህ ሕልናን ከየባተኽናን ክነገልግል ንኽእል (2ጥሜ1፡3, 1ተሰ5፡17)። ብመንፈስ ተመሪሕና ብስም የሱስ ክርስቶስ ከነገልግል ከለና ኢና ካብ ንሓጢኣትን ንከብድናን ምግልጋል ሓራ ንኸውን (ሮሜ6፡6, 16፡12-18)። ብመንፈስ ተመሊእና ክንመላለስ ከለና ኢና ብምሉእ ልብና ኣሚንና ከነገልግሎ ንኽእል (1ሳሙ12፡24)።

ብዙሓት ኣመንቲ ንእግዝኣብሄር ምግልጋል እቲ ዝልዓለ ናብራ ኣብ ገጽ ምድሪ ምዃኑ ኣይርድኡን እዮም። ንእግዝኣብሄር ከተገልግል ምስ ጀመርካ ዝግለጽ ፍሉይ ዕረፍቲ ከም ዘሎ ክገልጽ፣ ጎይታ ባዕሉ፡ ". . . ኣርዑተይ ጹሩ፡ ካባይ ውን ተማሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም።" ኢሉ ኣሎ (ማቴ11፡29-30)። እዚ ዕረፍቲ ካብቲ ብእምነት ምስ ደሓንካ ዝርከብ መንፈሳዊ ዕረፍቲ ዝዓሞቐ እዩ። ብኣገልግሎት (ኣርዑቱ ብምጻር) ጥራይ ድማ እዩ ዝእቶ። ኣብ ኣገልግሎት ምእታው እዩ ነቲ ኪዳን ከምዝሰርሕ ዝገብሮ። እምበኣር ረብሓ ምግልጋል ኣምላኽ ማእለያ የብሉን። ንእግዝኣብሄር ከነገልግል ከለና፡-

1- ሓለዋን ከለላን ኣሎና (መዝ121፡8)።
2- ዓብዪ ማዕርግን ትብዓትን ንረክብ (1ጥሜ3፡12-13)።
3- እንጌራናን ማይናን ይባረኽ። ኩሉ ሕማም ካብ ማእከልና ይርሕቕ ኸኣ ይመልኣልና (ዘጽ 23፡24-25)።

4- ሕማም ካብ ማእከልና ይርሕቕ (ዘጽ23፡24-25)።
5- ኣብ ልዕሊ ኩሉ እናሰልጠንና ስለ ንኸይድ ርእሲ እምበር ጭራ ኣይንኸውንን (ዘዳ28፡13-14, ዘፍ 27፡29)።

6- ዝመረቐና ምሩቕ ዝረገመና ኸኣ ርጉም ይኸውን (ዘፍ 27፡29)።
7- ክብረት ንእግዝኣብሄር ካብ ምግልጋል እዩ ዝመጽእ እሞ ኣቦ የኽብረና (ዮሃ12፡26)።

እዘን ሒደት ነጥብታት መሰረት ብምግባር፣ ብልጽግና ኢልና ቅድሚ ምስባኽና ኣገልግሎት ኣምላኽ እዩ ክመጽእ ዘለዎ። ስለዚ ኣገልግሎትና ምኽንያት ሰማያውን ምድራውን በረኸትና ስለ ዝኾነ ተጠንቂቕና ንሓዞ።

ንእግዝኣብሄር ነገልግል እንተዘይ ኣሊና ግን ንኻልእ ኢና ነገልግል ዘለና ማለት እዩ። እቲ ዝኸፍአ ሓጢኣት ህዝቢ እስራኤል እንታይ እዩ እንተ ኢልና? መልሱ ንኻልእ ምግልጋል እዩ። ቃል ኣምላኽ፡ “ደቂ እስራኤል ኣብ ቅድሚ እግዝኣብሄር ክፉእ ገበሩ፣ ንብዓል ውን ኣገልገሉ።” ይብለና (መሳ2፡11)። እቲ ዝኸፋአ ነገር ንዓለም፡ ንሓጢኣት፡ ንከብዲ ምግልጋል እዩ። እግዝኣብሄር ከኣ ብኣገልግሎት ዝመጸ ቀናእ እዩ። ነዚ ድማ ኣይጻወሮን እዩ። ሽዑ “ንስኻትኩም ንዓይ ሓዲግኩም ንኻልእ ኣገልገልኩም። ስለዚ ድሕሪ ደጊም ኣየድሕነኩምን እየ።” ይብል (1ሳም10፡13)። ከም ውጻኢቱ ኸኣ መፍቶ ጸላእትና ንኸውን። ነቲ ሓይልና ውን ካልኦት ይበልዕዎ (ሆሴ7፡8-9)።



ንኣብነት ያቆብ ምእንቲ ሰበይቲ ን 7ዓመት ክግዛእ ውዕል ከም ዝኣተወ ንርኢ (ዘፍ29፡18)። እዚ ግን ፍቓድ እግዝኣብሄር ኣይነበረን። ኣብ ሆሴ12፡12 እንተድኣ ርኢና፣ ያቆብ ምእንቲ ሰበይቲ ከም ዝተገዝአን ጓሳ ከም ዝኾነን ይነግረና። ንእግዝኣብሄር ከም ፍቓዱ ዘይነገልግል ተለና ከም ያቆብ ተገዛእቲ ኢና እንኸውን። ኩሉ ነገር እዩ ዝመልከና። ንእግዝኣብሄር ከም ፍቓዱ ዘይንግዛእ እንተ'ኼና ከምቲ ያቆብ ንራሄል ክብል ተገዚኡ ከብቅዕ ግን ልያ ዝህተዋህበቶ፣ ክንታለል ኢና ንነብር። ነቲ ዝተዓመጽናዮ ክንመልስ ከኣ መሊስና ናብ መግዛእቲ ንኣቱ። እቲ ንእግዝኣብሄር ከነገልግለሉ ዝተዋህበና ዓመታት ድማ ከንቱ ይሓልፍ። ናይ ካልእ ኣርዑት እቲ ዝኸበደ ኣርዑት እዩ። ንኻልእ ነገልግል እንተሊና ለይትን መዓልትን ዕረፍቲ የብልናን (ዘፍ31፡40)። ጎይታ ግና ጾረይ ፎኪስ ኣርዑተይ ቀሊል እዩ ኢሉና ኣሎ (ማቴ11፡29-30)።

ንኻልእ ምግልጋል መፈንጠራ እዩ (ዘድ7፡16)። እግዝኣብሄር ግና ረዳኢ ኣምላኽ እዩ። ካብቲ ብድኻምና ዝኣተናዮ መግዛእቲ ውን ይብጀወና እዩ። ስለዚ ድማ እዩ፡ “ኣምላኽ ያቆብ ዝረድኤቱ ተስፋኡ ኸኣ ኣብ እግዝኣብሄር ሰብ ብጹእ እዩ።” ዝብሃል (መዝ146፡5-8)። ስለዚ ነፍስወከፍና ንዕዮ ልብና ከነነቓቕሕ ይግብኣና እዩ።

ንኹነታትና ርኢና፡ “እዚ ቤት እግዝኣብሄር ትስርሓሉ ግዜ ኣይኮነን።” ኣይንበል። ኣብ ሓሳብ እግዝኣብሄር ኣቲና ንዕኡ ከነገልግል ምስ ጀመርና እዩ ምጥሓስ ዘሎ። ካብ ካልእ ዕዮ ብምዕያይ ንግዚኡ ባህ ዝብለና፣ ከም ሙሴ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ መከራ ምጽጋብ ንሕረ። ጣኦት ዝኾነና ነገር ተሎ ነርሕቕ። ልብና ናብ እግዝኣብሄር ነቕንዕ። ንእኡ ጥራይ ከኣ ነገልግል።

ኩላትና ዓበይትና፡ ንኣሽቱና፡ ደቂ ኣንስትዮናን ደቂ ተባዕትዮናን ብዘይ ናይ ዕድመ ገደብ ነገልግል። ኩላትና ነዚ ዕላማ ኢና ተጸዊዕና እሞ ንእግዝኣብሄር ንምግልጋል ንበገስ። እቶም ኣብ ኣገልግሎት ዘለና ኸኣ ንኣገልግሎትና ኣጠናኺርና ንሓዞ። ገሌና ብዕድመ ኣመኺኒና ካብ ኣገልግሎት ኣይነድሓርሕር። ሃና ጓል ፋኑኤል ክሳብ ጓል 84 ዓመታ ካብ ቤት መቕደስ ከይወጸት፣ ብጾምን ጸሎትን ከም ዘገልገለት ንፍለጥ (ሉቃ2፡36-38)።

ዳዊት ኣብ መወዳእታ ግዜኡ ንወዱ ሰሎሞን፡ “ኣታ ወደይ ሰለሙን ድማ፡ ነቲ ኣምላኽ ኣቦኻ ፍለጦ። ብፍጹም ልብን ብፍታው ነፍስን ከኣ ኣግርልግሎ።” ኢሉ ብምኽሪ ከም ዘገልገሎ ነንብብ (1ዜና28፡9)። ስለዚ ኣብ ዝኾነ ደረጃ ናይ ዕድመ ንሃሉ ንእግዝኣብሄር ኣምላኽና ከየማኻነና ነገልግል።

ገሌና ውን ብስእነት መድረኽ ኣይነመኽኒ። ናይ ማዕዳ ኣገልግሎት፡ ናይ ጸሎት ኣገልጉሎት፡ ናይ ምምዑቛብ ኣገልግሎት፡ ንደቅኻን ኣሕዋትካን ናይ ምምሃር ኣገልግሎት፡ ኣብ መድረኽ ዘይርአ ኣገልግሎታት እዩ። ግን ከኣ ሕቖ ንናይ መድረኽ ኣገልግሎታትን ኣዝዩ ኣገዳስን እዩ። ስለዚ እቲ ኣገልግሎትና ይርአ ኣይርአ ብዘየገድስ ብመንፈስን ብሓቕን ኳንና፣ ብእምነት፡ ብፍቕሪ፡ ብምሉእ ሓይልና ንእግዝኣብሄር በቲ ዝተኸፈተልና ደጌታት ነገልግል።

እግዝኣብሄር ኣብ ምድሪ ይግልገል፡ ኣብ ሰማይ ይግልገል፡ ንዘልኣለም ኣለም ከኣ ዝግልገል ኣምላኽ እዩ። ኣገልግሎት እግዝኣብሄር ዘይቦክር እዩ። እግዝኣብሄር ኣብ ሰማይ ንድኳኑ ኣብ ልዕሌና ክተኽሎ እዩ (ራኢ7፡15)። እቶም ኣብ ምድሪ ዘገልገልናዮ ኣብ ሰማይ ውን ከነገልግሎ ኢና (ራኢ22፡3)። እዚ ምእንቲ ክኸውን ኣገልግሎትና ከየብኮርና ክንሕዞ ኣሎና (ግሃ16፡25)። ዕላማና፡ ልብና፡ ሓሳብና ኩሉ ግዜ፣ ንእግዝኣብሄር ምግልጋል፡ ንእግዝኣብሄር ምንባር፣ ዝብል ኪኸውን ኣለዎ። እዚ ግደ ምርጫና ክንገብሮ እዚ ቃል እዚ ክድግፈና እዩ። መንፈስ ኣምላኽ ድማ ክረድኣና እዩ። ኣሜን!!



ሕቶ

## ቅብኣትን ሂወትን

### ቅብኣትና ክግለጽን እናዓበየ ክኸይድን ክንወስዶም ዘለና ስጉምትታት ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም?

ዲቦራ- መጀመርታ ስለዝሃብካና ዕድል ኣዚና ነመስግን። ብምቕጻል ናብ ዘዳለናዮም ሕቶታት ክንሰግር፡ ቅብኣት እንታይ ማለት እዩ? ሓደ ሰብ ተቐቢኡ ክንብል ከለና እንታይ ንምባል ኢና?

መልሲ- ቅብኣት ሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ንምፍጻም ዝወሃብ ኣምላኻዊ ዓቕሚ እዩ። ቅብኣት ንናይ ልዕለ ተፈጥሮ ተግባራት ዝግለጽ ሓይሊ ናይ መንፈስ ኣምላኽእዩ። ቅብኣት ዝተገለጸ ህላውነት ኣምላኽ እዩ። ሓደ ሰብ “ተቐቢኡ” ክንብል ከለና፣ ነቲ ዝተጸውዓሉ ዕላማ ዝኸውን መንፈሳዊ ዓቕሚ ዓጢቑ ንዕዮ እግዝኣብሄር ተፈልዩ ንብል ኣሎና ማለት’ዩ።

ዲቦራ - ቅብኣት ንምንታይ ዕላማ እዩ ዝወሃብ? ኣሕጽር ኣቢልካ ክትገልጸልና።

መልሲ- ብዛዕባ ዕላማ ቅብኣት ክልዓል ከሎ፣ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ዝተጻሕፈን ጎይታ ባዕሉ ዘረጋገጾን እዩ ናብ ሓሳበይ ዝመጽኣኒ። ነብዩ ኢሳይያስ ዕላማ ናይቲ ኣብ ልዕሊ የሱስ ክርስቶስ ዝመጽእ ቅብኣት ብትንቢት ክገልጽ ከሎ፡ “ንትሑታት ብስራት ከበስር፡ ንስቡራት ልቢ ኽዘንን፡ ንምሩኻት ሓርነት ንእሱራት ከኣ ምፍታሕ ክእውጅ... ዓመት ጸጋ እግዝኣብሄር መዓልቲ ሕነ ኣምላኽን ክእውጅ፡ ንኹሎም ሕዙናት ከጸናንዕ፡ ኣእዋም ጽድቂ፡ ንኽብሩ ዚኸውን ተኽሊ እግዝኣብሄር ተባሂሎም ምእንቲ ክስመዩ ድማ ንሕዙናት ጽዮን ኣብ ክንዲ ሓመኹሽቲ ዘውዲ ክደፍኣሎም፡ ኣብ ክንዲ ሓዘን ከኣ ዘይቲ ሓጎስ፡ ኣብ ክንዲ መንፈስ ጓሂውን ክዳን ምስጋና ክህቦም...” ይብል (ኢሳ61፡1-3,ሉቃ4፡18-19)።

ስለዚ ቅብኣት ዘልኣለማዊ ሓሳብ እግዝኣብሄር ኣብ ገጽ ምድሪ ንምፍጻም፣ ማለት ዝተፈላለዩ ኣርዑት (ሓጢኣት፡ መረገም፡ ድኽነት፡ ሕማም፡ ሓዘን፡ ጓሂ...) ንምስባር፣ ደቂሰብ ነቲ ዝተፈጥሩሉ ዕላማ ንኽነብሩ (ቃል ኣምላኽ ብሓይሊ ንምስባኽ፡ ንእግዝኣብሄር ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ንምድላው፡ ንእግዝኣብሄር ኣምላኽ ብሓቅን ብመንፈስን ከም ፍቓዱ ንምግልጋል)፣ ንሰባት ፈሊኻ ዓቕሚ ንምሃብ ዝዓለመ እዩ (ራኢ.5፡9-10)።

ዲቦራ - ብዛዕባ ድሕረ ባይታን ኣመጻጽኣን ቅብኣት ዝምልከት ኣሕጽር ኣቢልካ ክትገልጸለና?

መልሲ - እግዝኣብሄር ንቅብኣት ኣብ ብሉይ ኪዳን እዩ ጀሚርዎ። ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ምስ ኩሉ ኣቑሑቱ (ትሕዝቶኡ)፡ ካህናት፡ ነብያትን ነገስታትን ይቕብኡ ነይሮም። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ውን ብዝልዓለ መልክዑ ቀጺልዎ እዩ። ኣብ ክልቲኡ ኪዳናት እግዝኣብሄር ካብ ዝቐብኦም ሰባት፣ ሙሴ፡ ኣሮን፡ ዳዊት፡ ኢልያስ፡ የሱስ፡ ጴጥሮስ፡ ጳውሎስ ክንጠቅስ ንኽእል ኢና።

ዲቦራ-ስለምንታይኢናንሰባትንምቕባእመብዛሕትኡግዜዘይቲንጥቀም?

መልሲ - ብመሰረቱ ዘይቲ ምልክት ናይ መንፈስ ቅዱስን ሓይሉ እንድዩ፣ ዘይቲ ኣብ ልዕሊኡ (ርእሱ) ምፍሳስ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ንፍሉይ ዕዮ ናብ ልዕሊኡ ንኽመጽእ መገዲ ንምኽፋት፡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዝኾነ ጻዎዒት ከም ዘለዎ ፈሊጥካ ንዕዮ እግዝኣብሄር ንምፍላይን ናይ ሕብረት ኢድ ብወግዓዊ (ብማሕበር) ደረጃ ንምሃብን እዩ (ግሃ13፡2)።

ዲቦራ - ሓደሓደ ሰባት ኣብ ርእሶም ቅብኣት ስለ ዘይፈሰሶም ዝተቐብኡ ኣይመስሎምን እዩ። ነዞም ሰባት እንታይ ትብሎም?

መልሲ - ጎይታ ብቐጥታ ዘይቲ እናፈሰሶ ዘርኢ ጽሑፍ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣይንረክብን ኢና። እንተኾነ ግን ጎይታ የሱስ ባዕሉ፡ “ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቐብኣኒ መንፈስ እግዝኣብሄር ኣብ ልዕለይ እዩ።” ይብል (ሉቃ4፡18-19)። “ብዘይቲ ሓጎስ ቀባእኩኻ” ዝብል ጽሑፍ ውን ኣሎ (መዝ45፡7)። ስለዚ ዝተፈላለየ ዓይነታት ኣቀባብኣ ኣሎ ማለት እዩ።

ዲቦራ - ብዛዕባዚ ዝተፈላለየ ዓይነታት ኣቀባብኣ ትብሎ ዘለኻ ብኣብነታት ኣሰኒኻ መብራህካልና ‘ዶ?

መልሲ - እግዝኣብሄር ዝተፈላለየ ዓይነታት ኣቐባብኣ ተጠቒሙ ክቐብእ ይኽእል እንድዩ፡ ገለ ካብቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ተገሊጾም ዘለዉ ንኣብነት ሃዋርያት ብህቦብላ ንፋስ (ልሳን ሓዊግሃ2፡3-4)፡ ሳሙኤል ብዝመጾ ሬማ ቃል (1ሳም3፡10-14)፡ ኢያሱን ጢሞቴዎስን ብኢድ ኣምብሮ (ዘሁ27፡18-22፣ 1ጥሜ4፡14)፡ ከም) ጊደዎን ዝኣመሰሉ ድማ ብመገዲ መላእኽቲ እዮም ዝተቐብኡ (መሳ6፡11-20)።



ዲቦራ - ቅብኣት ክንብል ከሎና፡ ንኹሉ ህዝቢ ኣምላኽ ዝውክል ድዩ፣ ዋላስ ንሒደት ሰባት ጥራይ ዝምልከት እዩ?

መልሲ - ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ህዝቢ ኣምላኽ ርስቲ ኣምላኽ ኣገልጋሊ ኣምላኽ እዩ። ምኽንያቱ ክርስቶስ መንግስትን ካህናትን ክንኮና እዩ ብደሙ ካብ ብዘሎ ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ዓዲጉና (ራኢ.5፡9-10)። ንድሕሪት ምልስ ኢልና ኣብ ብሉይ ኪዳን እንተድኣ ርኢና፣ እቲ ቤት መቕደስን ኩሉ ኣቕሑቱን ኣብ ኣገልግሎት ቅድሚ ምውዓሉ ብዘይቲ እዩ ዝቕባእ ነይሩ (ዘጽ30፡26-29)። እዚ ኸኣ ነፍስወከፍ ኣማኒ ዘበለ ናይ ሓድስ ኪዳን ቤት መቕደስ ብምዃኑ፡ ኩለንትንኡ ቅቡእ ከም ዝኮነ ዘመልክት እዩ (1ቆሮ3፡16)። ከምዚ እናኾነ ውን ሒደት ንፍልይ ዝበለ ኣገልግሎት ዝተቐብኡ ቅቡኣት ውን ኣለዉ። ንኣብነት ጴጥሮስ፡ ጳውሎስ፡ ባርናባስ ወዘተ ክንጠቅስ ንኽእል (ግሃ13፡2, ግሃ9፡15-16)።

ዲቦራ - ቅብኣት ከም ፍቓድ ሰብ ክሰጋገር ይኽእል 'ዶ?

መልሲ - መንፈሳዊ ምርሒት ወይ ድርኺት ዘይብሉ ምስግጋር ቅብኣት የለን። ምኽንያቱ እቲ ሓደ መንፈስ እዩ ንኹሉ ከከም ዝደለዮ ጌሩ ዝህብ። ከምቲ ቃል ኣምላኽ ድሌትን ግብርን ካብ እግዝኣብሄር ሙዃኑ ዝገልጸልና (ፍሊ.2፡12)፣ ጽምኣትን ቅንኣትን ውሽጣዊ ድርኺታት ኮይኖም ካብ እግዝኣብሄር እዮም። እዚኦም ንገዛእ ርእሶም ምርሒት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ክቱር ጽምኣት ዘለዎም ሰባት ካብ ካልኦት ቅቡኣት ጸጋ ከምቀሉ ይሓቱ (ሃረር ይብሉ) እዮም።

ዲቦራ - ቅብኣት ይመጽእ ድዩ ይግለጽ?

መልሲ- ኣቦ ብክርስቶስ ንምድሪ በጺሑዋ እዩ። ጎይታ ሓደ ግዜ፡ "ናብ ምድሪ ሓዊ ክድርቢ እየ ዝመጻእኩ፣ ብጀካ ምንዳዱኸ እንታይ ይተረፈኒ?" ከም ዝበለ፣ ኣቐዲሙ ክነድድ ዝጀመረ ሓዊ (ክብሪ ኣምላኽ) ኣሎ። እዚ ማእለያ ዘይብሉ ሓይሊ (ጸጋ) ኣምላኽ ኣባና ኣብ ኣቓሓ መሬት እዩ ዘሎ (2ቆሮ9፡14, 2ቆሮ4፡7)። ስለዚ ቅብኣት ዝመጽእ ዘይኮነስ እቲ ዝነበረ እዩ ዝግለጽ።

ዲቦራ - ሓደ ሰብ ቅብኣቱ ክግለጽ ከማልእ ዘለዎ ቅድመ ኹነት ኣሎ 'ዶ? መሰረታውያን ዝኾኑ ነገራት ክትጠቕሰልና?

መልሲ - እቲ መሰረታዊ ነገር ምስ መንፈስ ቅዱስ ክህሉ ዘለዎ ርክብ እዩ። ካብዚ ናይ ጸሎትን ቃል ኣምላኽን ርክብ እዩ መንፈሳዊ ፍረ ዝፍረ። ካብዚ ርክብ እዩ ፍልጠት፡ ኣምላኻዊ ባህሪ፡ ጽምኣት፡ ትሕትና፡ ዓቕሊ፡ ወዘተ ኣብ ህይወትና ዝግለጽ። ካብዚ ሕብረት ምስ መንፈስ ቅዱስ እዩ ንቕድስና፡ ንኣምልኾን ንዕዮን ዝኸውን ኣምላኻዊ ሓይሊ ዝግለጽ። ስለዚ ሓደ ክርስትያን ቅብኣቱ ክግለጽ ምስ መንፈስ ቅዱስ ዘለዎ ርክብ ክደልድልን ናብ ዝልዓለ ጥርዙ ክበርኽን ኣለዎ። ወትሩ ምንቅስቓስ መንፈስ ቅዱስን ሓይሉን ኣብ ልዕሊኡ ክጸምእን ባይታ ክጣጥሕን ኣለዎ። ብሓጺሩ ድልዱል ሕብረት ምስ መንፈስ ቅዱስ እዩ ከም ቅድመኩነት ንቕብኣት ክጥቀስ ዝኽእል።

ዲቦራ - ክንዮ 'ዚ ዝገለጽካዮ ክንወስዶም ዘለና ተወሰኽቲ ስጉምትታት ተለዉ ክትውስኸና?

መልሲ- ነቲ ዝተባህለልካ ቃል ብትዕግስትን ብዓቕልን ምጽብባይ፡ ሓሳብ እግዝኣብሄር ተረዲእካ ንድሌቱ ምቕዳም፡ ከም ዝተቐብአ ሰብ ኮይንካ ምምልላስ፡ ምስ ተመሳሳሊ ቅብኣት ዘለዎም ኣሕዋት ርክብ ምግባር፡ ምስ ቅብኣትካ ዝኸዱ ብምንባብን ብምስማዕን ብምርኣይን እምነትካ ምዕባይ፡ እተገልጸ ጸጋ ዘለዎም ኣቦታት ምሓዝ፡ ኣብ ኣተሓሕዛ ዝሕግዙኻ ኣሕዋት ብሱል ሙኳን፡ ኩሉ ሳዕ ብዛዕባ ምግላጽ ቅብኣትካ ምሕሳብ፡ ምስ ኣምላኽ መመሊስካ ምጥባቕ፡ ነቲ ዝቀላቐል ጸጋ ከይንዓቕካ ብተገዳስነት ምዕባይ፡ በቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህበካ ዕዮ እሙን ምኳን፣ ዝኣመሰሉ ውን ኣዝዮም ኣገደስቲ ነጥብታት እዮም።

ዲቦራ - ቅብኣትና ብምልኣት ከይግለጽ ዝዕንቅጹ ውልቃዊ ጸገማት ኣለዉ'ዶ?

መልሲ - እወ ኣለዉ። ሓድሽ ቅብኣት ህላውነትን ሓይልን ኣምላኽ ዘግህድ እንድዩ፡ ነዚ ዝግሃድ ክብሪ ኣምላኽ እዚ ከኣ ጽድቅን ቅድስናን እዩ ዝሰማማዖ። ብኣንጻሩ ከኣ ክብሪ ኣምላኽ ከይግለጽ ዝገብር እቲ ኣውራ ምኽንያት ሓጢኣት ሙዃኑ ቃል ኣምላኽ ይገልጸልና እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ብኽርስቶስ የሱስ ግና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ ይብለና (ሮሜ3፡23)። ኣብ ርእስ'ዚ ውን ፍልጠት ምእባይ፡ ደረጃ እምነትና ዘይምዕባይ፡ ተቢዕካ ዘይምውጻእ፡ ቅብኣትካ (ገዛእ ርእስኻ) ምንእኣስን ኣብ ዘይተቐባእካሉ ቦታ ምግልጋልን ካብቶም ቅብኣትና ከይግለጽ ዝዕንቅጹ ምኽንያታት ክኾኑ ይኽእሉ።

ዲቦራ - ካብ ውልቃዊ ጸገማት ወጻኢ ዝኾኑ ካልኦት ብድሆታት ኣለዉ'ዶ? እንተለዉ ከመይ ዝበሉ እዮም?

መልሲ - ራኢ ናብ ጋህዲ ቅድሚ ምውጽኡ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ብድሆታት (ዕንቅፋታት) ኣለዉ። ዓቢ ቅብኣት ቅድሚ ምግላጹ ዓቢ ስደት ከም ዝልዓል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ሒደት ዘይኮነ ኣብነታት ኣሎ። ንኣብነት ራሄል ስለ ደቃ በኸየት ዝብል ትንቢት ዝተፈጸመ ንየሱስ ብህጻኑ ንምቕታል ኣብ ዝተኻየደ ዘመተእዩ ነይሩ (ኤር31፡15, ማቴ2፡17-18)። ሙሴ ኣብ ዝተወለደሉ ግዜ ውን ንነፍስወከፍ ዝውለድ ተብዓታይ ናጽላ ይቀተል ዝብል ናይ ሞት ኣዋጅ ነይሩ (ዘጽ1፡22)። ስለዚ የሱስን ሙሴን ብግዜ ህጻንነቶም ብሞት ይድለዩ ነይሮም። ንዳዊት ሒደት ዘይኮነ ግዜ ፈተነ ቕትለት ተኻይዱሉ (1ሳሙ18፡10-11, 19፡9-10)። ንዮሴፍ ስደት፡ ባርነት፡ ማእሰርትን ተበራርየሙሉ፣ ኣብ ቅድሚ ኣሕዋቱ ውን ጽሉእን ተቐባልነት ዘይብሉን ነይሩ።

ዲቦራ - ቅብኣት ድሕሪ ምግላጹ ዝኸሰቱ ኣብነታት ከ ከመይ ይመስሉ? ኣብነታት ሂብካ ክትገልጸልና?

መልሲ - እቲ ድሕሪ ቅብኣትካ ምግላጹ ዝመጽእ ብድሆታት፣ ፈተና ካብ ገዛእ ርእሲ፣ ፈተና ካብ ወገንን ፈተና ካብ ጸላኢ ኢልና ኣብ ሰለስተ መቓቒልና 'ተርኣናዮ ጽቡቕ ይመስለኒ። ፈተና ካብ ገዛእ ርእሲ ንትብል ሓሳብ ኣብነት ዝኾነና ዳዊት እዩ። ዳዊት ብትዕቢት ከይውቃዕ ኣዝዩ ይፈርሕ ስለዝነበረ፡ "ንባርያኻ ካብ ትዕቢት ሓልዎ፡ ኣብ ልዕለይ ከይስልጥን ውን ዕገቶ። ሽዑ ምሉእ ክኸውን ካብ ዓቢ ኣበሳ ኸኣ ክነጽህ እየ።" ኢሉ ከም ዝጸለየ ቃል ኣምላኽ ይገልጸልና (መዝ19፡13)። ኣብዚ ፈተና ካብ ገዛእ ርእሲ ዝበልናዮ ናይ ገዛእ ርእስኻ ድሌት እዩ ሓባቢሉ ዝፍትነካ።

ዲቦራ - እቲ ፈተና ካብ ጸላኢ ኸ ከመይ ዝበለ እዩ?


መልሲ - የሱስ ምስ ተቐብአ ብድያብሎስ ከም ዝተፈተነ፣ ድያብሎስ እቲ ቅብኣት ዝኸፈቶ ደጌታት ተጠቒሙ፣ ካብቲ ቅድሚ ምውጻእካ ብዝነበረ ብድሆታት ብዝረቐቐ እዩ ክጻረረካ ዝፍትን። ስምካ ከም ዝገንን ብምግባር ብትዕቢት ክወቕዓካ፡ ክብሪ እግዝኣብሄር ክትሰርቕ ክሓባብለካ፡ ፍቕሪ ገንዘብ ክሕድረልካ፡ ብዝሙት ከውድቐካ ወዘተ ይፍትን።

ዲቦራ - ብዛዕባ እቲ ፈተና ካብ ወገን ዝበልካዮ'ኸ?

መልሲ - ፈተና ካብ ወገን መብዛሕቲኡ ግዜ ኣብ ከባቢኻ ካብ ዘለዉ ኣሕዋት እዩ ዝመጻካ። እዚ እቲ ዝመረረ ፈተናን ዝዓበየ ብድሆን እዩ። እዚ ከኣ ኣሮንን ምርያምን ኣብ ሙሴ፡ ዮናዳብ ከኣ ኣብ ኣሮን ከም ዝተልዓሉ እዩ። ሳኦል ን ዳዊት የሳድዶ ከም ዝነበረ ካብ ማእከል ህዝቢ ኣምላኽ ስደት ይለዓለካ (ዘሁ16፡1-50)። ንኣሽቱ ጉድለታትካ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ይጋነኑን ዘይመልክዖም ይሕዙን። ንንእስነትካ ዝንዕቁ ሰባት የተንስኣልካ። ካብቲ እግዝኣብሄር ዝሃበካ ቦታ፡ ነቲ ኣገልግሎት ብዘይተቐብኡ መድረኽ ብዝደልዩ ሰባት ጌሩ ከልቅቐካ ይፍትን (ዘሁ16፡1-50)። ንየሱስ፡ "ብብኤል ዜቡል እዩ ኣጋንንቲ ዘውጽእ!" ከም ዝበልዎ፡ "ኣጋንንታዊ ቅብኣት እዩ ዘለዎ።" ኢሎም ዘውርዩ ሰባት የተንስኣልካ (ሉቃ11፡15-20)። ሰብ ቆሮንጦስ ንጳውሎስ ከም ዝበልዎ፡ "ጳውዒቱ ሃዋርያት (ነብያት፡ ጓሳ) ኣይኮነን!" ኢሎም ዝዛረቡ ሰባት የተንስኣልካ። ብቃል ኣጋግዮም ምስ መሳፍንቲ ምድርን ስርዓታቶምን ከጋጭዉኻ ዝፍትኑ ሓንኮልቲ የተንስኣልካ (ማቴ22፡15-22)። እግሪ እግርኻ እናኸደ ዘጨንቐካ፡ ንስኻ ግን ዋላ ሓደ ክትገብሮ ዘይፍቀደልካ ጸላኢ ሓው የጋጥመካ (ከም ሳኦል ንዳዊት 1ሳሙ24፡11-13)።

ዲቦራ - ንሓደ ቅቡእ ቅብኣቱ ክንዮ ንስደት ምድራግ ዘምጽኣሉ ረብሓ ኸ ኣሎ'ዶ?

መልሲ- ንሓደ ቅቡእ ሓለዋ እግዝኣብሄር ወትሩ ምስኡ እዩ። ቅቡእ ምስ ዝትንከ እግዝኣብሄር ሕነ ይፈዲ እዩ (መዝ105፡14-15)። ቅብኣት ንኣካላት ሓደ ቅቡእ የቀላጥፎ (ሮሜ8፡11)። ቅብኣት ንቕቡእ ይምህሮ (1ዮሃ2፡27)። ቅብኣት ኣብቲ ቅቡእ መንፈስ ጥበብን ኣእምሮን፡ መንፈስ ምኽርን ሓይልን፡ መንፈስ ፍልጠት እግዝኣብሄርን ፍርሓቱን የሕድር (ኢሳ11፡2-3)። ቅብኣት ንቅቡእ ካልእ ሰብ ክኸውን ይልውጦ (1ሳሙ10፡6-10)። ገለ ካብቲ ረብሓ ቅብኣት ኣብቲ ቅቡእ እዚ ዝጠቐስኩልካ እዩ።



ዲቦራ - ግዜ ኣምላኽ ዘይምልላይ ወይ ንኣምላኽ ቀዲምካ ምውጻእ ክሳዕ ክንደይ ሓደገኛ እዩ?

መልሲ - ካብቲ ንሓስቦ ንላዕሊ ሓደገኛ እዩ። ንኣብነት ሙሴ ኣብ ዘይግዜኡ ክወጽእ ስለ ዝፈተነ እዩ ካብቲ ክቕትሎ ዝመደበ ፎርኦን ኣምሊጡ፣ ኣብ ሚድያን ንኣርብዓ ዓመት ዝተሰደደ (ዘጽ1፡11-15)። ቅብኣትካ ግዚኡ ምስ ኣኸለ ፈለማ ይድርኸካ ጸኒሑ ውን ገለ ነገር ክትገብር ይወርደካ እዩ። ነዚ ናይ መንፈስ ቅዱስ ድፍኢትን ግዜን ምጽባይ ጽቡቕ እዩ።

ዲቦራ - ናብ ኣተሓሕዛ ቅብኣት ክንሓልፍ፣ ንኣተሓሕዛ ቅብኣት ዝምልከት ገለ ሓሳብ ክትህበና?

መልሲ - ቅብኣት ክንብል ከለና ንመንፈስ ቅዱስን ነቲ ብእኡ ዝልቀቕ ሓይልን ማለትና ክንድዝኾነ፣ ምስ መንፈስ ቅዱስ ጥቡቕ ዝምድና ክህልወና ኣለዎ። ምስ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጸጽባሕ ንገብሮ ርክብ ንቕብኣትና ይዕቅቦ ጥራይ ዘይኮነስ የሐድሶን የበርኾን እዩ። ብኻልእ ሸነኽ ኸኣ ንመንፈስ ቅዱስ ካብ ዘጉህይዎ ነገራት ክንርሕቕ ይግብኣና። ብፍረ መንፈስ ቅዱስ ክንሕዞ ይግብኣና። ንኣብነት ካብ ትዕቢት፡ ንዕዮ ኣምላኽ ካብ ምቁሻሽን ምስ ስራሕ ኣጋንንቲ ካብ ምትሕሓዝን፡ ኣንደበትካ ዘይምሕላው፡ ወዘተ።




ዲቦራ - እዚኣ ብጣዕሚ ኣገዳሲት ነጥቢ እንድያ፣ ኣብ ቅብኣት ክንነብር ከመይ ዝበለ መንፈሳዊ ብስለት ከም ዝሓተና ኣስፊሕካ ክትገልጸልና ምደለና?

መልሲ - ልዕሊ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ክንፈርህን ክንእዘዝን ይሓተና። ኲሉ ክብሪ ናብ እግዚኣብሄር ምቕናዕን ኲሉ ግዜ ንመንፈስ ቕዱስ ጽን ምባልን ይሓተና። ኲሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከም ዘይንፈልጥ ንኹን። ዋላ ልዕሊ ምርዳእና ወይ ውን ዕሽነት ዝመስል እንተኾነ (ንኣብነት ከይተዛረብካ ንመናድቕ ያሪኮ ምኹላል)፡ ካብ እግዚኣብሄር ዝተቐበልናዮ መምርሒ ጥራይ ነተግብር። ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ክንውስኽሉ ወይ ክንጉድሉሉ የብልናን (ራኢ.22፡19)። ኣብ ኩሉ መገድና ንእግዚኣብሄር ነቕድሞ።

ኩሉ ዕዮና ካብ ፍቕሪ ዝተላዕለ ይኹን። ካብ ሓጢኣት፡ ዘይተቐደሰ ናብራ፡ ወገናውነትን ሕማቕ ዕርክነትን ርሒቕና ብቕድስና ንመላለስ። ካብቲ ቃል ኣምላኽ ዝነጽጎ ዓለማውን መንፈሳውን ስርዓታት ንፈለ። ሓጢኣት ንዝገብሩ ደቂ መዝሙር ክንግስጽ ይግባእ። ንቅዱይ ቅብኢ ጽንጽያ ከም ዘበላሸውዎ ተረዲእና ውን ካብ ሸለልትነትን ንኣሽቱ ነገራት ካብ ምንዓቕን ንቐጠብ። እግዚኣብሄር ዘየለማመደና ናይ ካልኦት ልምምዳት ተለቂሕና ክንጥቀም የብልናን (ዳዊት-1ሳም17፡38-39)። ኣብ ዘይተቐባእናሉ ቦታ ከነገልግል የብልናን (ዑዝያ፡ ሉቃስ12፡14)። ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር ጓኖት (ልቦም ዘይተገዝረ) ከገልግሉ ዕድልን ቦታን ክንህብ የብልናን (ህዝ44፡8)። ንሕማቕ ትምህርቲ ክንጻወር የብልናን (ራኢ.2፡2)። እግዚኣብሄር ዝሃበና ቅብኣት ንዓመጽ ክንጥቀመሉ የብልናን።

ዲቦራ - ቅብኣት እግዚኣብሄር ተጠቒምካ ምዕማጽ ዝብል ሓሳብ ክተብርሃልና?

መልሲ - ቅብኣት እግዚኣብሄር ብዝኸፈተልካ ደገታት፡ ካብቲ እግዚኣብሄር ዝሃበካ ተልእኾ ወጻኢ ንቕብኣትካ ንመገብብሮ ረብሓ ምጥቃም፡ ኣብ ህዝቢ ኣምላኽ ምጉይታት፡ ስምካ ከተግንን ምስራሕ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ምስራቕ ዓመጻ እዩ (ማቴ7፡15-23)።

ዲቦራ - ንቕብኣቶም ብእወታዊ መገዲ ካብ ዝተጠቐሙሉ ሰባት ኣብነት ክትህበና?

መልሲ - ቅብኣቶም ብእወታ ብምሓዞም እግዚኣብሄር ካብ ዝነኣዶም ሰባት ሓደ ዳዊት እዩ። ዳዊት ብትሕትናን ብፍርሃት እግዚኣብሄርን፣ ንሓሳብ እግዚኣብሄር ጥራይ ኣገልጊሉ፣ ዕዮኡ ብዓወት ዛዚሙ ምስ ኣቦታቱ ዓሪፉ እዩ። ቅብኣት ብእወታ ክግምገም እንተኾይኑ፣ ብትሕትና፡ ብፍርሃት እግዚኣብሄር፡ ኮታስ ብፍረ መንፈስ እዩ ዝዕቀን።

ከምዚ ኣቐዲምና ዝርኣናዮ ንሓሳብ እግዚኣብሄር እንተዘየገልጊልካ ቅብኣት ተጠቒምካ ብዓመጻ ክትመላለስ ትኽእል ኢኻ።

ዲቦራ-ንቕብኣቶም ብኣሉታዊ መገዲ ዝተጠቕሙሉ ሰባት ኣለዉ ‘ዶ?

መልሲ -ዮሮብዓም ኣብ እስራኤል ክነግስ ዝቐብኦ እግዚኣብሄር እዩ። ንግስነቱ ክሕሉ ዝመረጾ መገዲ ግን ንእስራኤል ካብ እግዚኣብሄር ብምዕላው እዩ (1ነገ11፡19-39, 12፡26-33)። ኣሒቶፈል እንተኾነ ውን ንዳዊት ክሕግዝ ተቐቢኡ ከነሱ፣ ቅብኣቱ ንዳዊት ንምጥፋእ ከም ዝተጠቐመሉ ንርኢ ኢና (2ሳም17፡1-3)።

ዲቦራ - ብዙሓት ኣሕዋት ጸግኦም ኣለልዮም ጸውዒቶም ከለልይሉ ዝኽእሉ ቅልል ዝበለ መገድታት ኣሎ ‘ዶ?


መልሲ - እወ፣ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ድሌት ወይ እቲ ኣብኦም ዘሎ መንፈስ እንታይ ክገብሩ ከም ዝድርኾም ብምስትውዓል፣ ጸግኦም ከለልይሉ ዝኽእሉ መገድታት ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ጓሶት ናይ ድንጋጸ፡ ሓልዮት ዝኣመሰለ ፍረ መንፈስ ኣብ ሂወቶም ይግለጽ እሞ ንኑፍሳት ቀሪቦም ይምግብወን፡ የጸናንዕወን፡ መስበርተን የሕውዩ፡ ቁስለን ውን ይዝንኑ። ንወንጌላውያን ኸኣ ናብ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እናኸዱ ክምስክሩ ይደፍኦም። ብሓፈሻኡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘርኣናዮ፣ መንፈሳዊ ፍረታት ዝፈርይሉን ውጽኢታውያን ዝኾኑሉን ዕዮታት ብምልላይ፡ ብምስክርነት ናይ መንፈስ ቅዱስን ናይ ኣሕዋትን፡ ከምኡ ውን ብመገዲ ነብያት ጸግኦም ክፈልጡ ይኽእሉ እዮም።

ዲቦራ - ቅብኣት ተሓታትነት ኣለዎ'ዶ?

መልሲ - ደቂ ሰብ ንሕልናና፡ ንሰባትን ንእግዝኣብሄርን ተሓታትነት ኣሎና። ሕልናና ነቲ ኣብ ልብና ዘሎ ነገር ፈሊጡ ይምስክረልና እዩ እሞ ከንጥብሮ የብልናን (ሮሜ9፡1-2)። ቅኑዕ ዝኾነ ጸብጻብ ክንህቦ ይግብኣና እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ ውን፣ ሳምኤል ከምቲ ኣብ ቅድሚ ህዝቡ፣ ጳውሎስ ውን ኣብ ቅድሚ ሰብ ኤፌሶን ዝተመጻረዩ (1ሳሙ12፡1-5, ግሃ20፡26-37)፣ ኣብ ቅድሚ ሰባት ውን ተሓታትነት ኣሎና። እዚ ክልቲኡ ኣብ ምድሪ እዩ።
ሳሙኤል ስለ ህዝቡ እንተዘይጸልዩ ኣምላኽ ከም ዝብደል ተዛሪቡ ኣሎ (1ሳሙ12*23)። ጳውሎስ ውን ወንጌል ክሰብኽ ሕድሪ ምስ ተዋህቦ፡ "እዚ እንተዘይገበርኩ ግና ወይለይ!" ኢሉ ኣሎ (1ቆሮ9*16-17)። ግብሪ ነፍስ ወከፍና (ኣብ ሰማይ) ብሓዊ ከምዝፍተን ቃል ኣምላኽ ይነግረና (1ቆሮ3፡10-15)። ጎይታ ኣብቲ ዝመሰሎ ምስላ ውን፣ እቲ ብዓል ቤት ነቶም መኸሊት ዝሃቦም ተጸባጺቡ ዘዝግብኦም ከምዝሃቦም፣ ጎይታ ውን ንኣና ከጸባጽበናን ዘዝግብኣና ክህበናን እዩ (ማቴ24*45-51፡ ነቶም ብዝተፈላለየ መገዲ ካብ ስፍራና ከልቐቑና (ከውርዱና) ዝመጹ ተጻብኦታት፣ ከም ሙሴ ቃል ዕሽነት ተዛሪብና ተልእኾና ኣብ ዝብጻሕ ከየብጻሕና ምእንቲ ከይትተርፍ (መዝ106፡32-33፣ ዘዳ32፡50-52)፣ ከም ጎይታ ኣፍና ኣይንኽፈት (ዘዳ8፡32)። ብትዕግስቲ፡ ብህድኣት፡ ነገርና ንኣምላኽ ኣሕሊፍካ ብምሃብን ስለቶም ዘሳድዱና ብምጽላይን ስፍራና ከይሓደግና ንመላለስ።

ዲቦራ -ሓደ ሓደ ቅቡኣት ንኻልኦት ኣገልገልቲ መድረኽ ኣይህቡን ወይ ናይ ኣገልግሎት ደገ ኣይከፍቱን ተባሂሎም ይንቀፉ እዮም። ብዛዕባ እዚ እንታይ ትብል?

መልሲ- ብድሃይ መንጫዕጫዕታ መዓሙቕ ንመዓሙቕ ከም ዝጽውዖ፡ ጸጋና ንናይ ካልኦት ጸጋ ክጽውዖን ክገልጾን ኣለዎ። ጳውሎስ ከም ጢሞቴዎስን ቲቶስን ዝኣመሰሉ ኣገልገልቲ ከም ዘፍረየ፡ ከምኡ ድማ ንሕና ዕዮ ኣምላኽ ዝዓዩ እሙናትን ብቑዓትን ኣገልገልቲ ክትንስኡ ምኽንያት ክንከውን ይግባእ። ስለዚ ጸጋ ኻልኦት ከነኽብርን ከነበርኽን እንተኾይንና ምሳና ከገልግሉ ዝተቐብኡ ኣሕዋት ኣለዉና ናይ ኣገልግሎት ደገ ክንከፍተሎም ይግባእ።




ዲቦራ - እግዝኣብሄር ንደቁ ክቕብእ ዘይምቹእ ኩነታት ክጥቀም ይኽእል'ዶ?

መልሲ - ወይኒ ተረጊጹ፡ ኣውሊዕ ከኣ ተጨፍሊቑ እዩ ኣብ መዓላ ዝውዕል። ዮሴፍ ብባርነትን ብእስርቤትን፡ ሙሴ ብመጓስ ኣብ ምድረበዳ፡ ዳዊት (ኣብ ርእሲ እቲ ብኣንበሳን ድብን ምሕላፉ) ካብ ሳኦል እናሃደመ እዩ ተሰሪሑ። ንሕና ከኣ ኣብ ኢድ እግዝኣብሄር፣ ልክዕ ከምቲ ኣቕሓ መሬት ኣብ ኢድ ሰራሒኡ ኢና (ኤር18፡6)። ነዞም ኣብነታት መሰረት ጌረ እግዝኣብሄር ንዓና ንምስራሕ ዘይምቹእ ኩነታት ክጥቀም ከም ዝኽእል ነስተውዕል።

ዲቦራ - ግብረ መልሲ ቅቡኣት ንመከራ ከመይ ክኸውን ኣለዎ ትብል?

መልሲ- ኣብ 1ጴጥ1፡21-23፣ "ነዚ ኢኹም እተጸዋዕኩም እሞ ክርስቶስ ከኣ ምእንቲ ኣስኣሰሩ ክትስዕቡ ኣርኣያ ሓዲጉልኩም መከራ ጸገበ። ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ ተንኮል ውን ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ ክነሱ፣ ምስ ጸረፍዎ መሊሱ ዘይጸረፈ መከራ ምስ ኣጽገብዎ ኸኣ ነቲ ብቕንዕና ዝፈርድ ነገሩ ኣሕሊፉ ሃበ እምበር ዘየፈራርሀ" ከም ዝበለ፣ ነዚ ጎይታ ኣርኣያ ዝሓደገልና ነገር ኣሰኣሰሩ ካብ ምስዓብ ዝሓይሽ ካልእ ኣማራጺ የሎን። ጳውሎስ ውን ንጢሞቴዎስ፡ "ከም ንፉዕ ናይ ክርስቶስ የሱስ ዓቀይታይ ምሳይ ኬንካ መከራ ጽገብ። ....ከምኡ ውን ሓደ ኣብ ስፍራ መቓለሲ ኮይኑ ዝቃለስ ከምቲ ሕጉ ገይሩ እንተዘይተቓለሰ ኣኽሊል ዓወት ኣይረክብን እዩ" ኢሉ መኺርዎ ነይሩ (2ጢሞ2፡3-5)።

ስለዚ መንፈስ ገዛኢ (መንፈስ ሓውኻ ወይ ጸላኢ) ኣብ ልዕሌና እንተ ተላዕለ ትዕግስቲ ንዓብዩ ኣበሳ ተህድእ እያ እሞ ስፍራና ኣይንሕደግ (መክ10፡4)።

ዲቦራ - ብዙሓት ሰባት ንቕብኣት ምስ መድረኽ እዮም ዘተሓሕዝዎ? ብዛዕባ'ዚ ዘለካ ርእይቶ?

መልሲ- እዚ ግጉይ ርድኢት እዩ። ምኽንያቱ ቅብኣት ምስ መድረኽ ጥራይ ዝተሓሓዘ ኣይኮነን። ንኣምላኽ ብዙሕ ዓይነት ጥበባት እዩ ዘለዎ። ንኣብነት ናይ ባሳልኤልን ኦሆልያብን ጥበብ ኣቑሑ ቤት መቕደስ ንምህናጽ ነይሩ (ዘጽ36፡1-2)። ናይ ኣሕቶፌልን ሑሻይን ናይ ምኽሪ ውህበት ነይሩ። ናይ ገንዘብ፡ ናይ ውግእ፡ ናይ ጸሎት ወዘተ ውህበታት ውን ኣለዎ። እዚ ጥበባት ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታትን ብዝተፈላለዩ ሰባትን እዩ ዝግለጽ።

ዲቦራ - ኣብ መወዳእታ ክትብሎ ትደሊ ነገር ተሎ?

መልሲ- ኣምላኽ ኣእምሮ ክህበና እዩ እሞ ነዚ ዝተባህለ ነስተብህሎ (2ጢሞ2፡7)።

ዲቦራ-ስለ ዝገበርካልና ምትሕብባር ኣዚና ነመስግነካ። ጎይታ ኣዕዚዙ ይባርኽካ! የቐንየልና።

# ዓምዲ - ሓድሽ ተኽሊ



ኣብዚ ዓምዲ ዝቐርብ ጽሑፋት ንሓደስቲ ነፍሳት ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ነባር ኣማኒ ዘጠቓልል ውን ስለ ዝኾነ ኩላትና እንተ ኣንቢብናዮ ሰናይ እዩ።

"ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሓዲግና፡ ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ፡ ብእምነት ብኣምላኽ፡ ብትምህርቲ ጥምቀት፡ ብምንባር ኣእዳው፡ብትንሳኤ ምዉታት፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ። " እብ6*2

## ብእምነት ብኣምላኽ

ድሕሪ ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ እታ ስዒባ እትመጽእ መሰረታዊት ትምህርቲ ክርስትና፡ ብእምነት ብኣምላኽ እያ (እብ6፡2)። እምነት ውጽኢት ብርሃን ናይ ምርካብ ስለዝኾነት፡ ሰብ በዛ ብርሃን ካብ ምዉት ህይወትን ምዉት ግብርን ወጺኡ ናብ እምነት ብኣምላኽ ይመጽእ፡፡ እዛ ብርሃን እዚኣ ዘይረኸቡ ሰባት ግና እምነቶም ኣብ ሃብቶም፡ ኣብ ፍልጠቶም፡ ኣብ ክእለቶም፡ ኣብ ሰባትን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣምልኾ ጣኦትን ይገብሩ።

ጎይታ ንደቀ መዛሙርቱ፡ "ልብኹም ኣይሸበር! ብኣምላኽ እመኑ፣ ብኣይ ውን እመኑ።" ኢሉ መሰረታዊ ነገር ከስተምህሮም ከሎ ንርኢ (ዮሃ14፡1)። ስለምንታይ እዩ ግን ብኣምላኽ ምእማን መሰረታዊ ትምህርቲ ክርስትና ዝኸውን? ነዚ ሕቶ ዝምልሰልና ገለ ሓቅታት ክንርኢ ኢና።

### 1-መሰረት ኩሉ ፍጥረት ኣምላኽ ስለዝኾነ


ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ እብ11፡6 - "እቲ ናብ ኣምላኽ ክመጽእ ዝደሊ ንሱ ከም ዘሎን ነቶም ዝደልይዎ ድማ ዓስቢ ከምዝህቦምን ክኣምን ይግብኦ።" ዝብለና፣ ቃል ኣምላኽ፣ እቲ መሰረት ኩሉ ዝኾነ እግዚኣብሄር ንሱ መንፈስ ምዃኑ፣ ህላውነቱ ውን ብግብሩ፡ ብዝፈጠሮ ኩሉ ፍጥረት፣ ቃሉ ብምውካስን እነረጋግጸሉ እቲ እንኮ መገዲ ድማ እምነት ምዃኑ ይሕብረና። እምነት ምስቲ ዘይርኣ ኣምላኽ እተራኽበና ቀንዲ ምንጪ ብምዃና ቃል ኣምላኽ "እምብኣርሲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ። ምስማዕ ውን ብቓል ክርስቶስ እዩ።" ይብለና (ሮሜ10፡17)።

### 2-ኩሉ ክሓልፍ ዘይሓልፍ ስለዝኾነ

ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝርኣናዮ ደቂ ሰባት ብዙሕ ግዜ ኣብ ሓላፍን ኣብ ዝርኣን ተፈጥሮኣዊ ነገራትን ጥራይ ኢና መሰረት ንገብር፡፡ ቃል እግዝኣብሄር ግና “እቲ ዝርኤ ንግዚኡ እዩ። እቲ ዘይርአ ግና ንዘልኣለም እዩ እሞ፣ ንሕና ነቲ ዘይርአ እምበር ነቲ ዝርአ ኣይንጥምትን ኢና።” ይብለና (2ቆሮ4፡18)።

ስለዚ እቲ ዘይርአ እግዝኣብሄር ዘልኣለማዊ ስለዝኾነ፣ ብእኡ ምእማን ውሕስነት ከም ዘለዎ ቃል እግዝኣብሄር ኣነጺሩ ይነግረና።

“እምብኣርሲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ፡ ምስማዕውን ብቓል ክርስቶስ እዩ።” ሮሜ 10:17



### 3- ክብሪ (ሓይሊ) እግዝኣብሄር ስለ እተግህድ

ምንም እኳ ንእግዝኣብሄር ብዓይኑ ዝርኣዮ እንተዘየለ፡ እዛ ብኣምላኽ ምእማን ግና ነቲ ዘይርኤ እግዝኣብሄር፡ ሓይሉን ክብሩን ካብቲ ዘይርአ ዓለም ናብቲ ዝርአ (ግኡዝ) ዓለም እተግህድ እያ። ብእግዚኣብሄር ምእማን ብዙሕ ንሰብ ዘይክኣሎን ዘገርሞን ነገራት ብምግሃድ ህልውና እግዚኣብሄር እተረጋግጽን ሕቶታት ናይ ሰባት እትምልስን ብምዃና ኣገዳሲት ነጥቢ እያ። እብራውያን ምዕራፍ11 ብምልኡ ምስ ነንብቦ፡ ብእግዝኣብሄር ብምእማን ሰባት ኣብዚ ምድሪ ዝረኸብዎ መንፈሳዊ ዓወታትን ሓይሊ እግዝኣብሄርን ንርኢ። በዛ እምነት እዚኣ ድማ ናይ ዓወቶም ምስክርነት ከም ዝተሰነደሎምን ንግንዘብ።

## 4-መሰረት ህላዌ ስለዝኾነት

እግዝኣብሄር መሰረት ኩሉ ፍጥረት ሙኻኑ እንተ ፈሊጥና፡ እግዚኣብሄር ምእማን ድማ ንሕና መሰረት ህላዌና እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ 1ቆሮ13፡ 13 "ሕጂ ግና እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ፡ እዘን ሰለስተ እዚኣተን ይነብራ፡ ካብዚኣተን እትዓቢ ግና ፍቕሪ እያ።" ስለዚ ኣብዛ ንነብረላ ፍርዲ ካብዘን ሰለስተ ዝተጠቕሳ ነገራት ማለት እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ፡ ወጻኢ ይመላለስ እንተሃልዩ፡ ምስ ህልውና ኣይቁጸርን እዩ። ስለዚ "ብህይወት ኣለኹ" ምባል ትርጉም ዝህልዋ፡ "ንዘልኣለም ምስ ኣምላኽ ክንብረኒ ዝኽእል ህይወት እነብር ኣለኹ።" ክንብል እንተኾይንና፡ እምነት ክህልወና ይግባእ። እዛ እምነት እዚኣ ድማ እምነት ብኣምላኽ እያ።

## 5-ናይ ዘልኣለም ህይወት ብእምነት ስለ ዝኾነ

ኣብ ዮሃ17፡3 "ኣምላኽ ሓቂ ንስኻ በይንኻ ሙኻንካን ነቲ ዝለኣኽካዮ የሱስ ክርስቶስን ኪፈልጡ ናይ ዘልኣለም ህይወት እዚኣ እያ።" ይብለና። እምነት ሓቅነት ህልውና ኣምላኽ ጥራይ እተግህደልና ዘይኮነትስ፡ በቲ ንሰብ ካብ ሓጢኣት ከድሕኖን ምስ እግዝኣብሄር ክዓርቆን ዝለኣኾ ወዱ የሱስ ክርስቶስ እተራኽበናን ካብ ናይ ዘለኣለም ሞት ናብ ናይዘልኣለም ህይወት እተሳግረና ማእከል ውን እያ።

ኣብ ዮሃ3፡36 "ብወዲ ዝኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣለቶ። እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቁጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብ እምበር ንህይወት ኣይርእያን።" ይብለና። እዚ ህይወት እዚ ድማ ሰብ ድሕሪ ሞት ኣበይ ከም ዝኸይድ ዝዛረብ ህይወት እዩ። ስለዚ እዩ የሱስ ኣብ ዮሃ14፡1 "ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እመኑ ብኣይ ውን እመኑ፡ ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ...." ክብል ንደቂ መዛሙርቱ ዝተዛረቦም።

## ጻውዒት፡ ውህበትን ቅብኣትን

ሎሚ ብዛዕባ ሓደን ኣገዳስን ጉዳይ ክንዝትይ ደስ ይብለኒ። ኣገዳሲ ዝበልኩሉ ምኽንያት ክርስትና ብዘይ ቅኑዕ ምርዳእ ክዕወት ዘይክኣል ስለዝኾነ እዩ። እተን ዛዕባታት ጻውዒት፡ ውህበት፡ ቅብኣት ዝብላ እየን። ኣብ ጉዕዞ ክርስትናና ብርግጽ ነዘን ሰለስተ ፈላሊና እንፈልጠን ክንደሊ ኢና። ብዙሕ ግዜ ነዘን ሰለስተ ንሓዋውሰን ኢና። ካብቲ ንሕውሰን ዝበልኩዎ ኣብነት ክህብ፡ "ንዓይ ናይ መዝሙር ጸጋ ኣለኒ። ንኩስቶ ሓፍተይ ናይ ምምሃር ቅብኣት ኣለዋ። ንኩስቶ ሓወይ ናይ ነብይነት ጸጋ ኣለዎ። ናይ ምምስካር ውህበት ኣለዎ። ናይ ምትርጓም ቋንቋታት ቅብኣት ኣለዋ። ክስቶ ሓፍተይ ብዙሕ ጸጋ ኣለዋ - ናይ ምዝማር ጸጋ ኣለዋ።" እዝን ካልእን። ብርግጽ ግን እዘን ሰለስተ ነገራት ብግቡእ ተጠቒምናለን ኣለና ዲና? ማለተይ ብኣብነት ከረድእ፡ ሃዋርያነት ጻውዒት ድዩ? ውህበት ድዩ? ዋላስ ቅብኣት? እንታይ እዩ? ብዛዕባ እዘን ሰለስተ ሓጺር መፍለዩ ነጥብታት ክህብ ክፍትን እየ።

1. **ጻውዒት፡** እዚ መንነት (identity) ኢዩ ዝህብ፡ ጳውሎስ ብፍቓድ ኣምላኽ ሃዋርያ የሱስ ክኸውን እተጸውዔ (1ቆሮ1፡1)

2. **ውህበት**፡ እዚ ክእለት (ability) ኢዩ ዝህብ፡ "ንፍሲ ወከፍ ከምቲ እተቐበሎ ውህበት ጸጋ፡ ከም ሕያዎት መጋብቲ ናይቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ጸጋ ኣምላኽ ንሓድሕድኩም ኣገልግሉ።" (1ጴጥ 4፡10)

3. **ቅብኣት**፡ እዚ ዕላማ (purpose) ኢዩ ዝህብ፡ "ንትሑታት ብስራት ከበስርሲ እግዝኣብሄር ቀቢኡኒ እዩ እሞ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ እዩ። ንስቡራት ልቢ ኽዝንን፡ ንምሩኻት ሓርነት፡ ንእሱራት ከኣ ምፍታሕ ክእውጅ ለኣኸኒ።" (ኢሳ61፡1)

ካልእ ኣብዚ ክንግንዘቦ ደልየ ዘለኹ፡ ኣምላኽ ንጻውዒቱን ውህበቱን ኣይጠዓሰሉን ኢዩ (ሮሜ11፡29)። ቅብኣት ግና በቲ ምስ መንፈስ ቅዱስ ዘለና ሕብረት ክብን ለጠቕን ክብል ይኽእል። ሃርፎች ዝበሃል ኣገልጋሊ ብዛዕባ ቅብኣት ክዛረብ ከሎ፡ "ጥቡቕ ዝምድና፡ ሓዲሽ ቅብኣት የምጽእ፡፡ ሓዲሽ ቅብኣት፡ ፍሉይ ክብሪ ኣምላኽ የምጽእ፡ እዚ ኸኣ ንሓይሊ ኣምላኽ ክግለጽ ይገብሮ።" ኢሉ ነይሩ።
ስለዚ ኣሕዋት ብዛዕባ እዘን ሓሳባት ነስተንትን ንዘትየለን። ልዕሊ ኩሉ ግና፡ "ኣባይ እንታይ ኣሎ?" ኢልና ንገዛእ ርእስና ንመርምረለን። ጎይታ ምስትውዓልኩም ይባርኽ!

## ጎይታ ዝቕበል ሰብ ዝጽልዮ ጸሎት



ኣታ ነዚ ጽሑፍ እተንብቦ ዘለኻ ሰብ ንስኻ፡ ድሕሪ ሞት ናትካ ማሕደር ኣበይ ይኸውን? ኣርጊጽካ ፈሊጥካ'ዶ ኣለኻ? ብእምነት ብኣምላኽ'ዶ ኣለኻ? ንጎይታ የሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኻ ተቐቢልካ ውሉድ ኣምላኽ ኮንካ'ዶ ኣለኻ? ናይ ወዲ ኣምላኽ ህይወት ኣባኻ'ዶ ኣላ? ነዚ ሕቶታት ምላሽካ ኣይፋል እንተኾይኑን ከምፍቓድ ኣምላኽ ክትነብር እንተድኣ ቆሪጽካን፡ ንየሱስ ክርስቶስ ከምናይ ግሊ መድሓኒኻ ክትቅበሎ ብዝስማዕ ድምጺ (ዓው ኢልካ) ነዚ ዝሰዕብ ጸሎት ክትጽሊ ብፍቕሪ ኣምላኽ ንሓተካ።

ኦ እግዝኣብሄር ኣምላኽ፡ ኣነ ሓጢኣተኛ ሙኻነይ እእመን ኣለኹ፡፡ ብጽድቂ ገዛእ ርእሰይ ውን ክድሕን ከምዘይክእል እፈልጥ ኣሎኹ።ካብቲ ብእምነት የሱስ ክርስቶስ ዝርከብ ጽድቅን ናይ ዘልኣለም ህይወትን ተኻፋሊ ምእንቲ ክኸውንሲ፡ ንገዛእ ርእሰይ፡ ንዓለምን ንሰይጣንን እኽሕድ ኣለኹ። ንጎይታይ የሱስ ክርስቶስ ከኣ ከም ናይ ግሊ መድሓንየይ እቕበሎ ኣለኹ። ብስም ወድኻ የሱስ ክርስቶስ ስለ ዝኣመንኩ ድማ ውሉድካ ክትገብረኒ፡ ንስመይ ኣብ መጽሓፍ ህይወት ክትጽሕፎ እጽሊ ኣለኹ። ስለ ኹሉ ነገር ኣመስግነካ! ኣሜን!

ንስኻ ሕጂ ብምሉእ ልቢ ስለ ዝወሰንካ፡ ብርግጽ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ! ስለዚ ካብዛ ሰዓት እዚኣ ከምዚ ኢልካ ኣውጅ፡ "ኣነ ውሉድ ኣምላኽ እየ! ኣነ ኩነኔን ክስን ዘይብሉ ሓድሽ ፍጥረት እየ! ኣነ ጽድቂ ኣምላኽ እየ! ኣነ ሰማያዊ ዜጋ እየ። ኣነ ስድራቤት ኣምላኽን ወዲ ዓድም ንቕዱሳን እየ።" (ወንጌል ዮሃንስ1፡12 ፡ 2ቆሮንጦስ5፡20-21 ፡ ኤፌሶን2፡19-20)።

ብተወሳኺ ክንዮ እዚ ሎሚ ዘንበብካዮ ምህሮታት፡ ናይ ድሕነት ትምህርቲ ክትመሃር ስለ ዝድልየካ፡ ብቐረባ ምስ ትፈልጦም ኣመንቲ ተዘራሪብካ ኣብ ዝቐርበካ ቦታ ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ሕበር። ናይ ዓወት ናብራኻ ድማ ንበር።



# ካብ ዘንበብናዮ

## "ብሃንደበት ሰማያት ተኸፍቱ"

### (ብራይን ጆንስ ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ዘመን ምንቅቓሕ ዝርኣዮ ራእይ)

### "Suddenly, all heaven broke loose!" Bryn Jones



### ምቕናዕ

ኣብ ሓደ ክፍሊ ምስ ኣሕዋት ከለና መንፈስ ቅዱስ ብሓይሊ ተገሊጹ። ኩሉ ሰብ ድማ ብሃንደበት በብራኹ ወዲቑ ኽጽሊ ጀሚሩ። ኣነ ድማ ሃንደበት ራእይ ክርእይ ጀሚረ።

ብራእይ፣ ብዙሓት ሰባት ማለት መንእሰያት፡ ሸማግለታት እናሰሓቑ፡ እናጣቕዑ፡ እናጨደሩ፡ እናዘመሩን እናመስገኑን ብጎደናታት ይኸዱ ነይሮም። ኣብ ዝኸድዎ ዘበለ ብርሃን እግዚኣብሄር ምሳታቶም ነበረ። ስንኩላን ይዘልሉን ይኸዱን፡ ዕውራት ድማ ተጸልዮሎም ኣዒንቶም ይኽፈታ ነይረን። እቶም ሰራሕተኛታት ጸልዮም ንንይታ ክረኽብዎ ከለዉ፣ ዓበይቲ ናይ ማሽነሪ ትካላት ደው ይብሉ ነይሮም። ዱኳናት (ወሃብቲ ኣገልግሎታት) ጥርሑ ይተርፉ ነይሩ። ሰባት በቲ ናይ እግዚኣብሄር ተኣምራት ተደኒቖም ናብ ጎደና ክወጹ ከለዉ፣ እቲ ህዝቢ ድማ እናዓበየ ከደ። ከሳዕ ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ ዝኸውን፣ እቲ ብርሃን ድማ ክሳዕ ጸልማት ብጭራሽ ዝጠፍእ ወሰኸ።

ኣነ ድማ ብቛንቋታት ንእግዚኣብሄር ኣመስግኖ ነይረ። ብድሕሪኡ ሃንደበት እቲ ራእይ ኣቋሪጹ። ኣብታ ምሸት ድሕሪ ጸሎት ምውዳእና ሓንቲ ኢትዮጵያዊት ሓፍቲ መጺኣ ኣብ ኤርትራ ክንደይ ዓመት ከም ዝተቐመጥኩ ሓቲታትኒ (እቲ ራእይ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ናይ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ዝተርኣየ እዩ። ምናልባት እዛ ሰብ ኤርትራዊት ክትከውን ትኽእል እያ)።

ኣነ ኸኣ ደንጽዩኒ፡ "ኣብ ኤርትራ ተቐሚጠ ኣይፈልጥን እየ።" ኢለያ። ንሳ ድማ ተገሪማ፡ "ሎሚ ኣብቲ መንፈስ ቅዱስ ዝተገልጸሉ ግዜ፡ እግዚኣብሄር ስለ ዝሰርሖም ዝነበረ ዓበይቲ ተኣምራት፣ ብቛንቋ ኤርትራ ንእግዚኣብሄር ተመስግኖ ኔርካ። ብተወሳኺ ድማ፣ ብዛዕባ ዝመጽእ ዓቢ ምፍሳስ መንፈስ ቅዱስ፣ ንመላእ ዓለም ዝበጽሕን ንጎደናታት ከይተረፈ ብክብሪ እግዚኣብሄር ዝመልእ ምንቅቓሕ ትንበ ኔርካ፡፡" ኢላትኒ።

ቀጺለን ዝስዓባ መዓልታት ብጾምን ጸሎትን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣሕሊፈየን። መንፈስ ቅዱስ ድማ እብራውያን 12፡2 ገለጸለይ። እቲ ንየሱስ ጾር መስቀል ክጾሮ ዘኽኣሎ፣ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኩሉ ናይ መወዳእታ ጊዜ መደብ ኣምላኽ እዩ። የሱስ ድማ በዚ ኣዝዩ ስለ ዝተሓጎሰ መታን ፍጻሜኡ ክርእይ ንርእሱ ንስቅያት ንመስቀል ኣሕሊፉ ሂቡ።

እቲ ናይ መወዳእታ ግዜ ክብሪ ቤተ ክርስትያን ከምቲ ዝተጠቕሰ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ንእግዚኣብሄር፡ "እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን?" ኢለ ሓቲተዮ። ምኽንያቱ ክርስትያናት ነንሕድሕድና ዘይንሳነይን ክንተኣራረም ውን ዘይንኽእልን ስለዝኾንና።

መንፈስ ቅዱስ ድማ፡ "መንፈሰይ ከፍስስን ከቕንዕን እየ።" ኢሉ መለሰለይ። ካብቲ ሰዓት እቲ ጀሚሩ ብዛዕባ ምንቅቓሕን ምቕናዕን ርድኢተይ ወሰኹ። ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 3፡20-21 የሱስ ክሳዕ ዘመን ምቕናዕ (ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ብሓይሊ መንፈስ ቕዱስ ዝፍጸም) ዝውዳእ ኣብ መንግስተ ሰማይ ከም ዝጸንሕ እግዚኣብሄር ብናይ ብሉይ ኪዳን ነብያቱ ተዛሪቡ እዩ። እዚ ዘመን ምቕናዕ ንቤተ'ኽርስትያን፡ ህገረ እስራኤልን ዓለምን ዝምልከት ኮይኑ፣ ኩሉ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንየሱስ ምስዳዱ ክፍጸም እዩ።

## እንታይ እዮም እቶም ዝቐንዑ ነገራት?

ምቕናዕ ማለት ምምላስ ናብ ኣካይዳን ልምዲታትን ቐንዕቲ ቤተ ኽርስትያን ጥራይ ዘይኮነ፣ ናብ ሓሳብ እግዚኣብሄር ን ቤተክርስትያን ምእታውን፣ ኣብቲ ዕላማ ኣምላኽ ንቤተ ክርስትያን ንቕድሚት ምግስጋስን ማለት እዩ። ንቤተ ክርስትያን ናብ ኣካይዳ ብዘመን ሃዋርያት ዝነበረት ቤት ኣምላኽ ምምላስ በቲ ሓደ ወገኑ ሰናይ ክኸውን ከሎ፣ በቲ ካልኣይ ወገኑ ከኣ ክብድ ዝበለ እዩ። ምኽንያቱ ብዘመን ሃዋርያ ጎኒ ጎኒ እቲ ዝግለጽ ዝነበረ ሓይሊ እግዚኣብሄር፣ ሕጊ ኣይሁድ ምስትምሃርን ገማግዒ ዝኾነ ስጋዊ ምምልላስ ሰብ ቀረንጦስን፣ ካልኦት ብዙሓት ድኻማት ቀዳማይ ወለዶ ክርስትና ኔሮም እዩም።

እዚ ዝመጽእ ምቕናዕ ናብቲ ሓይልን እምነትን ቀዳሞት ካብ ምምላስ ሓሊፉ፣ ሸው ዘይነበሩ ምግላጻትን ምልምማዳትን ስልጣንን ሓይሊ ኣምላኽን መንግስትን ከምጽእ እዩ።

ቀጺሉ ኣብዚ ዝመጽእ ምንቕቓሕ ዘጋጥሙ እግዚኣብሄር ብራእይ ዘርኣየኒ ኣርባዕተ ዘደንቑ ነገራት ከካፍለኩም። እዞም ኣርባዕተ ነገራት፣ እዚ ቀጺሉ ዝመጽእ ምንቕቓሕ፣ ቤተ ክርስትያን ርእያቶ ዘይትፈልጦ ፍሉይነት ከም ዘምጽኣላ ተዛሪቡኒ።

ዝበዝሑ ኣብ ታሪኽ ቤተኽርስትያን ዘጋጠሙ ምንቕቓሓት፣ ብሃንደበት ይጅምሩ፣ ንውልቀሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ንቤተ ክርስትያናት ውን ይልውጡ ግን እቲ ዝቐጽል ወለዶ ንኣምላኽ ስለዘጥንጥኖ ቀጻልነት ናይቲ ምንቕቓሕ የቋርጽ።

ኣነ ከምዚ ዓይነት ምንቕቓሕ እየ ዝጽበ ኔይረ። ከም ወዲ ዌልስ ብዛዕባ እቲ ኣብ 1904-1905 ኣብ ዌልስ ዘጋጠመ ምንቕቓሕ እናሰማዕኩ እየ ዓብየ። እዚኣቶም ዳርጋ ብሓንቲ ለይቲ ኣብ ከተማታትን ዓድታትን ተኣምራታዊ ለውጢ ዘምጽኡ እዮም። እዚ ትጽቢተይ እግዚኣብሄር ኣብ ግዜ ጸሎት ቀይርዎ።

## ቀዳማይ ክፋል ናይቲ ራእይ

ኣብ 1961 ሓደ መዓልቲ ምስ ኣሕዋት እናጸለኹ እግዚኣብሄር ራእይ ሂቡኒ። ኣብ ጎቦታት ዌልስ ህዱእ ማይ ከሃርም ርእየ። እቲ ዝናብ ክብርትዕ እጽብ ኔረ፣ እንተኾነ ግን ኣይበርትዐን። ኣብ መንፈሰይ እቲ ህዱእ ዝናብ ዘይምብርታዑ ነዊሕ ግዜ ከምዝውክል ተረዲኡኒ። እቲ ዝናብ ሓይሉ ኣይወሰኸን እንተኾነ ግን እቲ በብንኣሽቱ ጨንፈራት እናወሓዘ ካብቲ ጎቦ ዝወርድ ዝነበረ ማያት፣ ቀስብቐስ ናብ ሓይሊ ዘለዎ ሩባታት እናሰፍሐን እናወሰኸን ከሳብ እተን ኣብቲ ጎልጎል ዝነበራ ከተማታት ዘዕለቕልቓ፣ በቲ ጎላጉል ክኸይድ ጀሚሩ።

እግዚኣብሄር በዚ ራእይ ዝሕለፎ መልእኽቲ እዚ እዩ። እቲ ዝመጽእ ምንቕቓሕ ሃንደበታዊ ዓቢ ሓይሊ ዝመልአ ዘይኮነስ፡ ህዱእን ቀጻልነትን ህላወ መንፈስ ቅዱስ ዘለዎ እዩ ክኸውን። ውጺኢቱ ድማ ዘይ ከምቶም ዝሓለፉ ንሓዋሩ ለውጢ ዘምጽእ እዩ። እዚ ሓደ ካብቲ ፍሉይ ባህሪ ናይ እዚ ምንቕቓሕ እዩ። እዚ ምንቕቓሕ ንመላእ ዓለም ዝትንከፍ እዩ።

## ካልኣይ ክፋል ናይቲ ራእይ

ሃንደበት እቲ ራእይ ናይ ዝናብ ጠፊኡ ብሓድሽ ራእይ ተተኪኡ። እዚ ድማ ራእይ ናይ ዓቢይ ህዝቢ እዩ ነይሩ። ኩሉ እቲ ህዝቢ ድማ ተደኒቑ ን እግዚኣብሄር የመስግን ነይሩ። እቲ ህዝቢ ኣብ ጎደናታት ዘጋጥም ዝነበር እዩ ዝዕዘብ ነይሩ። ተራ ሰባት ኢዶም ኣብ ልዕሊ ሕሙማት ኣንቢሮም ክጽልዩ ከለዉ ዘደንቑ ተኣምራት የጋጥሙ ኔሮም። ተኣምራታዊ ፈውስታት የጋጥም ነይሩ።

ስንኩላን ካብ ዓረብያታት ይትንስኡ፡ ዕውራት ይርእዩ፡ ጽሙማን ይሰምዑ፡ ዓባሳት ከኣ ይዛረቡ ኔሮም። እዚ ኹሉ ድማ ካብ ኽብሪ እግዚኣብሄር ዝተላዕለ፣ ብዘይ ምትእትታው ሰባት ይኸውን ነበረ።

ኣብዚ ራእይ ኣብ መንፈሰይ ዘስተውዓልክዎ እንተነይሩ፡ ድኻታት ኣብ መንጎ እቲ ህዝቢ ኣይረኣኹን። መንፈስ ቅዱስ ከኣ፡ ኣብዚ ግዜ ምቕናዕ መንፈሳዊ ነገራት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣካላዊ ጥዕና፡ ፋይናንሳዊ በረኸትን ሃብትን ውን ንህዝቢ እግዚኣብሄር ከምዝለቅቕ ተዛሪበኒ።

እዚ ዕዮ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጎደናታት እምበር፣ ኣብቲ ንቤተክርስትያን ዝተሃንጹ ህንጻታት ኣይኮነን ዝፍጸም ነይሩ። ኣብ መንፈሰይ ድማ እቲ ዕዮ ኣምላኽ ካብ ዕቤቱ ዝተላዕለ ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ከም ዘይሕጸርን ኣካል መዓልታዊ ሂወትና ከም ዝኸውንን ተረዲኡኒ።

ንሕሙማት ዝጽልዩ ሰባት ዋላ ይንበሩ ደኣ እምበር፣ ፉሉይ ቆላሕታ ይውሃቦም ኣይነበረን። እዚ ድማ በታ ጎይታ ንህዝቡ ዝበጽሓላ መዓልቲ፣ ጎይታና የሱስ ጥራይ ከምዝኽብር ምልክት እዩ። ሰባት ኣብ ክርስቶስ ካብ ምስራቶምን ህያውነት እግዚኣብሄር ኣብ መንፈሶም ካብ ምርዳእ ዝተላዕለን፣ ንዥነ ድንቂ ትኣምር ዝተገብረ፣ ንእግዚኣብሄር ጥራይ እዮም ክብሪ ክህቡ። ዓበይቲ ተኣምራታት ድማ ልሙዳት ተርእዮ ክኾኑ እዮም። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ካልኣይ ባህሪ ናይዚ ምንቕቓሕ እዩ።

## ሳልሳይ ክፋል ናይቲ ራእይ

እንደገና ድማ ራእይ እቲ ብዙሕ ህዝቢ ጠፊኡ ብሓድሽ ራእይ ተተኪኡ። እዚ ራእይ ናይ ፍጹም ጥፍኣት እዩ ኔሩ። ዓበይትን ብሉጻትን ከተማታት እዛ ምድሪ ዝዓነው ሰፈር ድኻታት ይመስሉ ነይሮም። ንጉሳውያንን መንግስታውያን ህንጻታትን ብተስፋ ዝቐረጹ ሰባት መሊኣም ኔሮም። ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ኮሚተታት መንግስትን ኣካላት መንግስትን ዝካየድ ዝነበረ ዘተ ክሰምዕ ጀሚረ። በቲ ድኹምን ምስትውዓል ዝጎደሎን ምኽሮም ተደኒቐ። ኽትዕ ኣብ መንጎኦም ዘይምንባሩ ዝኾነ ጠቓሚ ርእይቶ ዝነበሮ ሰብ ከምዘይነበረ ተረዲኡኒ። እዚ ናይ ምድካምን ምምሽማሽን ነገር፣ ኣብ መንግስቲ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሃይማኖታውያን ማሕበራት፣ ኣብ ፈላስፋታትን ተመራመርትን ውን ይርእዮ ነይረ።

እግዚኣብሄር ድማ፡ "እዚ ምምሽማሽ ሰይጣን ዝገበሮ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ኩሉ ነገር መሰረቱ ኣብ ሓይሊ ሰብ ዝተተኽለ እምበር ኣባይ ኣብ ዘይኮነ ዝኸውን ዘሎ እዩ። መመሽመሺኡ ድማ ሰይጣንን ኣጋንንቱን ስለዝተሳዕሩ እዩ።" ኢሉኒ።

ብድሕሪኡ ኸኣ እግዚኣብሄር፡ "እቶም ሓይልታት ጸልማት ስልጣን ክጭብጡ፣ ንክፉኣት ሰባት ኣተንሲኦም ብትዕቢት መንገደይ ዝጠወዩ ተሳዒሮም እዮም።" ኢሉኒ። እቶም ሓይልታት ጸልማት፣ በታ ብሓይሊ፡ ብኽብርን ብኽኣልነት መንፈስ ቅዱስን ዝተንሰኣት ቤተ ክርስትያን ከምዝተሳዕሩ ድማ ተገንዚበ። እቲ ሴፍ ዝኾነ ቃል እግዚኣብሄር ካብ ኣፍ ክርስትያን እናወጸ ግብሪ ድያብሎስ የዕኑ ነይሩ። እዚ ድማ እቲ ኣብ እብራውያን 12:26-29 ዘሎ ቃል እዩ። መታን እታ ዘይተንቀጥቀጥ ጽንዕቲ መንግስቲ ኣምላኽ ጥራይ ክትጸንዕ፣ ኩሉ እቲ ዘንቀጥቅጥ ክንቀል እዩ። እቲ ንቤት ኣምላኽ ዘጠንክር ዝነበረ ሓይሊ መንፈስ ቕዱስ፣ ነቶም ኣብ ኣየራት ዝነበሩ ስልጣናት ውን የንቀጥቅጦምን ይድርብዮምን ነይሩ። መታን እታ መሰረታ ዘይንቕነቕ መንግስቲ ኣምላኽ ጥራይ ቀዋሚትን መልሲ ኩሉ ነገርን ምኻና ክረኣይ፡ እግዚኣብሄር ንኹሎም ማሕበራትን ትካላትን ደቂ ሰብ የንቀጥቅጥ ነይሩ። እዚ እቲ ሳልሳይ ባህሪ ናይዚ ምንቕቓሕ እዩ።

## ራብዓይ ክፋል ናይቲ ራእይ

እንደገና እዚ ራእይ ብሓድሽ ራእይ ናይ ሓንቲ ብብርሃን ዝመልኣት ብርትዕቲ ከተማ ተቐይሩ። እዚኣ ከተማ እታ ኣብ ራእይ ዮሃንስ ዘላ ከተማ ምዃና ኣብ መንፈሰይ ተረዲኡኒ። እቲ ዘደንቕኒ ነገር ሕጂ ንሃገራት ዓለም ሰሓቢት ኮይና ኔራ። ብዙሓት ሰባት ብነጋውስን መራሕቲ ሃገርን ተመሪሖም ካብ መላእ ዓለም ናብዛ ከተማ ይመጽኡ ነይሮም። ቅርብ ኢሉ ክርእዮም ከሎኹ እዞም ሰባት ተስፋ ረኺቦም ነይሮም። ምኽንያቱ ጸቕጢ ዝፈጥር ኩነታት፡ ጭንቀት፡ ምድንጋር ተስፋ ኣቑሪጽዋም ነይሩ። ሕጂ ግን ናብታ ከተማ ኣምላኽ ክመጹ ከለው ተስፋ ይረኽቡ ነይሮም።

ኣብ መንፈሰይ ድማ ናይ መወዳእታ ዘመን ቤተ ክርስትያን፣ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እታ እንኮ ተስፋ ናይ ዝምሸምሽን ዝደከም ዝነበረ ህዝቢ ምዃና ርእየ። ቤተ ክርስትያን ከም ናይ መጨረሽታ ምርጫ ዘይኮነትስ፣ ድምቕቲ ተስፋ ሰባት ክትከውን እያ። ቤተክርስትያን ከረን ኀይታ ክትከውን እያ። ልዕሊ ሃገራት ውን ክብ ክትብል እያ። ተስፋ ሃገራት ውን ክትከውን እያ። ምግላጽ እግዚኣብሄር ካብ ምዕባዩ ዝተላዕለ ነገስታትን መራሕቲ ሃገራትን መጺኦም፡ "መንገዲ እግዚኣብሄር መሃሩና።" ክብሉ እዩም።

እዞም ሰባት ናብ ውልቀ ሰብ ዘይኮነ ናብ ከተማ ኣምላኽ እዩም ዝመጽኡ ኔሮም። ብዙሓት ሰባት ድማ ናብዛ ከተማ ኣምላኽ ክውሕዙ እዩም። መልሲ ሕቶታት መወዳእታ ወለዶ ካብ ቤተ ክርስትያን እዩ ክርከብ። ውጽኢቱ ድማ ሓድሽን ጥዑይን ሕብረተሰብ ኣብ ማእከል እዛ ብልሽውቲ ዓለም እዩ። እዛ ናይ ብርሃን ከተማ ኣምላኽ ከኣ እታ ራብዐይቲ ባህሪ ናይዚ ምንቕቓሕ እያ።

ኣብ መወዳእታ እግዚኣብሄር ብህድኣት ክጅምር እዩ። ንመላእ ዓለም ክሳብ ዝትንከፍ ክቕጽል እዩ። ሰባት ከኣ እግዝኣብሄር ንህዝቡ ይበጽሖ ከምዘሎ ክፈልጡ እዮም።

## ምንቕቓሕ

ኣብዚ ግዜ ክርስትና ኣደናቒ ዕቤት የርእይ ኣሎ። እንተኾነ ግን ዝበዝሐ ግዜ ኣሃዛዊ ዕብየት እምበር መንፈሳዊ ብስለት ስለዘይብሉ፣ ሻቕሎት ይፈጥር ኣሎ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት መንፈሳዊ ሓቅታት ብ ሃይማኖታውያን ኣተሓሳስባታት፣ ጽድቂ ኣምላኽ ከኣ ንድኻም ሰብ ብዘፍቅዱ ኣካይዳታት ተተኪኦም እዮም።

መንፈስ ውድድር ኣብዚ ዘመን እዚ ናብ ማሕበር ክርስትያን ኣትዩ፣ ን ቤተ ክርስትያን ምስ ቤተ ክርስትያን፣ ንፓስተር ድማ ምስ ፓስተር፣ ነንሓድሕዶም የጋጨ ኣሎ።

እቲ ቀጺሉ ዝመጽእ ምንቕቓሕ ግን ፍልይ ዝበለ ክኸውን እዩ። ድሕሪ ሕጂ ዝመጽእ ምንቕቕሕ መሰረታዊ ለውጢ ከምጽእ እዩ። ኣብ ኢሳያስ 2:11 ከም ዝብሎ፣ ትዕቢት ሰብ ክዋረድ እዩ። ኀይታ ጥራይ ድማ ክኽብር እዩ። መታን የሱስ ዝዓየዮ ክግለጽ። ኩሉ ብናይ ሰብ ትዕቢትን ኣተሓሳስባን ዝተተኸለ ዘበለ ክንቀል እዩ። መታን ክብሩ ዝመልኣት ዝሓበረት ቤተ ክርስትያን ክቐውም፣ እግዚኣብሄር ኣንጻር ፍቓዱ ዘበለ ኩሉ ክዕኑ እዩ። ብዙሓት ሃይማኖታውያን ማሕበራት መሰረተን ክፍኣት ዝመልኦ ልቢ ሰብ ስለዝኾነ፣ ነዚ ምንቕቓሕ ክቃወምኦ እየን። ምኽንያቱ ንዕኣን ኣስጋኢ እዩ።

## ምንቕቓሕን ምሕዳስን

ምንቕቓሕ ብመንፈስ እግዚኣብሄር ናይ ምሕዳስ ግዜ እዩ። ገለ ኣብነታት ናይዚ ምሕዳስ ንምጥቃስ፣ ጸሎት ተደጋገምቲ ሓረጋትን ስጋዊ ድሌታትናን ጥራይ ናብ እግዚኣብሄር ነቕርበሉ ኣይክኸውንን እዩ። ግዜ ሕብረት ምስ እግዚኣብሄር ክኸውን እዩ። ሰባት ጽምኣት ኣምላኽ ክህልዎም እዩ።

ኩሉ ክርስትያን ሓደስቲ ክይተረፉ መንፈስ ኣምላኽ ዝመልኦ ጸሎት ክጽልዩ እዮም። ቃል እግዚኣብሄር ካብ ምጽንናዕ ዝሓለፍ ግደ ክህልዎ እዩ። መግብን ደጋፊ ሓይሊ ክርስትያንን ክኸውን እዩ። ነቶም እዙዛት፣ ቃል እግዚኣብሄር መሰረት ክብርታትን ምምልላስ ሰባትን ክኸውን እዩ።

በዚ ግዜ እዚ፣ እቲ ሕጊ እግዚኣብሄር ኣብ ልቢ ሰባት ተጻሒፉ ዘሎ ሰባት ክስተውዕልዎ እዮም። ብጽድቂ ምምላስ ሕጊ ውሽጣዊ መንነት ክርስትያን እዩ። ምስ ሓጢኣት ንከንቱ ምቅላስ ከብቅዕ እዩ። ብእምነት ተሓዲስና ንስጋ ከም ዝሞትናን ንክርስቶስ ከም ንነብርን ክነስተውዕል ኢና። ኣካላትና ድማ ብፍታው ንክርስቶስ ከነግዝእ ኢና።

ኣብዚ ግዜ ምንቕቓሕ ቤተ ክርስትያን ካብ ብሓጎስ ምምልኣ ዝተላዕለ፣ እቶም ኣብዛ ዓለም ዝተመረሩ ምንጪ፣ እዚ ሓጎስ ክፈልጡ ንሕዝቢ ኣምላኽ ክደልይዎ እዮም። ህዝቢ ኣምላኽ ከኣ፡ "እግዚኣብሄር ሓጎስ ስለዝመልኣና ተሓጒስና። ሓጢኣት ስለ ዝጸላእናን ጽድቂ ስለ ዝፈቶናን ቅብኣት ሓጎስ ኣባና ኣፍሲሱ" ኢሉ ክምልስ እዩ።

ሰባት ንየሱስ ምምስካር ግዴታዊ ጾር ኮይኑዎም ዘይኮነስ፣ ብፍቕሩ ተደሪኾም ብፍታውን ብሓጎስን መዓልታዊ ክምስክሩ እዮም። ስጋዊ ናይ ኣምልኾን ምስጋናን መደባት ከብቅዑ እዮም። ልቢ ሰባት ብምስጋና ክመልእ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተዋህቡ ትንቢታውያን መዛሙር ክዝመሩ እዮም። ንህዝቢ ኣምላኽ ከኣ ክጸናንዑ እዮም። ህዝቢ ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብመዝሙር ምስጋና ክቐርቡ እዮም። ምስ መንፈስ ቅዱስ ብዝገብርዎ ሕብረት ከኣ ብፍቕሪ ምስ ኣምላኽ ክጠብቕ እዩ። እዚ ነቶም መንፈሳውያን ክሐጉስ እዩ። ነቶም ሃይማኖተኛታት ግና ክፍርሆም እዩ።



## ናይ ሓባር ጸሎት መልሲ የምጽእ

ምስ ተፈትሑ ኸኣ፣ ናብ ሰቦም ከይዶም፣ ሊቃውንትን ካህናትን ዓበይትን ዝበልዎም ኲሉ፣ ተዛረብዎም። እዚ ምስ ሰምዑ፣ ብሓንሳብ ሓቢሮም ድምጾም ናብ ኣምላኽ ኣልዒሎም በሉ: "ዎ!... ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታቶም ዘሎ ኹሉን ዝገበርካ ጎይታ! ሕጂ ድማ፣ ጎይታ፣ ናብ ምፍርራሆም ርኤ፣ ብስም እቲ ቁዱስ ወዲኻ የሱስ፣ ምሕዋይ ሕሙማት ትእምርትን ተኣምራትን ክኸውን፣ ኢድካ ዘርግሕ፣ ንባሮትካ ድማ ብኹሉ ትብዓት ቓልካ ክዛረቡ ሃቦም።" ኢሎም ምስ ለመኑ ኸኣ፣ እታ ተኣኪቦምላ ዘለዉ ስፍራ ተናወጸት፣ ኲላቶም ከኣ መንፈስ ቅዱስ መልኡ፣ ቃል ኣምላኽውን ብትብዓት ተዛረቡ (ግ/ሃ4*23-24፡29-31)።

ምስኦም ኣሰማምዓና ኢሎም ምጸለዩ ነይሮም። እቲ ጸሎቶም ከኣ ስምምዕ ስለ ዘይብሉ ኣይምሰለጠን።

እዚ ክብል ከለኹ ግን ናይ ውልቅና ጸሎት ኣየድልይን እዩ እናበልኩ ኣይኮንኩን። ብውልቅና ናይ ጸሎት ግዜ ክህልወና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እንተ ዘየድልየና እሞ ኣብ ማቴ6:6: "ንስኻስ ክትጽሊ ኸሎኻ፣ ናብ ቤትካ እቶ፡ ማዕጾኻ ዕጾ፡ ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ለምኖ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ ኪኸሕሰካ እዩ።" ዝብል ቓል ኣይምተዋህበናን።

ናይ ሓባር ጸሎት ሓይሊ ኣለዎ። እቲ መልእኽተይ "ኣብ ጊዜ ጸገምካ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ናይ ሓባር ጸሎት ከመይ ጌርካ ከምዝጽለ ምፍላጡ ጽቡቕ እዩ" ዝብል እዩ።



ካብ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዘለወን ቤተክርስትያናት መጺእና ክንከውን ንኽእል ኢና። ዝተፈላለየ ናይ ጸሎት ልምምድ ውን ክህልወና ይኽእል እዩ። ከም ኣካል ናይ ክርስቶስ መጠን ግን ንኹልና ኣብ ሓደ ዝጥርንፈና እቲ ርእሲ ማሕበር ዝኾነ ክርስቶስ እዩ። ክርስቶስ እቲ ርእሲ ማሕበር ከኣ ቃል ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ቃል ኣምላኽ ንማሕበር ክርስቶስ ኣብ ሓደ ይጥርንፍ ወይ ናብ ሓደ ርድኢት የምጽኣ።

ኣብዛ ኣብ መእተዊ ዚሃብክኹም ጥቕሲ ልዕል ኢልና ከነንብቦ ከለና፣ ጴጥሮስን ዮሃንስን ናብ ቤት መቕደስ ክኣትዉ ከለዉ በታ ጽብቕቲ ኣፍደገ ትብሃል እናሓለፉ፣ ካብ ከርሲ ኣዲኡ ኣትሒዙ ኣእጋሩ ለሚሱ ዝነበረ ሰብኣይ ክምጽውቱሉ ለመኖም። ሽዑ ጴጥሮስ: "ወርቂ ወይ ብሩር የብልናን። እቲ ዘለና ግን ንህበካ። ብስም የሱስ ተንስእ!።" ኢሉ ብየማነይቲ ኢዱ ሒዙ ኸኣ ኣተንስኦ፡ ብኡ ብኡውን ኣእጋሩን ዓኽዓካሪቶኡን ጸንዔ፡ ድሕሪ እዚ ነገር ጴጥሮስን ዮሃንስን ተኣሲሮም (ግሃ4:3)። እቶም ዝኣሰርዎም ከኣ ብስም የሱስ ከይምህሩ ኣፋራሪሖም ፈቲሖሞም።

ምስ ተፈትሑ ናብ ካልእ ከይተኣለዩ ናብ ኣሕዋት እዮም ከዪዶም፣ እቲ ዝኾነ ኸኣ ዘርዚሮም ነጊሮሞም። ሽዑ ተሳማሚዖም ናይ ሓባር ጸሎት ጸልዮም። እታ ማሕበር ናይ ሓባር ጸሎት ማዕረ ክንደይ ሓይሊ ከም ዘለዎ ዘይርድኣ እንተ ትነብር፣ ከመይ ገይሮም ምስቶም ዝኣሰርዎም ተሳማሚዖም ይነብሩ? ኣብ ጣውላ ኮፍ ኢሎም ምስ ተራዳድኡ፣ ወይ በብውልቆም ገሊኦም ካብ ዮርሳሌም ኣውጽኣና፣ ገለ ካብኦም ከኣ

እታ ማሕበር ብዛዕባ ጴጥሮስን ዮሃንስን ምስ ጸለየት ከይደንጎየ እዩ መልሲ መጺእዋ። ኣብ ግ/ሃ4*31 ምስ ንርኢ: "ምስ ለመኑ ኸኣ እታ ተኣኪቦሙላ ዝነበሩ ስፍራ ተናወጸት። ኲላቶም ከኣ መንፈስ ቅዱስ መልኡ። ቃል ኣምላኽ ውን ብትብዓት ተዛረቡ።" እዩ ዝብለና።

ኣብ ወንጌል ማቴ18:19-20: "ክልተ ወይ ሰለስተ ኾይኖም ብስመይ ኣብ እተኣከቡሉ ኣነ ኸኣ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም እየ እሞ፣ ክልተ ኻባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዚልምንዎ ነገር ኵሉ እንተ ተሳማምዑ፣ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ኪውህቦም እዩ፣ ኢለ ኽም ብሓድሽ እብለኩም ኣሎኹ።" ዝብል ጥቕሲ ከም ዘሎ፣ ብሓባር ኴንካ ቅድሚ ምጽላይካ ብዛዕባ እቲ ትጽልዮ ጸሎት ክትሳማማዕ ኣለካ። እንተ ዘይተሰማሚዕካ ብሓባር ኴንካ ምጽላይካ ትርጉም የብሉን: ፡ ጴጥሮስን ዮሃንስን እዛ ጥቕሲ ጽቡቕ ገይራ እያ ተረዲኣቶም። "ብሓንሳብ ሓቢሮም ድምጾም ናብ ኣምላኽ ኣልዒሎም. ." ክብለና ኸሎ፣ በቲ ዝጽልይዎ ኣርእስቲ ተሰማሚዖም ኣለዉ ማለት እዩ።

ኣሕዋተይ ናይ ሓባር ጸሎት ዘይተለማመድናዮ እንተ ኴንና ካብ ሎሚ ንጀምሮ። ብዛዕባ ሓደ ኣርእስቲ ብውልቅና ቅድሚ ሕጂ ጸሊናሉ ንፈልጥ ክንከውን ንኽእል ኢና። ሎሚ ግን ብሓባር ኴንና በቲ ኣርእስቲ ተሰማሚዕና ድምጽና ክብ ኣቢልና ናብ ኣቦና ንጸሊ። እቲ ቕድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት ምሕረት ሃዋርያት ናይ ሓባር ጸሎት ምስ ጸለዩ ከይዶንጎየ ዝመለሰሎም ኣምላኽ፣ ሎሚ ውን እሙን እዩ።

# ምስጢር ዓወት ናይ ዳዊት ምስጢር ዓወትና ክኸውን

1-ኣብኡ እሰይ ንዳዊት ከም ንቖልዓ ልኢኽዎ፣ ኤልያብ ሓዉ ውን ከም ንቖልዓ ገሲጽዎ። ሳኦል፡ "ንስኻ ቆልዓ ኢኻ። ንሱ ግና ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ተዋጋኢ ሰብኣይ እዩ እሞ ምስ እዚ ፍልስጤማዊ ሰብኣይ እዚ ክትዋጋእ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ።" ኢልዎ። ጎልያድ፣ ኮተቴ ምኟኑ ርእዩ ንዒቑዎ።

እግዝኣብሄር ግና ጅግና ሰብኣይ ገይሩ እዩ ሰዲድዎ! ዳዊት ውን ንርእሱ ከምቆልዓ ዘይኮነስ ከም ሰብኣይ እዩ ዝርእያ ነይሩ (1ሳሙ17፡26)። ኣብ ኣምላኽ ዘለዎ መንነት ብምርዳእ "ሰብኣይ እየ!" ኢሉ ንገዛእ ርእሱ ኣእሚኑዋ። ኣብቲ ዝኣመኖ ኸኣ ደው ኢሉ። ጽያፍ ህዝቢ እስራኤል ንክኸትት ውን በቒዑ።

ንሕና ድማ ንርእስና ከም ሰብኣይ ደው ክንብልን ንውርደት ህዝቢ ኣምላኽ ኣርሒቕና ንበረኸቱ ክንከውን እንተኾነ ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ዘለና መንነት ንፍለጦ።


እቲ ዝገርም ጻላእትና ዝፈልጥዎን ዝምስክሩሉን ምኟኖም እዩ። ንኣብነት ርሃብ፡ "እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፣ ንሱ ኣብ ሰማይ ኣብ ላዕሊ፣ ኣብ ምድሪ ኸኣ ኣብ ታሕቲ ኣምላኽ እዩ እሞ፣ ምስ ሰማዕናዮ፣ ልብና መኸኸ፣ ኣብ ቅድሜኹም ድማ ትንፋስ ኣብ ሰብ ኣይቈመትን።" ኢላ መስኪራ ኣላ (እያ2፡11)።

ልቦም ዘይመከኽስ ከመይ? ገጽና እኮ ከም ገጽ ኣናብስ ዘፍርህ እዩ (1ዜና12፡8-14 ሓ/ሕ)። ምኽንያቱ ኣብ ገጽና እቲ፡ "ካብ ናዝሬት ገለ ሰናይ ክመጽእ ይከኣል እዩ?" ምስ ተባህለ (ዮሃ1፡46)፣ ንናዝሬት ዝተርኣየላ ናይ ይሁዳ ኣንበሳ፣ ናይ ጎይቶት ጎይታ፣ ናይ ነገስታት ንጉስ የሱስ ክርስቶስ እዩ ዝርአ።

ባላቕ ወዲ ጼጦር ንጉስ ሞኣብ ከኣ፡ "ንሱ ካባይ ይሕይል እዩ....." ኢሉ ተዛሪቡ ነይሩ (ዘሁ22፡6)።

ኣቱም ሓያላት ጀጋኑ! ካብቲ ኣብኦም ዘሎ ኣባና ዘሎ ስለ ዝዓቢ ብርግጽ ንሕና ካብኦም ንሕይል ኢና። ብርግጽ ካብቶም ስዓርቲ ኣዚና ንበልጽ ኢና (ሮሜ8፡37)።

2- ሓደ ካብ ቀንዲ ምስጢር ዓወት ናይ ዳዊት



ቅድሚ ናይ ኣምልኾ (ናይ መዝሙር) ህይወቱ ዝቐውም ጻላኢ ኣይነበረን (1ሳሙ16፡23)።

እታ ንጎልያድ ዘውደቐላ ምዓልቲ ውን እናዘመረ ከምዝመጽአ፣ ብሓይሊ ናይ ኣምልኾኡ ኸኣ እቲ ንጎልያድ ዘጽልለሉ መንፈስ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ስለ ዝተወቕዐ ጎልያድ ከምዝወደቐ ዝገልጽ ምግላጽ ኣሎ። ካብዚ ንወስዶ ምህሮ ኣብ ቅድሚ ናይ ኣምልኾ ዘለዎ ኣማኒ ዝቐውም ጻላኢ የሎን እሞ ናይ ኣምልኾ ህይወትና ነበርትዕ ዝብል ይኸውን።

3-ዳዊት ብኣዒንቲ እግዝኣብሄር (ብኽኣልነት እግዝኣብሄር) እዩ ዝርኢ ነይሩ። እዚ ኣብ ቅድሚ እግዝኣብሄር ቀሊል እዩ ዝብል ኣረኣእያ ነይርዎ። ጎልያድ ኣብ ቅድሚ ካልኦት መፍርህን መጨነቕን እኳ እንተነበረ፣ ኣብ ቅድሚ ዳዊት (ብኣዒንቲ እግዚኣብሄር ስለ ዝርኢ) ክሳዱ ዝተቐረጸ ምዉት እዩ ነይሩ።

ንሕና ድማ ንጸላኢና ከምቲ ቃል ኣምላኽ ዝብለና (ኣጽዋሩ ተገፊፉ ከም ዝሓፈረን ዝተደርበየን ጻላኢ) ጌርና ክንፈልጦ ኣሎና።

4-ዳዊት ንእምነት ናብ ተግባር ምቕያር ዝተለማመደ ዘይጠራጠር ናይ እምነት ሰብ እዩ ነይሩ። ካብ እምነት ዝተላዕለ ኣይፈርሀን ነይሩ (መዝ27፡1-3)። ዳዊት ሰራዊት ክካረየሉ ዝኽእል ማእለያ ዘይብሉ ሃብቲ፡ ብርቱዕ ሰራዊት፡ ዝተፈላለየ ኣጽዋራት ውን እንተነበሮ፣ ካብ ሰለስቲኡ ኣብ ሓዲኡ ኣይተወከለን። ንእግዝኣብሄር ደኣ ኣመኖ እምበር ነትስ ኣይትኣመኖን። ስለዚ ድማ እዩ፡ "ኪቃወመኒ ኢሉ እኳ ሰራዊት እንተዝሰፍር ልበይ ኣይፈርህን እዩ። ኲናት ውን እንተዝልዓለኒ እምነት ኣሎኒ።" ዝበለ (መዝ27፡30)። ዳዊት ካብ ርሱን መንትግ ዝከላኸለሉ ዋልታ እምነት ሒዙ ነይሩ። ንሕና ኸኣ ርሱን መንትግ ዘበለ ክነጥፍኣሉ እንኽእል ናይ እምነት ዋልታ ነልዕል (ኤፌ6፡16)።

5- ዳዊት እግዝኣብሄር ዘየለማመዶ ኣጽዋር ክጥቀም ኣይመረጸን (1ሳም17፡38-40)። ዳዊት ንጸላኢኡ ዘውድቐሉ ጥበብ እምኒ ምውንጫፍ እዩ ተዋሂብዎ። በቲ እምኒ ድማ ንጎልያድ ኣውዲቕዎ።

እምኒ ኸአ ምሳሌ ናይ የሱስ ክርስቶስ እዩ። ንዓና ዘተዋህበና ውን እዚ እምኒ እዩ። ስለዚ ንጸላእትና ብእምኒ (ብየሱስ) ነውድቆም። ነቲ እምኒ ግና ወንጭፍ የድልዮ እዩ። ወንጭፍና ኣምልኾ ወይ ጸሎት ወይ ትንቢታዊ ቃል ወይ ፍቕሪ ወይ ምሕረት ወዘተ ክኸውን ይኽእል እዩ ንዕኡ ንሓዝ።

6- ዳዊት እቲ ውግእ ናይ እግዝኣብሄር ከም ዝኾነ ብምልላዩ፣ ንኣምላኽ ከሕልፎን- ው-ዱእ ዓወት ክጽበን ኣኽኢልዎ እዩ (1ሳም17:47)። ንሕና ውን ብገዛእ ርእስና ንየሱስ ርእስና ምስ ሃብና፣ ናይ የሱስ እምበር ናይ ገዛእ ርእስና ኣይኮንናን። ንዓና ዘሳድድ ንየሱስ እዩ ዘሳድድ። ንዓና ዝትንኪ ንየሱስ እዩ ዝትንኪ። ነቲ ንዓና ክገጥመልና ዝወጸ እግዝኣብሄር እዩ ዝገጥመሉ። እቲ ውግእ ናይ ኣምላኽና እቲ ዓወት ከኣ ናትና እዩ። ስለዚ ዳዊት ከምቲ ኣብ ውግኡ ንእግዝኣብሄር ብምሕላፉ ዝተዓወተ፣ ንሕና ድማ ኣብ ነገርና ነቲ ተዋጋኢ የሱስ ክርስቶስ ነሕልፎ።

7- ዳዊት ንስም እግዝኣብሄር ስለ ዝፈለጠ እዩ ተዓዊቱ። ትውክልቱ ኣብ ስም እግዝኣብሄር ብምግባር፣ ኣብቲ ስም ተዓቝቡ በቲ ስም መንፈሳዊ ውግእ ተዋጊኡ እዩ ኣብቲ ግኡዝ ዓለም ተዓዊቱ። እግዚኣብሄር ከኣ ንስሙ ክብል ተዋጊእሉ (1ሳም17:45)። ንስሙ ኢሉ ዝሰርሕ ህዝቢ ይጠፍእ እዩ። ንስም እግዝኣብሄር ዝፈለጠን ከፍልጥ ዝጽዓረን ግን ልዕል ክብል ግድን እዩ (መዝ91:14)። ንሕና ውን ንስም (ንእግዝኣብሄር) ኢልና ክንሰርሕ (ኩሉ ግብርና ክንገብር) ከም ዘሎና ካብዚ ንምሃር (ቆሎ3:17)።

8- ዳዊት ግብሪ እግዝኣብሄር ኣብ ሂወቱ ዝዝክር ሰብ ነይሩ። "ትማሊ ከምቲ ዝገበረ (ካብ ኢድ ኣንበሳን ድብን ዘድሓነኒ) ሎሚ ኸኣ ከምዚ ክገብር (ካብ ኢድ እዚ ፍልስጤማዊ እዚ ከድሕነኒ) እዩ!" ይብል ነይሩ (1ሳም17:37)። ግብርታት እግዝኣብሄር ኣብ ህይወትካ ምርሳዕ ዝኸፍአ ነገር እዩ። ንእስራኤላውያን ከኑረምሩሙን ኣብ ምድረበዳ ክጠፍኡን ካብ ዝገበሮም እቲ ዝዓበየ ምኽንያት እዚ እዩ (ዘሁ14:22-23, 10-12)። ስለዚ ንሕና ድማ ነቲ እግዝኣብሄር ኣብ ህይወትና ዝገበሮ ግብርታት ከም ናይ እምነት መልሕቕ ተጠቒምና ደው ክንብለሉ እምበር ክንርስዖ የብልናን። ካብ ምጉርምራም ድማ ሓራ ክገብረና እዩ።



9- ቅብኣት ናይ ዳዊት ብእኩብ እዩ ዝወቅዕ ነይሩ ናይ ጎልያድ ግን ብንጽል እዩ ዝወቕዕ ነይሩ (1ሳም17:47, 44)። ጎልያድ ንዳዊት እዩ: "ስጋኻ ንኣዕዋፍ ክህቦየ!" ዝበሎ፥ ዳዊት ግን ናይ ጎልያድ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ኩሉ ፍልስጤማዊ ስጋ ንኣዕዋፍ ክህቦ ምዃኑ እዩ ትንቢታዊ ቃል ዝኣወጀ። ንጊደዎን ከም ንሓደ ስብኣይ ንሚድያናውያን ክትወቕዖም ኢኻ ከም ዝተባህለሉ፡ እቲ ኣባና ዘሎ የሱስ ድማ ንጸላእቱ ከም ንሓደ እዩ ዝወቅዕ እሞ ኣረዳድኣና ነስፍሕ (መሳ6:16)።

10- ዳዊት ንኣዋጅ ብኣዋጅ ዝወቅዕ፡ ናይ ምእዋጅ ሓይሊ ዝተረድአ ኣማኒ ነይሩ። ድኻም ካልኣት እስራኤላውያን (ንኤልያብ ኣጠቓሊልካ) ግን እዚ እዩ ዝነበረ (1ሳም17:45-46)። እምብኣርከስ ብቃል፡ ብራኢ፡ ብጽሑፍ፡ ብሕልሚ ወዘተ ንዝተኣወጀልና ኣዋጅ፡ ብኣዋጅ ምፍራስ ናትና ግደ እዩ።

11- ዳዊት ምስ እግዝኣብሄር ዘለዎ ኪዳን ዝፈልጥ፡ ኪዳኑ ዝእውጅ ናይ ኪዳን ሰብ ነይሩ (1ሳሙ17:26)። ንሕና ድማ ምስ እግዝኣብሄር ዘለና ኪዳን ኣብ ቅድሚ ጸላኢና ንፍለጦን ንኣውጆን። ናይ ኪዳን ሰባት ውን ንኹን።

12- ዳዊት ቅልጡፍ እዩ ነይሩ (1ሳሙ17:48)። ኣብ ወትሃደራዊ ስነፍልጠት ቅልጣፈ ኣዝዩ ወሳኒ ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ: "ቀዲሙ ዝርኣየ ቀዲሙ ይትኩስ፣ ቀዲሙ ዝተኮሰ ቀዲሙ ይዕወት!" ዝብል ሓሳብ ብተደጋጋሚ ንሰምዖ ኢና። ንሕና ድማ ኣብ ዕዮ እግዝኣብሄር ቅልጡፋት ንኹን።

13- ቅቡእ ስለዝነበረ ህላውነትን ሓለዋ (ከለላ) ኣምላኽ ነይርዎ። ንዓና ድማ ካብቲ ቅዱስ ቅብኣት ኣሎና። ብምኽንያት እቲ ቅብኣት ድማ ሰብ ክጠቕዓና ጎይታ ኣይሓድገናን እዩ።

14- ንእግዝኣብሄር ዝነበሮ ቅንኣት ሓደ ካብ ምስጢር ዓወቱ እዩ ነይሩ (መዝ69:8-9, 1ሳሙ17:45)። ንሕና ድማ ብናይ እግዝኣብሄር ነገራት ቀንኣት ቤቱ ንምጽራይ ድማ ትጉሃት ክንከውን ኣሎና።

15- ኣምላኹ ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጥ እዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ ንውግኡ ብቕልጽም ኣምላኹ እምበር ብቕልጽሙ ክዋጋእ ሓሲቡ ኣይፈልጥን ነይሩ። ስለዚ ድማ እዩ: "እግዝኣብሄር ሓይለይ እዩ!" ኢሉ ብዙሕ ግዜ ዝዘመረ (መዝ18:1, 27:1, 118:14)። ንሕና ድማ: "ንኣምላኹ ዝፈልጥ ህዝቢ ክገብርን ክብርትዕን እዩ።" ዝብል ጽሑፍ ከም ዘሎ (ዳን11:32)፣ ነዚ ሓይልና ዝኾነ ኣምላኽ ንፍለጦ።

16- ንዳዊት ብዛዕባ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ዝተባህለሉ ቃል ስለዝነበሮ፣ እቲ ቃል ይሕልዎ ነይሩ። ዳዊት ክነግስ ምኽሪ ኣምላኽ እዩ ነይሩ። ነዚ ምኽሪ ኸኣ ክጸልምቶ ዝኽእል ምንም ሓይሊ የለን። ንሱ ካብ ዝመውት ሰማይን ምድርን ክትሓልፍ ይቐልል ነይሩ። ንሕና ድማ እቲ ዝተባህለልና ቃል ክይተፈጸመ ጉያና ውን ክይወዳእና ምንም ኣይንኸውንን ኢና። ከምቲ ጸላኢ ዝመኸሮ ዘይኮነስ ከምቲ ዝተጻሕፈልና ኢና ንኸይድ።



# ዓምዲ - ነፍሰየ !

**ዓምዲ ነፍሰየ፡ ከምቲ ዳዊት ኣብ መዝ42፥11, 43፡5 ምስ ነፍሱ ዝተዘራረበ፡ ሓደ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብዝተፈላለየ ኣርእስትታት (ቃል ኣምላኻዊ ዛዕባታት) ምስ ነፍሱ ዝገበሮም ዝርርባት እተቕርበልና ተኸታታሊት ዓምዲ እያ።**

## "ሰባት ንወዲ ሰብ መን`ዩ ይብልዎ?" ማቴ16፥13-20

ጎይታ፡ "ሰባት መን እዩ ይብሉኒ?" ኢሉ ምስ ሓተቶም፡ ንሱ ሓደ ክነሱ እቲ መልሲ ግና ልዕሊ ሓደ እዩ ዝነበረ። "ገለ ሰባት 'ንሱ ኤልያስ እዩ።' ይብሉኻ፡፡ ካልኦት ውን፡ 'ገለ ካብ ነብያት እዩ ተንሲኡ።' ይብሉኻ፡፡" ብምባል ደቂ መዛሙሩ መለስሉ፡፡

ሽዑ ኣነ ነዚ ዘረባ ምስ ሰማዕኩ፡ ከምዚ እናበልኩ ብዛዕባኡ ክሓስብ ጀመርኩ፡፡ ንሱ ማለት የሱስ ክርስቶስ ሓደ ክነሱ፡ እቲ ካብቶም ህዝቢ ዚመጽእ ዘሎ መልሲ ግና ልዕሊ ሓደ እዩ ዘሎ። እዚ ከይኣኽለ ውን ካብቲ መልሲ ኢሎም ዘቕረብዎ፡ "ንስኻ የሱስ ክርስቶስ ኢኻ።" ዝብል ቅኑዕ መልሲ ኣይተረኽበን።

ኣምላኽ ክነሱ ከም ሰብ ቆጺሮም፡ "ኤልያስ እዩ።" ፡ "ገለ ካብ ነብያት እባ ደኣ ተንሲኡ" ምባሎም ከመይ ዘየገርመኒ። ኣቲ ነፍሰይ! "እዚ ጌጋ መልሲ ዘቕረበሉ ቀንዲ መኽንያት እንታይ ኮን ይኸውን?" ኢልኪ ትሓስቢ? እምበኣር ነዚ ጌጋ መልሲ ዘቕረብሉ መኽንያት ንየሱስ ብልክዕ ስለ ዘይፈለጥዎ እዩ ዝነበረ።

ዎ!... ነፍሰይ! ኣስተውዕሊ! ብዘይ ምስትውዓል ክትኮኒ ኣይፈቱን እየ፡፡ ጌጋ ኣብ ክልተ ነገራት ከም ዚርከብ ክትርድእዮ ይግብኣኪ። እቲ ቀዳማይ ምንጪ ጌጋ ካብ ድንቁርና ወይ ካብ ዘይምፍላጥ ዚመጽእ እዩ። ከምዚ ዘመሰለ ሰብ፡ ነቲ እትሓቶ ሕቶ ክምልሰሉ ዚኽእል ፍልጠት ስለ ዘይብሉ፡ "ኣይፈለጥኩን፡፡" ኢሉ እዩ ዝምልስ።

እቲ ካልኣይ ጌጋ ዚርከበሉ ስፍራ ድማ ኣብ ጌጋ ፍልጠት እዩ። እቶም ንየሱስ፡ "እዚ ኤልያስ እዩ፡" ዚበሉ ሰባት እኮ፡ "ንሱ ኤልያስ እዩ። ንፈልጦ ኢና፡፡" እዮም ዚበሉ፡፡ ነገር ግና ኤልያስ ኣይኮነን ዝነበረ።

ዎ!... ነፍሰይ! ከም እትፈልጥዮ፡ ብዛዕባ ምድሪ ወይ ዓይነት ሓመድ ክፈልጥ ዚደለየ ሰብ፡ ናይ ጂኦግራፍ መጻሕፍቲ የንብብ እምበር ናይ ቁጽሪ መጻሕፍቲ ኣየጽንዕን። ወይ ድማ ናይ ስነ ቁጽሪ ምሁር ዝኾነ ሰብ፡ ብዛዕባ ምድርን ምስ ምድሪ ዝተኣሳሰር ኣመልኪቱ ዕሙቕ ዝበለ መረዳእታ ክህብ ከመይ ኢሉ ይኾነሉ።

ከምኡ ድማ ብዛዕባ ሳይንስ ክፈልጥ ዚደሊ ሰብ፡ መጻሕፍቲ ሳይንስ ይገናጸል፡፡ ንኣምላኽ ኪፈልጥ ዝደሊ ሰብ ድማ ቓል ኣምላኽ ጥራይ እዩ ክንብብን፡ ክስተንትንን፡ ክመላለሰሉን ዘለዎ።

እምበር ሳይንስ ስለ ዚፈለጥካ ንኣምላኽ ክትፈልጦን ክትገልጾን ብፍጹም ዘይከኣል፡ ዋላ ውን ክሕሰብ ዘይብሉን እዩ። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ኣብ ቓሉ ጥራይ እዩ ዝርከብ።

እምበኣር ነፍሰይ! ካብ ኩሉ ክትጥንቀቕሉ ዝግብኣኪ ከምቲ ካብቶም ንየሱስ ዝፈለጥዎ መሲልዎም ገሊኦም፡ "ኤልያስ" ገሊኦም ውን፡ "ሓደ ካብ ነብያት እዩ፡፡" እናበሉ ጌጋ መልሲ ዘቕረቡ፡ ነቶም ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ፈላጣት ዚኾኑ ሰባት ከይትመስልዮም ኣዚኺ ተጠንቀቒ!


ኣቲ ነፍሰይ! ትሰምዒ'ዶ ኣሎኺ? እቲ ቅኑዕ ፍልጠትን መልስን ከመይ ገይርካ ከምእትረኽቦ ክነግረኪ ጽን ኢልኪ ስምዕኒ፡፡

ጎይታ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ፡ "ንስኻትኩም ከ መን እዩ ትብሉኒ?" ኢሉ ምስ ሓተቶም፡ ስምኦን ጴጥሮስ፡ እቶም ብዙሓት ሰባት ከምቲ መጠን ምብዛሖም ዘይፈለጥዎ መልሲ፡ ብመንፈስ ኣምላኽ ተደሪኹ፡ "ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ!" ብምባል ቅኑዕ መልሲ መለሰ እምበር ከምኦም ኣይተጋገየን፡፡

ኣስተውዕሊ ነፍሰይ! እዚ ዝኾነሉ መኽንያት እቶም ንየሱስ፡ "ኤልያስ እዩ።" ፡ "ሓደ ካብቶም ነብያት እዩ።" ኢሎም ዝገልጽዎ ዚነበሩ ሰባት፡ ብማዕዶ ማዕዶ ኣብ ጎደና እንተዘይኮይኑ፡ ካብኡ ሓሊፉ ምስ የሱስ ጥቡቕ ዝኾነ ርክብ ዝነበሮም ሰባት ከምዘይኮኑ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። እዚ ነገር (ርሕቐት) እዚ ድማ እዩ ንየሱስ ብልክዕ ንኸይፈልጥዎ ዝዓገቶም።

ብኣንጻሩ ነቶም ደቂ መዛሙርቱ እንተ ድኣ ተመልኪትክዮም፡ ብልክዕ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ምኳኑ ንኽፈልጥዎ ዝገበሮም ነገር፡ ኣብ ዝሓደሮ ይሓድሩ፡ ኣብ ዝወዓሎ ይውዕሉ፡ ካብ ዚበልዖ ይበልዑ፡ ካብ ዚሰተዮ ይሰትዩ፡ እቲ ዚገብሮ ዚነበረ ነገር የስተውዕሉ፡ ምስኡ ይዘራረቡ፡ ናብ ዝወሰዶም ይኸዱ፡ ዝኣዘዞም ይእዘዙ ስለ ዚነበሩ እዩ፡፡

ስለዚ ድማ እዮም፡ "ንስኻትኩም ከ መን እዩ ትብሉኒ?" ክብሎም እንከሎ ብምስትውዓል መንፈስ ቅዱስ፡ "ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ ዝበልዎ። ኣቲ ነፍሰይ! ተቕልቢ'ዶ ኣሎኺ? ናይ ብሓቂ ንኣምላኽ ክትፈልጥዮ እንተድኣ ትደልዪ ኴንኪ፡ ንቃሉ ተጊህኪ ኣንብብዮ፡፡ ነቲ እተንብብዮ ድማ ብትብዓት ተኣዘዝዮን ስዓብዮን። ኣቲ ነፍሰይ! ንኣምላኽ ምፍላጥ ኣብ ንኣምላኽ ምስዓብ እዩ ዚርከብ እሞ። ሓደራኺ ን ኣምላኽ ፍለጥዮ! ንኽትፈልጥዮ ድማ ስዓብዮ!!



# ዓምዲ ቤተሰብ

## "የሱስ ግን ኣሎኒ!"

ሕጽኖት ወዲእና ንብዓልቲ ቤተይ ክመልሳ ምስ ከድኩ፣ ንቤተሰባ፡ “ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ተመሊሰ ሓዳራ ከውጽኣ እየ።” በልክዎም። ሽዑ ካብቶም ዝሰምዑኒ ዝነበሩ ሰባት ሓንቲ፡ “ንርኢ” ዝብል ምላሽ ሃበትኒ። ከምኡ ዝበለት ኣብቲ ርእሲ ዝኸትምናይ ኣገልግሎት ምኺነይ ፈሊጣ እያ። ነታ ነንምዓልቲ ከተሳግረኒ ኣብ ልዕለይ ዝነበረት ኢድ ኣምላኸይ ግን ኣይርኣየታን። ኣነ ኸኣ፡ “እንቁላል ቀስ በቀስ በእግሩ ይሄዳል!” ኢለ መሰልኩላ። እንቋቑሖ ብግዚኡ ዑፍ ኮይኑ ብኽልተ እግሩ ክኸይድ ልሙድ እዩ። እዛ ከም እንቋቑሖ ኣፍደገን መውጽኢን ዘይነበራ ህይወተይ ውን ብረዲኤት እግዚኣብሄር ቀስ ብቐስ  እግሪ ኣውጺኣ ከም ዓለማ ከም እትስጉም ርጉጽ ነይረ።

ከም መጀመሪ ክኸውን ታሪኽ ህይወተይን ኩነታት ስድራይን ከዕልለኩም እየ። ኣብቲ ፈለማ ኣቦይ ብዓል ጸጋ ስለ ዝነበረ ኩነታት መነባብሮ ስድራና ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ ነይሩ። ድሓር ግን ብወገን ናይ ኣደይ ዓሌት ዝተበገሰ ብኺዳን ዝሰርሕ መርገም፣ ነቲ ሃብታም ዝነበረ ኣቦይ ኣድክዩ ንኣደይ ወላዲተይ ውን ቀዚፉ። ንሕና ብዘይ ኣደ ተረፍና፣ ኣቦይ ከኣ ሰለስተ ኣወዳት ሒዙ ብዘይ ደጋፊት ተረፈ። ጸኒሑ ውን ሓደ ሓውና ኣሰር ኣዴና ስዓበ። እቲ ዓብዩ ሓወይ ውን ከይነገረና ናብ ስደት ኣምርሐ። ድሃይ ከይሃበ ድማ ዓሰርተታት ዓመታት ገበረ። እዚ ኹሉ ነገር ዝተደራረቦ ኣቦይ፣ ነታ ዝነበርናያ ከተማ ስለ ዝጸልኣ ናብ ኣስመራ ሒዙኒ መጽኣ። ንበይኑ ምንባር ስለ ዘይጥዓሞ ውን ሓንቲ ሰበይቲ ተመርዓወ። ኣነ ኸኣ ምስ ሰይተቦ ክዓቢ ጀመርኩ። ኣቦይ ካብኣ ሓደ ወድን ሓንቲ ጓልን ስለ ዝወለደ ድማ ኣሕዋት ረኸብኩ።

እንተኾነ ሕጂ ውን ኣቦይ ወዲ 10 ዓመት ከለኹ ብሞት ተፈለየኒ። ምስ ሰይተቦይ እናተመሳሰልኩን ፍቓዳ እናመላእኩን ድማ ንዓመታት ምስኣ ተቐመጥኩ። ሰይተቦይ ዓቕሚ ምስ ወሓዳ ከኣ ሓንሳብ ኣብ መዕበዪ ዘኽታማት ሓንሳብ እንዳቤተሰብ፣ ካብቲ ናብቲ ክብል ነዊሕ ዓመታት ሓሊፉ። ናብ ዩኒቨርስቲ ዘእቱ ምሕለፊ ነጥቢ ስለ ዘይረኸብኩ ድማ ኣብ 3ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ከድኩ። ድሕሪ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ወራራት ከተትኩ።

ካብቲ ወራር ኣነ እኳ ብሰላም እንተተመለስኩ እቶም ካብ ሰይተቦ ዝተወለዱ ክልተ ኣሕዋተይ ግን ኣብቲ ወራር ተሰውኡ። ጓሂ ከይኣኽለኒ እቲ ብኺዳን ዝሰርሕ ናይ ዓሌት መርገም፣ ንዓይ ውን ብሓደጋን ብኻልእ ብዝተፈላለየ መገድታትን ክቖጽየኒ ፈተነታት ኣካየደ። ጎይታ ጣልቃ ስለ ዝኣተወ ግን ኣይቀንየን። ብምድፍፋእ ናይ ሓንቲ ቤተሰብ ኣብ ሓደ ኮንፈረንስ (ደስታ ሓረጎት ዝገበሮ) ምስ ተሳተፍኩ ጎይታ ተቐቢለ ንሓዋሩ ካብ መርገምን ሞትን ድሓንኩ።

ካብ ምስ ስድራቤት እናተሰቀቕካ ምንባር ግን ገና ኣይተናገፍኩን ነይረ። ዕረፍቲ ኣብ ዝመጽኣሉ ዝነበርኩ ግዜ ድማ ከይተሸቑረርኩ ዝኣትዋ ናተይ ዝብላ ቤት ክትህልወኒ ደለኹ። ኣብ ከምዚ እዋን ድማ እየ ብዛዕባ መርዓ ክሓስብ ዝጀመርኩ። ግን ከመይ ገይረ ከም ዝኣትዎን በየን ኣቢለ ከም ዝጅምሮን ጾር ይኾነኒ ነይሩ። ናይ ኣቦ፡ ኣደን ኣሕዋትን ዘይምህላው ይዕንቅፈኒ ነይሩ። እቲ ኣዝዩ ማሕላኺ ዝኾነኒ ነገር ግን ኣብ ኣገልግሎት ምንባረይ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ እቲ ደሞዝ እናርኣኹ የዋድቐ ነይረ። ብጸሎት ናብ ኣምላኸይ ምኹሕኳሕ ግን ኣይሓደግኩን። ሓደ መዓልቲ ግን ጎይታ ሬማ ቃል ኣብ ውሽጠይ ምስ ኣቀመጠለይ፣ ንሱ መንበር ምኺኑ ተረዳእኩ። ሽዑ ብእምነት ንዓይ ትኾነኒ ሓፍቲ ክደሊ ጀመርኩ።

መጀመርታ ንሓንቲ መጋላግልተይ ሓተትክዋ - ኣይቀንዓንን። ጸኒሐ ውን ንኻልእ ሓፍቲ ሓተትክዋ። ምስኣ ውን ኣይሰለጠንን። ዘኽታምን ኣገልግሎትን ብሙኻነይ ሕቶይ ከም ዝተነጸገ ምስ ሰማዕኩ ኣዝየ ጎሃኹ። “ጎይታ! ንዓኻ ኣሚነ እየ ከምዚ ስጉምትታት ዝወስድ ዘለኹ። ስለምንታይ እዩ ግን እዚ ፈተናታትት እዚ ናብ ሂወተይ ዝመጽእ ዘሎ?” ኢለ ኣምሪረ ጸለኹ። ድሓር ጎይታ፡ “ዓይኒ ዘይርኣየቶ እዝኒ ዘይሰምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ዘይተሓስበ ኣምላኽ ነቶም ዜፍቅርዎ ኣዳለወሎም።” ትብል ቃል ሃበኒ (1ቆሮ2፡9)። ሽዑ ውሽጠይ ገጥ ኢሉ። ካብታ ግዜ ንደሓር ላዕልን ታሕትን ክብል ከምዘይኮንኩ ሓሳብ ኣተወኒ። ጎይታ እዚ ነገር ኣብ ውሽጠይ ምስ ኣቐመጦ ብድሕሪኡ ስቕ ኢለ። ወልሓደ ነገር ክገብር ኣይደለኹን። በቃ ስቕ ኢለ ክጽበ መሪጸ።

ኣብ ከምዚ ኹነታት እናሃለኹ ኸኣ ሓደ ኣገልጋሊ ሓው መጺኡ፡ “ናይ መርዓ ጾር ከምዘለካ ኣብ ውሽጠይ ይፍለጠኒ ኣሎ እሞ ከጸልየካ’ዶ?” ኢሉ ይሓተኒ። ኣነ ኸኣ፡ “ወሽለ ዝድግፈኒ ሰብ ተረኺቡ፣ ደግፈኒ!” ኢለ ሓንጎፋይ ኢለ ተቐበልክዎ። ንሱ ድማ፡ “ሕራይ በል ክንጽሊ ኢና።” ኢሉ ኣጸለየኒ፣ ጸኒሑ ውን ምስ ክልተ ኣሓት ኣላልዩ፡ “ጸልየሉ እሞ ውሽጠኻ ዝዓረፈካ ግበር።” በለኒ። ሽዑ ኣነ ነዛ ሕጂ ብዓልቲ ቤተይ ኮይና ዘላ፡ “ኣነ ብኣኺ ዓሪፈ እየ። ንስኺ ግን፡ ‘መረጋገጺ እደሊ እየ። ምስ ጎይታ ክዛረብ እየ።’ ትብሊ እንተድኣ ኴንኪ ድላይኪ ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ። ምእንቲ ጽባሕ ንግሆ ኩነታተይ ከይሕድሰኪ ግን፣ ኣነ ዘኽታም እየ። ኣቦን ኣደን የብለይን፡ ኣሕዋት የብለይን፡ ኣገልግሎት እየ፡ ገንዘብ የብለይን፡ ንብረት የብለይን፡ ሓደ ነገር ግን ከም ዘለኒ እፈልጥ። ንሱ ኸኣ የሱስ እዩ። የሱስ ግን ኣሎኒ። የሱስ ጥራይ እዩ ኸኣ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ።” በልኩዋ።

ኣምላኽ ይመስገን ጎይታ ኸኣ ኣየሕፈረንን። ናብቲ ዝነበርክዎ ቦታ ደብዳቤ ሰዲዳ ‘ሕራይ’ በለትኒ። እንተኾነ ግን ምሉእ ዝኾነ ሓጎስ ኣይተሰምዓንን። ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ድማ ናብቲ ዝነበርክዎ ቦታ ብኣካል መጺኣ፡ “ዳኒ ሓወይ፡ እቲ ‘ኣቦን ኣደን የብለይን፡ ኣሕዋት የብለይን፡ ሓደ የሱስ ጥራይ እዩ ዘለኒ።’ ዝብል ቃልካ ኣብ ውሽጠይ ኣትዩ ኮርኲሑኒ! በቃ ሕጂ ኸኣስ እዚ ሓወይሲ፡ ‘መን ኣሎኒ?’ከይብል፡ ‘እንታይ ክገብር እየ?’ከይብል፡ ‘ናብራ ከመይ ክገብር እየ?’ከይብል፡ መርዓ ኸ መን ክገብረለይ እዩ?’ ኢሉ ከይጭነቕ ኢለ እየ ከጸናንዓካ መጺአ።” ምስ በለትኒ፣ ኣዝዩ ፍሉይ ሓጎስ ፈሲሱኒ። ኣብ ሂወተይ ከምኡ ጌረ ተሓጒሰ ኣይፈልጥን። ሽዑ፡ “ኣታ ጎይታ! ናይውሽጠይ ትርዳእ ረኺብካለይ!” ኢለ ካብ ክቱር ሓጎስ ኣብ ሞንጎ ብዙሓት ሰባት ከለኹ ሓቝፈ ስዒመያ። “ንስኺ ካብ ኣዕጽምተይ ዓጽሚ ካብ ስጋይ ከኣ ስጋ ኢኺ።” ኢለ ብምሉእ ልበይ ተቐቢለያ። ኣቓልቦይ ድማ ናብ ምምስራት ሓዳር ገበርኩ።

መቸም ካብ ዜሮ ተበጊስካ ሓዳር ክትገብር ቀሊል ኣይኮነን። ግን ንእግዝኣብሄር እንተድኣ ኣሚንካዮ፣ ኩሉ ግዜ ንሱ እሙን እዩ። ንሱ ዘለዎ ኩሉ ነገር ቀሊል እዩ። ንሓዳር ብመርዓ ክንጅምሮ ኣፍደገ ምስ ተራሕወ፡ ሽዑ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ካብ ቤተሰብን ካብ ፈተውትን ተረኺቡ። እቲ ናይ ቓል ኪዳን ስነስርዓት ከኣ እግዝኣብሄር ብመንፈሱ ዝኸበረሉ ምዓልቲ ኮይኑ ብኣዝዩ ደስ ዘብል ህሞት ሓሊፉ። ሕጽኖተይ ውን ብትኣምር እዩ ሓሊፉ።

ብድሕሪኡ ውን ብደገፍ ጎይታ ኣይደንጎኹን ንብዓልቲ ቤተይ ኣብ መንደፈራ ሓዳራ ኣውጺእክዋ። ኣምላኽ ብዝሃበና ጸጋ ናብራና እናገበርና ኸለና ድማ፣ ናይ ጥንስን ሕርስን ነገር መጺኡ። ብዓልቲ ቤተይ ውን ክትሓርስ ናብ ስድርኣ ከደት። ኣብኡ፡ “ኣይበልናን’ዶ? እዚ‘ዶ ኣይኮነን እቲ ንብሎ ዝነበርና?” ዝብል ጭቕጭቕ በዚሒዋ፡ ኣምላኽ ይፈልጥ ኢላ ናብ ገዛና ተመለሰት። ኣብታ ገዝና ኸኣ ዋላ ሓደ ነገር ኣይነበረን። ሽዑ ኣነ ናብ ቦታይ ከይደ 200 ናቕፋ ተለቂሐ ክመጽእ ሓሰብኩ። ከይተበገስኩ ከለኹ ግን ሓደ ካብ ሱዳን ዝመጸ ወዲ ኣሞይ ሰብ ልኢኹ ስለዘጸውዓኒ ናብኡ ከድኩ።

ናብ ገዛና እናወሰድክዎ ነተን ዝርካበይ ናቕፋ ኣውጺአ መቐበሊኡ ዝኸውን ርብዒ ስጋ ገዛእኩ። ወደሞይ ምሳና ውዒሉ ክኸይድ ከሎ፣ “ክሳብ ሕጂ ዝኾነ ነገር ጌርናልካ ኣይንፈልጥን ኢና። ንስኻ ግን ናይ ብሓቂ ንፉዕ ሰብ ኢኻ። ‘መን ኣሎኒ?’ ከይበልካ፣ “መን ክሕግዘኒ እዩ?’ ከይበልካ፣ ሓዳር ጌርካ። ስለዚ ኣጆኻ! ዋላ ንሕና ክንሕግዘካ እንተዘይከኣልና፣ ከም ቀደምካ ንኣምላኽካ ኣሚንካ ንቕድሚት ሰጉም።” በለኒ። ካብ ጅቡኡ ኸኣ 100 ዶላር ኣውጺኡ ሂቡኒ ከደ። ብ1800 ናቕፋ ምስ ኣሽረፍናያ ጨው በርበረና ገዛዚእና ጎዶሎና መላእና። ድሕሪ ቑሩብ ግዜ ውን ሓንቲ ኣብ ኣሜሪካ ዝነበረት ሓትኖይ 6000 ናቕፋ ሰደደትልና። እቲ በረኸት ከኣ ከምኡ እናበለ ቀጸለ።ቦኽሪ ጓልና ምስ መጸት፣ ማእለያ ዘይብሉ ነገር እዩ ኣብ ገዛና ፈሲሱ።

ብድሕሪኡ ግን ኣነ ገና ኣብ ኣገልግሎት ስለ ዝነበርኩ፣ ኣሃዱና ድማ ቦታ ስለ ዝቐየረት፣ ናብ ዓሰብ ከድኩ። ሽዑ እቲ ናይ ናብራ ነገር ጸንኪሩ።  ብዓልቲ ቤተይ ድማ፡ “ንስኻ ናብ ዓሰብ ካብ ከድካስ እምበኣር ኣነ ሸቐጥ ተሰነይ ክፍትን” ኢላ፣ ናብ ተሰነይ ከደት። ኣብኡ ኸኣ ወዲ ሓትነይ ረኸባ። ምስ ርኣያ ኸኣ፡ “ናብዚ እንታይ ክትገብሪ መጺእኪ?” በላ። ንሳ ኸኣ፡ “ዳንኤል ናብ ዓሰብ ከይዱ፣ እታ ገዛ ኸኣ ቅሩብ ክስታይ ኮይና። ኣነ ኸኣ ክሕግዞ ኢለ እየ።” በለቶ። ድሓር ንሱ ነታ ኣብ ኣሜሪካ ዘላ ሓትነይ (ኣዲኡ) ደዊሉ ነገራ። ንሳ ኸኣ፡ “በል ካብተን ሰዲደልካ ዘለኹ ሰልዲ 200 ዶላር ዝከውን ኬድካ ኣብጽሓላ በለቶ። ንሱ ኸኣ ጎይታ ይባርኮ! ኣብቲ ግዜ ኣብ መንደፈራ ስለ ዝነበርና፣ ናብኡ መጺኡ ንብዓልቲ ቤተይ 6000 ናቕፋ ሃባ። ጎይታ በዚ ኣየብቅዐን፡ ንሓትነይ ስለ ዘተንስኣ እቲ ኣብ ዓሰብ ዝነበርኩሉ ከቢድ እዋን ብዘይ ዝኾነ ሽግር ብኸምኡ ተሰጊሩ።

ካብ ዓሰብ ምስ ተመለስኩ ድማ ጎይታ ኣይገደፈንን። ማትሪክ ተፈቲነ መሕለፊ ነጥቢ ስለ ዝረኸብኩ ናብ ኮለጅ ማይነፍሒ ኣተኹ። እቲ ናይ ትምህርቲ ግዜ ውን ናቱ ዝኾነ ጸገማት ነይርዎ። ሽዑ ውን ጎይታ ንዓና ዝኸውን መዋጽኦ ነይርዎ። ብዓልቲ ቤተይ በቲ ጎይታ ዝኸፈተላ ናይ ማእለማ ኣፍደገ ትሕግዘኒ ነይራ። ብናታ ደገፍ ድማ እየ ተማሂረ። ጸኒሑ ግን እቲ ንብዓልቲ ቤተይ ተኸፊቱ ዝነበረ ናይ ስራሕ ደገ፣ ብምኽንያት ምዕጻው ናይቲ እንዳ ማእለማ ደው በለ። ኣነን ስድራይን ውን ተጸገምና። ኣብቲ ግዜ ሓዳርና ካብ መንደፈራ ናብ ኣስመራ ኣግዒዝናዮ ኔርና። ኣብቲ እዋን ኩነታትና ኣዝዩ ጽንኩር ብምንባሩ፡ “ኩነታተይ ከምዘለዎ ይጽናሕ፣ ኣየቋርጽን ንዓኻ ካብ ምምላኽ” እናበልና ናይ ዮናታንን ሶሱናን መዝሙር ንዝምረሉ ዝነበርና ግዜ እዩ ነይሩ።

ኩነታትና ከምኡ እናሃለወ፡ ሓንቲ ቀዳም ኣስፔዛ ስለ ዝወዳእና ዕዳጋ ክኸይድ ነይሩኒ። ኣብ ጁባይ ግን ልዕሊ 50 ናቕፋ ኣይነበረን። ነታ 50 ናቕፋ ሒዘ ድማ፡ “ንሎሚ እዚኣ ኣላትና ናይ ዝመጽእ ከኣ ኣምላኽ ይፈልጥ!” ኢለ ንጓለይ ኣኺቲለ ናብ ዕዳጋ ኣምራሕኩ። ብ መገዲ እናኸድና ከለና ከኣ ሃንደበት ቦርሳ ናይ ሰልዲ ብማዕዶ ወዲቓ ርኣና። ኣብ ውሽጡ ኸኣ ጥቕላል ሰልዲ ነበረ። ናብ ዋንኡ ከረክቦ ኢለ ታሴራ ወይ ቁጽሪ ሞባይል ሃሰው እንተበልኩ ድማ ዝኾነ ሰነድ ስኣንኩ። ብቕድሚት ብድሕሪት ንዝሓለፉ ኣንስቲ እናጎየኹ ሓቲተ ዋና ኣይረኸብኩን። ሽዑ ንሓደ ሓው ይረኽቦ እሞ ነቲ ኹነታት ኣካፈልክዎ። ንሱ ኸኣ፡ “ገዛኻ ኬድካ ምስ ኣምላኽካ እሞ ተዘራረብ፣ ሽዑ ንሱ ዝበለካ ግበር።” በለኒ። ናብ ገዛና ምስ ተመለስኩ ድማ ንብዓልቲ ቤተይ ነገርክዋ። ንሳ ድማ፡ “‘ዓይኒ ዘይርኣየቶ፡ እዝኒ ዘይሰምዓቶ፡ ኣብ ልቢ ዘይትሓሰበ’ ኢልካ ክትዝምር ምሽ ቀኒኻ፣ ኣድራሻ የብሉ፡ ዝኾነ ሓበሬታ የብሉ፡ እሞ ጎይታ ደኣ ካብዚ ሓሊፉ ከመይ ገይሩ ክህበካ ደሊኻ? ጎይታ እዩ ባሪኹና” በለትኒ። ውሽጠይ በቲ ነገር ዕሩፍ ስለዝነበረ ውን ኣምላኽ ዝለቐቖ በረኸት ከምዝኾነ ተረዳእኩ። ነተን ሰልዲ እንተቖጸርኩወን 1720 ናቕፋ ኮና። ኣስፔዛይ ገዛዚአ ኸኣ ብርከይ ዓጸፍኩ።

ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ናይ ኮለጅ ማይ ነፍሒ ትምህርተይ ወዲአ ተመረቕኩ። ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ዘይመልእ ውን ስራሕ ረኸብኩ። እዚ ንባዕሉ ኣምላኽ ንዓና ክሳብ ክንደይ ከምዝሓልየልና ዘርኢ ተኣምራት እዩ ነይሩ። ሽው ደሞዝተኛ ኾይነ 1400 ናቕፋ ኣብ ኢደይ ክቕበል ጀሚረ። ኣብ ውሽጢ ሒደት ዓመታት ደሞዘይ ናብ 2800 ናቕፋ በረኸ። ኣብ ርእሲኡ ውን ተወሳኺ ስራሕ እሰርሕ ስለ ዝነበርኩ፣ ኣታውየይ ክሳብ 4000 ናቕፋ ዝበጽሕ ኮነ። ናይ ብዓልተ ቤተይ ደገፍ ተወሲኽዎ ድማ ናብራ ድሓን እናኾነ ከይዱ ነይሩ።

እንተኾነ ድሕሪ ቅሩብ ዓመታት ውን ዘይተጸበናዮ ሓደጋ ምፍራስ ናይታ ገዛ ኣጋጠመና። ኣብ ማእከል ሓምለ ንሸውዓተ ምዓልታት ዝኸውን ምስ ንብረትና ኣብ ደገ ተደርበና። ሽው፡ "እንታይ ክንገብር ኢና?" ኢልና ዓቕልና ኣጽቢብና ኔርና። እቲ ዘገርም ነገር ንዓሰርተ ምዓልታት ዝኸውን ማይ ጥብ ኣይበለን።

ድሕሪ እቲ ዝገጠመና ሓደጋ፣ መጎነና ፈሪሱ፣ እንጀራ ዘይነበርና ከሎ፣ ንምዓልታት እግዝኣብሄር ብመገዲ ኣሕዋትን ቤተሰብን መገበና። ሕንባሻ ኣብ ርእሲ ሕንባሻ፡ ኣስፔዛ ኣብ ርእሲ ኣስፔዛ፡ ጸብሒ ኣብ ርእሲ ጸብሒ፡ በቃ ከምኡ ዓይነት ኣነ ርእየ ኣይፈልጥን እየ! ጎይታ ክሳዕ ክንደይ ንደቁ ከም ዝሓሊ ገሪሙኒ እዩ። ኩሉ ሰብ፡ "እንታይ ኮን ይገብሩ ኣለዉ።" ኢሉ ይጭነቕ፣ ንሕና ኸኣ ንሕጸን ዝነበርና ክንመስል ሞዕጕርቲ ንምዑጕርቲ ኴንና። ዝርኣየና ዘበለ ሰብ ከኣ ይግረም ነይሩ።

ገዛ ምድላይ ግን ኣይሓደግናን፡፡ ላዕልን ታሕትን ምስ በልና ድማ ኣብ ቐሽት ሓንቲ ክፍሊ ረኸብና። እታ ገዛ ኣዝያ ጸባብ ስለ ዝነበረት ነተን ቆልዑ ንግዚኡ ናብ መንደፈራ፣ ናብ ስድራ ብዓልቲ ቤተይ ሰዲድናየን ንሕና ናብኣ ኣተና።

ኣብታ ክፍሊ ውን እንተኾነ ድቃስ ዝኸልእ ነገር ገጠመና። መብራህቲ ወሊዕና እንተርኣና እቲ መናድቕ ብቐርዲድ ኣይርኣን ነይሩ። ተሰሪዖም ካብቲ ካንሸሎ ናብ ውሽጢ ገዛ እዮም ዝኣትዉ ነይሮም። እቲ ገዛ እንዳ ከብቲ ዝነበረ እዩ ዝኸውን ኢለ ጠርጢረ ነይረ። ነቶም ሰብ ገዛ እንተሓተትናዮም ግን ካብቲ ከልቢ ከም ዝብገስ ነገሩና። ግን ከምኡ ኣይመስለንን። ካልእ ገለ መበገሲ ክህልዎም ነይርዎ። ምኽንያቱ ኮረረረረር እዮም ዝብሉ ነይሮም። ፋልመይቲ ለይትና ክንድቅስ ስለ ዘይክኣልና ምሉእ ለይቲ መጋርያ ጌርና ቁርዲድ ክንቀትል ሓደርና።

ዝቕጸላ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ምዓልታት ውን ኣየዕረፍናን። ቁርዲድ ናብ ገዛ እናኣተዉ ድቃስ ከልኡና። ብፍላይ ነቲ ኣዋርሕ ዘቑጸረ ቆልዓ ደጋጊሞም ምስ ነኸስዎ ብብኽያት ኣጨነቕና። ሽው ብዓልተ ቤተይ፡ "እንታይ ፈተንኡ እዩ ወደይ!" ኢላ ጎሃየት።

ኣነ ግን፡ "እዚ ሸውዓተ ዓመታት ጎይታ ከመይ ገይሩ ከም ዘሳገረና ርኢኺ እንዲኺ? ኣብ ግዜ መከራ ክንብርትዕ እዩ ዘለና። 'ብግዜ መከራ ዝዕገስ ሰብኣይ ብጹእ እዩ።' ዝብል ቃል ኣሎ ምሽ? ኣጆኺ!" ኢለ ኣጸናኒዐያ። መቸም ጎይታ ጸጋ ስለ ዝሃበና ኢና ሓሊፍናዮ እምበር ብጣዕሚ ከቢድ እዩ ነይሩ።

ብድሕሪኡ ንስድራይ ካብታ ገዛ ከውጽእ ፍቕድኡ ኮለል ክብል ጀመርኩ። ኣብ ማይ ጭሆት ውን ሓንቲ ምትዕርራይ ዘድልያ ገዛ ረኸብኩ። እንተኾነ ንሶም ናይ ዓመት ክራይ 36 ሽሕ ናቕፋ ጥረ ገንዘብ ክኸፍል ምስ ሓተቱኒ፣ ርእሱ ዝኸኣለ ጸገም ኮነኒ። ሓደ ምሳይ ላዕልን ታሕትን ዝብል ዝነበረ ሓዊ ግን፡ "ድሓን ኣጆኻ!" ኢሉ ናብ ገዝኡ ከይዱ 10 ሽሕ ናቕፋ ኣምጺኡ ሃበኒ። ነተን ገንዘብ ድማ ከም ዕርቡን ሃብናዮም።



ጸኒሑ ውን ቀደም ብዛዕባ ህይወተይ ክምስክር ዝሰምዓኒ ሓደ ሓው፡ ደዊሉ ብዛዕባ ኩነታተይ ሓተተኒ። 15 ሽሕ ናቕፋ ድማ ሃበኒ። ጎይታ ድቃስ ዝኸልኣ ሓትነይ ብወገና፣ "ነተን ቆልዑ ዝገበርኩም ጌርኩም ካብኡ ኣውጽእወን።" ኢላ 15 ሽሕ ናቕፋ ሰደደትለይ። ናይ ዓመት ክራይ ገዛና ድማ ከፈልናለን። ምስ ንስድራቤተይ ከኣ ካብታ ብቑርዲድ ዝመልኣት ጸባብ ክፍሊ ወጻእኩ። ብቐደሙ ውን ናይ ዓቕሊ ጽበት እዩ እምበር ኣብ ቐሽት ኴንካ ናብራ ዘይመስል ነበረ። ምኽንያቱ ቆልዑ ኣብ ፊንላንድ ሚስዮን እየን ዝመሃራ ነይረን። ናይ ሰርቪስ ገለ ኸኣ ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ጸገም ምኾነ። ንዝተወሰነ ግዜ ኸኣ ብኸምኡ ከድና።

እንተኾነ ሽው ውን ካልእ ጸገም ነይሩ። ሰለስተ ሽሕ ንወርሒ ንኽራይ ገዛ እናኸፈልና ክንከይድ ኣዝዩ ከቢድ ነይሩ። ብእምነት እምበር ቁጠባና ርኢና ዝኣተናዮ ነገር ውን ኣይነበረን። እታ ዓመት ክትውዳእ ወርሒ ጥራይ ምስ ተረፋ ግን መንግስቲ ዘይምዕሩይ ክፍሊት ናይ ገዛ ኽራይ ክምዓሪረ ሓድሽ ኣዋጅ ኣውጺኡ። ሰብ ገዛ ኸኣ፡ "ነዚ ገዛ ሰለስተ ሽሕናቕፋ ከነኽፍለኩም ርትዓዊ ኣይኮነን። በጃኹም ስተሩና።" ኢሎም ኣብዛ እግርና ወዲቕም ለመኑና። ካብታ ሰዓት ጀሚሮም ድማ ባዕሎም ሓደ ሽሕ ናቕፋ ክንከፍል ወሰኑልና። ብኸምኡ ኸኣ ክሳብ ሕጂ ኣሎና።

እዚ ከምስክረልኩም ዝጸናሕኩ እግዝኣብሄር ኣብ ሂወተይን ኣብ ስድራይን ካብ ዝገበሮ ሒደት እዩ። ካብ ቆልዕነተይ ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ብኩሉ ነገር ዝናበየኒ፣ ክንዲ ኣቦ ክንዲ ኣደ ዝኾነኒ ጎይታ ኣብ ሂወተይ ጥዒመዮ እየ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኤልሻዳይ፡ ኤልሮኢ፡ ወዘተ ዝብል ዝተፈላለየ ኣስማት እግዝኣብሄር ኣሎ። ኣነ ግን ንእግዝኣብሄር "ናባዩ" እየ ዝብሎ። ሕጂ ውንእዚ ኣምላኽ ጥንቲ፡ በይነይ ዝነበርኩ ናብ ስድራ የእትዩ ምስ ተኣምራታት እናገበረ ምስ ደቀይን ሰበይተይን የንብረኒ ኣሎ። ንዝተረፈ ህይወተይ ውን ከንብረኒ እሙን እዩ። ንሱ ዘሕፍር ኣምላኽ ኣይኮነን።

ሎሚ እታ፡ "ንርኢ" ዝበለትኒ ሰብ፣ ነቲ ኩሉ ግብርታት እግዝኣብሄር ኣብ ሓዳረይ ምስ ረኣየት፡ "ናይ ዳንኤል እንቋቑሖስ ቀስ ብቐስ ብእግራ ከይዳ።" ኢላ ተዕልል ኣላ። ኣነ ኸኣ ብኣምላኸይ ተኣማሚነ፡ "ብእግሪ ምኻድ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ክንፊ ኣውጺኣ ልዕሊ ስእነት፡ ልዕሊ ድኽነት፡ ልዕሊ ዝኾነ ሕጽረታት ከማን ክትበርር እያ!" ኢለ ኣብ መጸኢ ውን ዓቢ ግብሪ ከምዝገብረለይ ናይ እምነት ቃል እእውጅ ኣለኹ።

# ኩርናዕ - ደገኛ ሰበይቲ

ንደቂ ኣንስትዮ ዓሊማ ብደቂ ኣንስትዮ ክትዳለው ።



## ቅድመ ኹነታትና ንደርቢ

“ኣነ ‘ሃኒተይ!’ እናበለ ዘኾልሰኒ ብዓል ላንድ ክሩዘር እየ ዝምርዖ።” ትብለኒ ሓንቲ ሓፍቲ ነይራ። ንስለ ምባል ጥራይ ዘይኮነት ውን ከም ዘይነቓነቕ መርገጺ ንነዊሕ እዋን ሒዛቶ ተጓዒዛ እያ። ኣነ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓሳብ ኣብ ኣመንቲ ኣሎ ኢለ ኣይሓስብን እየ ነይረ። እዚ ምስ ሰማዕኩ፡ ኣዝየ ሰምበድኩ። ከረድኣ ውን ፈቲነ ነይረ። እታ ሓፍቲ ግን ናብቲ ናተይ ምኽሪ ክትኣቱ ድላይ ኣይነበራን። ሓደ ዝኾነ ላንድ ክሮዘር መኪና ዝዝውር ሓው መጺኡ ክሳብ ዝሓታ ክትጽበ እያ መሪጻ። ነዊሕ ዓመታት ተመርቂፉ። ዕድሜኣ ኸኣ ምስኡ ተወንጪፉ። ናይ ፍረ ግዜኣ ውን ሓሊፉ። እቲ ናይ ሕልሚ ብዓል ላንድ ክሮዘር ሰብኣይ ግን ኣይተረኸበን።

ምስ ምንዋሕ ግዜን ምስ ዘይምምጻእ ናይቲ ናይ ሕልሚ ሰብኣይን፣ እታ ሓፍቲ ነቲ ከቢድ ዋጋ ዘኽፈላ፣ ብዓል ላንድክሮዘር ምምርዓው ዝብል ቅድመኹነታ ደርበየቶ። ብድሕሪ እዚ ሓደ ሓው ንሓዳር ከምዝደለያ ኣዛረባ። “ክጽልየሉ እየ።” ኢላቶ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ፍቓድ ኣምላኽ ክትሓትት ናባይ መጸት። ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ጉዳይና፡ “ጎይታ ንዓና መጀመርታ ክነግረና ኣለዎ!” ኢና ንብል። ግን ናይ ውልቂ ሕልፍኛ ዘይብልናስ ምዓስ እዩ ክነግረና ንደሊ ዘሎና። እዛ ሓብቲ እዚኣ ምስ እግዝኣብሄር ብውልቃ ትራኸበሉ መሰውኢ ኣይነበራን። ስለዚ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብቲ ሕቶ ክትፈልጥ ኣይከኣለትን። ኣነ ክሓተላ እያ ናባይ መጺኣ። ከምዛ ሓውቲ፣ ከምዚ ዓይነት ሕቶታት ምስ መጸን ብዛዕባ ጉዳየን ክገልጹለን ነብያት ሃሰው ዝብላ ብዙሓት ኣሓት ኣለዋ።

ሽዑ ንኣይ፡ “ንስኻትክን ግን ዘይትምህራና?” በለትኒ። ኣነ ኸኣ፡ “ኣነ ድኣ ነጊረኪ እንድየ! ነቲ ንእግዛኣብሄር ምስራሕ ዝኸልኦ ቅድመ ኩነትኪ ሴርክዮ’ዶ? ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ኣቲኺ’ዶ? እግዝኣብሄር ኣምላኽ ኮ ንዓኺ እዩ ዝጽበ ዘሎ። ምኽንያቱ ክሰርሓኪ እንተኾይኑ እቲ ናትኪ ሓሳብ ገዲፍኪ፡ ‘ከም ፍቓድካ ክትሰርሓኒ እንህለኹልካ’ ክትብልዮ ኣለኪ። ሽዑ እዩ እግዝኣብሄር ምስራሕኪ ዝጥዕም። ንምኧኑ ኸ ከምቲ ትደልይዮን ትብልዮን ዝነበርኪ’ዶ ረኺብኪ? ” ኢለ ሓተትክዋ። ንሳ ድማ፡ “እዝስ ዋላ ሓንቲ ዘይብሉ ኣገልግሎት እዩ።” በለትኒ። “እሞ ኸ ድኣ? ኣብ ውሽጥኺ ብዛዕብኡ እንታይ ይስምዓኪ?” ኢለ ሓተትክዋ። “እንታይ ከምዝኾንኩ እንድዒ! ግን ከፍቅሮ ጀሚረ።” በለትኒ። ብዛዕባ እቲ ወዲ ተወሳኺ ዝርዝራት ምስ ሓተትኩዋ፣ ነቲ ሓዉ ኣዲኡ ብህይወት ስለዘየላ ጾር ናይ ኣብኡ ምእላይ ውን ኣብ እንግድዕኣ ከም ዝኮነ ነገረትኒ። ፍቕሪ ጸዋር ከምዝኾነት ድማ ብህያው ኣብነት ኣርኣየትኒ። ሽዑ ኣብኣ ናይ እግዝኣብሄር ስራሕ ከምዝጀመረ ተረዲአ። ክሳብ ሽዑ ዝጸንሐ ውን እቲ ዘቐመጠቶ ቅድመ ኹነት ምዕያይ ስለ ዝኸልኦ እዩ።

“ነዚ ሰብ ካብ ኣፍቐርክዮ፡ ኣብ ውሽጥኺ ውን ሰላም ኣምላኽ ካብ ሃለወ፡ ልዕሊ እዚ እንታይ ኢኺ ትደልዪ ዘሎኺ? ሰላም ዘለዎ ፍቕሪ ኣብ ውሽጥኺ እንተድኣ ኣሎ፣ እዚ ንባዕሉ ትንቢት እዩ!” ኢለ ነቲ ሕቶ ተቐቢላ ነቲ ሓዳር ክትኣትዎ ኣባራታዕኩዋ። እታ ሓፍቲ ኢዳ ናብ ኣምላኻ ሓፍ ኣቢላ ነገራ ናብኡ ምስ ደርበየት ተፍቅሮ መዋርስቲ ረኺባ። እቲ እነምልኾ እግዝኣብሄር ህያው ኣምላኽ ስለዝኾነ ኸኣ፣ ዋላኳ ናይ ውላድ ግዜ ሓሊፍዋ እንተነበረ፣ ኣብቲ ናቱ መስመር ምስ ኣተወት ኣብ ማህጸና ዕሸል ክትከል ገይሩ። እዛ ሓብቲ እዚኣ ሕጂ ኣደ ቆልዑ ኮይና ኣላ። ድሕሪ ግዜ ውን እግዝኣብሄር ብኹሉ ኣጸግይዋ እዩ።

ንሓሳበይ ዘራጉድ ናይ ሩት ኣብነት ውን ኣሎ። ንሩት እንተርኢናያ፣ ንሓዳር ዘቐመጠቶ ምንም ገንዘባዊ ይኹን ንዋታዊ ቅድመ ኹነት ኣይነበረን። ንሳ ኣብቲ ህያው ኣምላኽ እምበር ኣብ ዝኾነ ወድተብዓታይ ከተጽልል ኣይወሰነትን (ሩት2፡12)። ንእግዝኣብሄር ምንም ተስፋ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ብምሉእ ልባ ስለ ዝደለየቶ፣ እግዝኣብሄር ንቦኣዝ ዝመሰለ ሰብኣይ ሂብዋ። ካብዚ ኣብነት፣ ናይ እግዝኣብሄር ጽምኣት ናብ ዓቢ በረኸት የእቱ እምበር፣ ኣብ ሓደጋ ከምዘየውድቕ ኢና ንመሃር። ስለዚ እቲ ኣውራን ቀዳማይን ነገር ኣብ ህይወት ንእግዝኣብሄር ምቕዳምን ኣብኡ ምውካልን እዩ። ካብኡ ዝርከብ በረኸት ከኣ መወዳድርቲ የብሉን። ብወገነይ ውን ንመርዓ ዘቐመጥክዎ ቅድመኹነት ኣይነበረን። ምስቲ ንመርዓ ዝሓተተኒ መዋርስተይ ናይ ድሕረ-ባይታ ፍልልያት ከም ዘለና ምስ ርኣኹ፣ ከምዘለዎ ከፍቅሮ ክረድኣኒ እየ ናብ ኣምላኸይ ጸልየ። እግዝኣብሄር ከኣ ረዲኡኒ። እግዝኣብሄር ከኣ ንብዓል ቤተይ ምስ ኩሉ ድሕረባይትኡ ክቕበሎን ከፍቅሮን ገይሩኒ።

ብኣንጻር ናይዚ ድማ ናይ ሓንቲ ካልእ ሰብ ህያው ኣብነት ኣሎ። እዛ ሰብ ውን ናታ ዘቐመጠቶ ቅድመኹነታት ነይርዋ። እዚ ቕድመኹነታ እዚ ግን ብዋጋ ክርስትንኣ እያ ረኺባቶ። ልክዕ ከምቲ ትደልዮ ባህርን ትሕዝቶን ዘለዎ ሰብ ተመርዕያ። ክርስትንኣ ግን የለን። እቲ ዝመረጸቶ ሰብኣይ ዓለማዊ ስለ ዝነበረ ናብ ዓለም መሊስዋ።
እምነት እታ ናይ ሎሚ ጓል ናይ ጽባሕ ደገኛ ሰበይቲ ግን፣ ኣብ ከኣልነት እግዝኣብሄር እምበር፣ ኣብ ህሉው ቑጠባዊ ኩነታት ናይ ደቂ ተብዓትዮ ሓተትታ ዝተሰረተ ኣይኮነን። ንሳ ከም ቃል ኣምላኽ እያ ትነብር። ቃል ኣምላኽ ከኣ፣ “ኣምላኽ ጥንቲ መንበሪኻ እዩ።” እዩ ዝብል (ዘዳ33፡27)። ስለዚ ቅድመኹነታትና ካብ ገጽ ኣምላኽ ኣርሒቑ ካብ ህይወት ከየውጽኣና እንከሎ ከነወግዶ ኣሎና። ኣብ ልቦናና ኣይንጸጋዕ። ኩሉ ግዜ ንሓሳብ እግዝኣብሄር ኣብ ህይወትና ነቕድም። ኣብ ኩሉ መገድና ንዕኡ ንሕሰብ። ንሱ ኸኣ ኣካይዳና ከቕንዕ እዩ (ምሳ3፡5-7)።

# ዓምዲ - ኣነቓቓሒቲ ስብከታት

"ሓጺን ንሓጺን ከም ዝስሕሎ ከምኡ ኸኣ ሰብ ንብጻዩ ይስሕሎ" - ምሳ22፡17

## ተሓባእ !

እግዝኣብሄር (ብፍላይ ብ ኣብ ኤርትራ ንነብር ኣመንቲ) ብህይወትና ኣቢሉ ዝግለጽ፣ ጸጋን ቅብኣትን ንብዙሓት ህዝብታትን ዓሌታትን ንምድሓን ዝኸውን፣ ክሳዕ ወሰን ምድሪ ዝሽፍን ሓይሊ ከም ዝገልጽ፣ ኣብ ናይ እግዝኣብሄር ኣጀንዳ ተጻሒፉ ዝተወድአ ዕላማ ምዃኑ ብዙሕ እዋን ተዘሪቡሉ እዩ። ነዚ ሓይሊ ግን ከመይ ኢልና ኮን ንጽበዮ ንህሉ? ገለ ሰባት ዝተበላሸወ ናብርኦም ከይዓጀቦም ብልሳኖም እናውረዩ (ብዕላል)፡ ገለ ሰባት ከኣ ብተስፋ ጥራይ ገለ ከይገበሩ ይጽበዩ። ገለ ግን ነቲ ዝመጽእ ምንቕቓሕ ብቑዕ ንምኳን በቲ ዘለዎ ግዜ ብርኪ እናኸፈለ (እናጸለየ)፡ ርእሱ እናናገፈን፡ ብቓልን ብመንፈስን ምስ መንፈስ ቅዱስ ሕብረቱ ብምዕባይ ገጽ እግዝኣብሄር እናደለየ ይጽበ። ንስኻ/ኺ ካበየናት ኢኻ/ኺ?

ብዛዕባ እዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ክንገብር ከም ዘለና ከለብመና ኢሉ፡ "ንስኻ ክትጽሊ ከለኻ ናብ ቤትካ እቶ። ማዕጾኻ ዕጾ። ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ለምኖ። እቲ ብሕቡእ ዝርኢ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ ክኽሕሰካ እዩ።" ይብል (ማቴ6፡6)። ኣብዛ ጥቕሲ "ቤትካ" ትብል ቃል ኣብ Amplified, "Private room" (ሕልፍኚ) እዩ ዝብላ። "ክኽሕሰካ" ንእትብል ቃል ከኣ "reward" (ፍረ-ጻማ፡ ዓስቢ) እዩ ዝብል። እምብኣርከስ ሓደ ነገር ክርድኣና ኣለዎ። ክብሪ ደሊኻ? ብቕብኣት ክትግለጽ ደሊኻ? ሓንቲ እያ እታ መገዲ፣ ተሓባእ! ጽባሕ ክትከብር ሎሚ ተሓባእ! ብውልቅኻ ትጽልየሉን ቃል ኣምላኽ ተንብበሉን ግዜን ሕልፍኚን ፍለ።

ቃል ኣምላኽ፡ "ዘይግሃድ ሕቡእ የሎን! ናብ ብርሃን ዘይመጽእ ስዉር ድማ የልቦን" ከም ዝብል (ማሪ4፡22)፣ ካብ ኣዒንቲ ሰባት ዝተሓብአ (ዘይተገለጸ) ናይ ኣምላኽ ነገር፣ ግን ከኣ ሰባት ንኸርእይዎ ዝተመደበ ነገር ኣሎ። እዚ ዝተሰወረ ናይ ኣምላኽ ነገር፣ በቶም ዝተሓብኡ ሰባት እዩ በብግዚኡ ዝግለጽ። ነቲ ሕቡእ ክሳብ ሕጂ ዘይተገለጸ ነገር ክትገልጽ እንተኾንካ ምስ ጎይታ ብሕቡእ ትራኸበሉ ሕልፍኚ ኣዳሉ። ንገዛእ ርእስኻ ረቢሕካ ከኣ ንብዙሓት ምኽንያት በረኸት ክትከውን ኢኻ።

### ገለ ካብቲ ሕልፍኚ ኣብ ህይወትና ዘምጽኦ ረብሓ፡-

### 1-ሕልፍኚ ቅብኣት ዘባዝሕ ስፍራ እዩ!

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና፡ "እተዊ ድሕሬኺን ድሕሪ ደቕኺን ማዕጾ ሽጉሪ" ዝብል ቃል ኣሎ (2ነገ4፡4)። እታ ሰበይቲ ከኣ ነቲ ትንቢታዊ ቃል ሒዛ፣ ምስ ደቃ ናብ ቤታ ኣትያ ማዕጾ ብምዕጻዋ፣ እቲ ዝነበራ ውሑድ ዘይቲ ንምብዛሕ ምኽንያት ኮይንዋ እዩ። እቲ ዝተባዝሐ ዘይቲ ውን ዕድኣ ከፊሉ፡ ህይወታ ክትመርሕ ኣኽኢልዋ እዩ። እታ ሰበይቲ በቲ ዝተባዝሐ ዘይቲ ናይ ሓዋሩ ፍታሕ ረኺባ። ነቲ ዝነበረ ናይ ጥሜት ግዜ ውን ብሓጎስ ሰጊራቶ። ምስጢር ዓወት እዛ ሰበይቲ ቤታ ምእታዋ እዩ (2ነገ4፡1-7)።

ኣባኻ ዘሎ ጸጋ መመሊሱ ኰውስክ ዝገብሮ እዚ ምስጢር እዩ። እቲ እግዝኣብሄር ኣባኻ ዘንበሮ ሓይሊ መሊኡ ከንጀርብብ እንተድኣ ደሊኻ፡ ምስ ሰብ ተጻጊዕካ ብትረኽቦ ምንቕቓሕ ኣይትዘናጋዕ። ነቲ ዝረኸብካዮ ምንቕቓሕ ተጠቒምካ ናትካ ሕልፍኚግበር። ማዕጾኻ ውን ዕጾ። ኣብ ሕልፍኚ ተሓባእ። እታ ሰበይቲ በቲ ብሕቡእ ዝገበረቶ ብግህዶ ተኻሒሳ እያ። እዚዩ ዝተጋህደ (ዝርአ) ምግላጽ ጸጋ፡ መንፈሳዊ ዕብየትን፡ ፈውሲ፡ ተኣምራት.... ዝኸውን። ምሕባእ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ጸጋ ከም ዝባዝሕ ይገብር እዩ። እምብኣር ንዓወት ጽባሕ፣ ሎሚ ነዚ ጽባሕ ዝፍጽም ናይ ተስፋ ቃል ሒዝካ ተሓባእ! እዚ ብምግባር ኣብ ውሽጥኻ/ና ዘሎ ጸጋ ምብዛሕ ይኹን! ኣሜን!



### 2-ሕልፍኚ ንጸላኢ ነጥቅዓሉ ስፍራ እዩ!

እዚ ስፍራ "war room" ተባሂሉ ውን ይጽዋዕ እዩ። እዚ ሕልፍኚ ጽኑዕ ዕርዲ ስለ ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ክንዕወት የኽእለና እዩ። ዳዊት ንኣንበሳ፡ ንድብን ንጎልያድን ከውድቖምን ክስዕሮምን ዘኽኣሎ፣ ንኣምላኽ ኣብ ሕቡእ ስፍራ ስለ ዝፈለጦ እዩ (1ሳሚ17፡34-50)። ስለዚ ድማ እዩ፡ "ብስም እግዝኣብሄር እመጻካ ኣለኹ!" ዝበለ። እንዋግኦ ውግእ ኣድማዒ ዓወት ዘለዎ ክኸውን እንተድኣ ኮይኑ፣ ሕልፍኚ ክህልወና ኣለዎ። ኣብዚ ክፍሊ ተሓቢእና ክንዋጋእ ከለና ጸላኢ ኣብ ኣደባባይ ብግሁድ ወዲቑ ንርእዮ። ዓወት ናትና ይኸውን።

### 3-ሕልፍኚ ካብ እግዝኣብሄር ጥበብ ንምሃረሉ ስፍራ እዩ!

"ኣብ ሕቡእ ጥበብ መሃረኒ" ዝብል ጽሑፍ ከም ዘሎ (መዝ51፡6)፡ ሕልፍኚ ዘለዎ ኣማኒ ካብ እግዝኣብሄር ንህይወቱ ዝኾኖ ጥበብ ይሰንቕ እዩ። ኣብ ኩሉ ህይወቱን ኣገልግሎቱን ካብ መንፈስ ቅዱስ ብዝረኸቦ እዋናዊ ሓሳብ ድማ ይመላለስ። ኣብ ዓወት ድማ ይነብር። እዚ ድማ እዩ ብሕቡእ ጥበብ ምምሃር ማለት። እዚ ድማ እዩ ብጥበብ ተመሪሕካ ምውጋእ ማለት።

እምብኣርከስ ቅብኣትካ ተገሊጹ ንምንቕቓሕ ክትከውን፡ ንጸላኢኻ ከም ዳዊት ንጎልያድ ከተውድቖን ብጥበብ ዝተመላእካ ክትከውን እንተደሊኻ፣ ሕልፍኚ ኣዳሊኻ ኣብኡ ተሓባእ። ብግዚኡ ክትግለጽ ሎሚ ተሓባእ! ክውል በል! ተሓባእ! ተሓባእ! ተሓባእ!

# ዓምዲ ትምህርቲ

"ንስኻ ግና ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ኸም ዚግባእ ጌርካ ንገር"

ቲቶ 2:1

## ቅኑዕን ግጉይን ምህሮን ኣገልገልቱን
## 2ይ - ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፣ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ብትዕቢት ከም ዝወቅዕ፣ ካብቲ ትዕቢት ውን ዝተፈላለየ ክፉእ ነገራት እናተሞዝሓቐ ከምዝወጽእን ዝተፈላለየ ማእሰርትታት ከምዘስዕብን ርኢና ኔርና፡፡

ናይ ስሕተት ትምህርቲ፣ ነቲ መዕቀኒ ሓደ ክርስትያናዊ ህይወት ዝኾነ ፍቕሪ ክወቅዕ እንተኾይኑ፡ ፍርሂ ዘሕድር ትምህርትታት እዩ ዝህብ። እዚ እምነት ምስ ዝውቃዕ ፍቕሪ ከም ዝውቃዕ ከም ርዱእ ምስ ወሰድናዮ እዩ። ቃል ኣምላኽ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ንፍቕሪ ምስ ፍርሂ ከነጻጽር ኣንቢብና ኣሎና፡፡ ከም ክልተ ተጻረርቲ ነገራት ከም ዘቐመጦም ውን ኣስተውዒልና ኣሎና። እዚ ድማ ከምቲ ንትዕቢት ምስ ትሕትና ዘነጻጸሮ እዩ። ፍርሂ መንፈሳዊ ጥዕናኻ ኣብ ሓደጋ ከምዘሎ ዝሕብር ደወል እዩ፡፡ ቃል ኣምላኽ ኣብታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ፍርሂ ከምዘየልቦ ካብ ገለጸ(1ዮሃ4:18)፡ ክንፈርህ ክንጅምር ከለና ካብ ፍቕሪ ክንጎድል ከም ዝጀመርና ክንፈልጥ ኣሎና፡፡ እምብኣርከስ ፍርሂ ከምቲ ኣቐሊልና ንርእዮ ንእሽተይ ነገር ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብ ልብና ዘሎ ፍቕሪ ክወቅዕ ብሰይጣን ዝውርወር ፍላጻ እዩ፡፡

እዚ ፍላጻ ከኣ ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ኣትዩ ክዓዪ ግዜ ኣይወስደሉን። ንኣብነት ኣብ ኣዳምን ሄዋንን ፍርሂ ንክሲ ኣኸቲሉ ብቕጽበት እዩ ተገሊጹ (ዘፍ3:10-12)፡፡ ስለዚ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ፍቕሪ ከይተወቕዐ ከሎ፣ ከምቲ ንስስዐ ብይኣኽለኒ ምባል፡ ንትዕቢት ብትሕትና፡ ንምጥርጣር ብእምነት ንቃለሶ፡ ንፍርሂ ከኣ ብፍቕሪ ንቃለሶ። እዚ ኸኣ፣ ፍቕሪ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ናብ ውሽጥና ክፈስስ ዝሕግዙና ጽሑፋት (ብዛዕባ ፍቕሪ ዝተጻሕፉ ጥቕስታት)፣ ብተደጋጋሚ ኣናንበብና ፍልጠትናን እምነትና ብምዕባይ፡ ድራር ጎይታ (ናይ ፍቕሪ መኣዲ) ብምውሳድ፡ ብዛዕባ ፍቕሪ ኣምላኽ ብምስትንታን፡ ኣምላኽ ብፍቕሩ ክመልኣና ብምጽላይን፣ ብኢድ ኣንብሮ ካብ መንፈስ ፍርሒ ብምንጋፍን ኢና ክንቃለሶ ዘለና፡፡ ፍቕሪ ኣምላኽ እንተድኣ መሊእና ኢና ካብ ፍርሂ ሓራ ንኸውን።

ክሳብ ሕጂ ብሓፈሽኡ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ብናይ ትዕቢት፡ ክትዕ፡ ምጥርጣር፡ ፍርሂ፡ ክሲ፡ ሕሜት፡ ዝሙት፡ ስስዐ፡ ሓሶት፡ ህልኽ ወዘተ መናፍስቲ ከም ዝወቅዕ ተገንዚብና ኣሎና፡፡ ኣገልገልቲ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ኣብ ሓንቲ ማሕበር (ቤተኽርስትያን) እዚ ክገብሩ እንተኾይኖም፡ ኣቐዲሞም ክገብርዎ ዘለዎም ክልተ ነገራት ኣለዉ፡፡

ሀ-ቦታ ክሕዙ ኣለዎም

ለ- ረቐቕቲ ሜላታት ተጠቒሞም ኣጀንዳታት ድያብሎስ ከተግብሩ ኣለዎም

### ሀ- ቦታ ንምሓዝ ካብ ዝጥቀሙሉ ሜላታት

ናይ ሓሶት ኣገልገልቲ ብረቂቕ መገዲ ዝተፈላለዩ መናፍስቲ ኣስሊኾም ብምእታው ኣጀንዳታት ምዓሙቕ ከተግብሩ እንተኾይኖም፡ ኣብ ቤተክርስትያን (ኣብ ልቢ መእመን ንመራሕቲ ቤተክርስትያንን) ቦታ ክሕዙ ኣለዎም፡፡ እዚ ኣጋጣሚ ከኣ ክሳዕ ዝኸሰት ኮፍ ኢሎም ዝጽበዩ ዘይኮኑስ ክፈጥርዎ እዮም ዝፍትኑ፡፡ ነዚ ክገብሩ ገለ ካብ ዘዘውትርዎ ንጥፈታት፡-

1-ቆርበት በጊዕ ተኸዲኖም ንገዝእ ርእሶም ኣገልገልቲ ጽድቂ ከምስሉ ይፍትኑ። እሙናት፡ ትጉሃትን ጻጋ ዘለዎም ኣገልገልቲ ጽድቂ (መምህራን፡ ነብያት፡ መራሕቲ፡ ሃዋርያት፡ ኳሶት) ከም ዝኾኑ ከርእዩ (ከምስሉ) ይፍትኑ፡፡ ካብቲ ምስተን ናይ ብሓቂ ኣባጊዕ ከመሳሰሉ ዝኽደንዎ ቆርበት በጊዕ ገለ ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ቃል ኣምላኽ ሒዞም ይመጹ፡ ቋንቋ ኣባጊዕ ይዛረቡ፡ ብቋንቋታት ይጽልዩ፡ ብስም የሱስ ትእምርትን ተኣምራትን የገብሩ ወዘተ፡፡



ከምኡ ውን ፈቃራት፡ ሓለይቲ፡ ንጹሃት፡ ግሩሃት፡ ድምጺ እግዝኣብሄር ዝሰምዑ፡ ንእግዝኣብሄር ዝስዕቡ ኮታስ ህይወቶም ብፍረ መንፈስ ዝተመልአ ኣገልግለቲ ሙኳኖም ክርእዩ ይፍትኑ (የምስሉ)።

2-ኣብ ሓንቲ ቤ/ክያን ሰብ ገንዘብ (ሰብ ጸጋ) ኮይኖም ብምምጻእ ገንዘባዊ (ንዋታዊ) ሓገዛት ብምግባር ጸላዊ ቦታ ክሕዙ ይፍትኑ።

3-ስም ቅኑዓት ኣገልገልቲ ንምጥፋእ ጉድለታት ሃሰው ይብሉ (ማቴ22፡ 15-22)። ኣንጻሮም ናይ ሓሶት ክስታትን መሰኻኽርን ይእከቡ (ማቴ26፡59)። ንነገራት እናትዓባበዩ ዘይምስሎም የትሕዙ። መእመን ብመራሕቶም ከጣራጠሩ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ንመራሕቶም ዘለዎም እምነትን ፍቕርን ክጎድል ወይ ክጠፍእ ይገብሩ (2ቆሮ11፡12)።

4-ብዝተፈላለየ ህያባት (ገንዘባውን ንዋታውን)፡ ብዘረባ ቕብጥርን ጥበራን ሰዓብቲ የጥርዩ (2ሳም15፡1-6)።
5-ከም ቆራሓውያን ነቲ እግዝኣብሄር ዝቐብኦ ኣገልጋሊ ክዓልዉ ይንቀሳቐሱ። ብመገዲ ሰዓብቶም ምርጫ ክግበር ይደፍኡ።
6-ናይ ገለ ሕቶታት (ብዛዕባ ቁጠባ፡ ፈውሲ፡ ምንጋፍ) መልሲ ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ለ- ኣጀንዳታት ድያብሎስ ንምትግባር ዝጥቀሙሉ ሜላታት
ሓደ ሰብ ንርእሱ ወደ መዝሙር ዘይኮነ ንኻልእ ወደ መዝሙር ክገብር ከም ዘይክእል መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ እዩ። ናይ ስሕተት ኣገልገልቲ ድማ ደቀ መዝሙር ክፍርዩ ዝጽበ የሎን። ተልእኾኦም ውን ኣይኮነን። ተልእኾ ናይ ስሕተት ኣገልገልቲ በቲ ዝገብርዎ ዘየቋርጽ ዘመተ ኣብ ሓንቲ ቤተክርስትያን ቦታ ምሓዝን ንነፍሳት ከኣ ምስሓትን (ካብ እግዝኣብሄር ምዕላው) እዩ። ነዚ ኣጀንዳ ከሳኽዑ ካብ ዘዘውትርዎ ገለ ሜላታት እዚ ዝስዕብ እዩ:-
1- ናብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝኸልክሎ ነገራት ብረቒቕ ጥበብ የእትዉኻ።
ንኣብነት ኣብ ኣሻማዊ ነገራት ከም ትካታዕ ይገብሩ (1ጥሜ6፡20)። ከም ውጽኢቱ:-
1.1- ብህልኻዊ ክትዕ ንሓድሕድካ ከባልዑኻን ከጣፍኡኻን ይፍትኑ (1ሳሙ15፡ 23, ገላ5፡15)



1.2 - ፍቓድ ኣምላኽ ዘይኮነ ርድኢት ከስንቑ ይፍትኑ (1ጥሜ4፡1-5)
1.3- ኣብ መደምደምታ ዘይብሉ ነገር (ሃተውተው) ክሓድጉኻ ይፍትኑ (1ጥሜ6፡20)
1.4- ከም ውጽኢት በቲ ንዝሰምዖ ዘበለ ንበረኸት ዘይከውን ዘረባ

2-ካብ ኣውራ ነገርን እቲ ቅኑዕ መገዲ ምድሓንን ኣውጺኦም ኣብ ጽውጽዋያት ከም ተድህብ ይገብሩኻ (1ጢሞ1፡4, 1ጢሞ4፡7)። እምነትን ጸሎትን ኣብ ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ጽድቁን ማእከል ዝገበረ ክይከውን፣ ነዚ ሽፊኖም ናብ ቅዱሳን የጠምቱ። እዞም ጽውጽዋያት (ገድላታት) ከኣ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ክሳዕ ክንደይ ርሑቓት ምዃኖም መታን ክንዕዘብ፣ ካብታ ብ1913 ዓ.ም ብኣባ ገብረስላሴ ነዚ ጽውጽዋያት ንምጽራር ንህዝቢ ከኣ ቅኑዕ ፍልጠት ንምዕጣቕ ዝተጻሕፈት ናይ ምዕዶ መጽሓፍ ገጽ13-14) ገለ ክንርኢ ኢና።

ተኣምረ ማርያም፡ ሓደ ሰብዓን ሸሞንተን ነፍሳት ዝበልዐ ሰብኣይ፣ ብስም ማርያም ተለሚኑ ንሓደ ድዉይ፣ ሕፍኖ ማይ ስለ ዘስተየ፣ ብጽላሎት ማርያም ናብ መንግስተ ኣምላኽ ከም ዝኣተወ ይገልጽ። ገድሊ ኣባ ተኽለሃይማኖት፣ ኣባ ተኽለሃይማኖት ንሓደ ጋኔን ሕንዙ ምስ ኣውጽኡሉ፣ እቲ ጋኔን ተነሲሑ፡ ተጠሚቑ፡ ናብ መንግስተ ሰማይ ከም ዝኣተወ ይጸዊ። ገድሊ ኣባ ጋብር፡ ኣባ ጋብር ልዕሊ የሱስ ክርስቶስ ዋጋ ከም ዝኸፈለ የዘንቱ።

3- ኣብ ቁጽሪ ወለዶታት ከም ተድህብ ይገብሩ (1ጢሞ1፡4)። እዚ ናብ ትዕቢትን ክትዕን የምርሕ፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ካብ እሙንነት ኣዝቢሉ ምፍልላይ የስዕብ። ኣብ ዝሓለፈ ምህሮ ወልፊ ክትዕ ከም ሕማም ዕቡድ ከልቢ ከም ዝምሰል፡ ካብ ክትዕ ምህዳም ከኣ ካብ ናይ ስሕተት መንፈስ ምህዳም ምዃኑ ተረዲእና ኔርና።

4- ናብ ሕጊ መሊሶም ካብ እግዚኣብሄር የዕልዉኻ። ናብ ሕጊ ምምላስ ማለት ካብ የሱስ ክርስቶስ ምፍላይ ካብ ጸጋ ከኣ ምውዳቕ እዩ (ገላ3፡1-3, 1ጢሞ1፡7, ገላ5፡12, ገላ5፡4)።

5-ናብ ኣምልኾ ጣኦት ዝመርሕን ኣንጻር እግዚኣብሄር ዘኾትትን ትእምርትን ተኣምራትን ይገብሩ (ራኢ13፡3-5, ዘዳ13፡ 1-4)። ንነፍሳት ከኣ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘይኮነ ኣብ ትእምርትን ተኣምራትን ይስርቱ።

6-ካልእ የሱስ ሰቢኾም ካልእ መንፈስ የቕብሉ (2ቆሮ11፡4)።

7- ኣብቲ ቃል ኣምላኽ ህደሙ ዝበለና ኣርእስታት (ዝሙት፡ ኣብ ዕላል ኣንስቲ፡ ትምኒት ጉብዝና፡ ፍቕሪ ገንዘብ - 1ጥሜ6፡ 11፡ 2ጥሜ2፡22) ከይንሃድም ብስም ጸጋ ኣንጻር ቃል ኣምላኽ ደው ክንብል ይሰብኩ። ኣብዚ ጉዳይ ግን ጸጋ ኣምላኽ ንምህዳም ሙኳኑ ከነስተውዕል ይግባእ።

7.1- ካብ ዕላል ኣንስቲ ምህዳም ማለት ካብ ዝሙት ምህዳም ማለት እዩ። ምኽንያቱ እቲ ንዝሙት ዝድርኽ (ትምኒት ዘሕድር) መንፈስ ኣብቲ ዕላል ስለ ዘሎ።

7.2 - ትምኒት ጉብዝና (2ጢሞ2፡22) ናይ መስተን ሽኽራንን፡ ሓይልኻ ወዘተ ከተርኢ ናይ ምድላይ ትምኒታት።

7.3- "ካብ ፍቕሪ ገንዘብ ህደም!" ይብል። ንሶም ግና ሓባቢሎም ናብ ፍቕሪ ገንዘብ እዮም ከእትዉኻ ዝጽዕሩ። ካብ መጀመርትኡ ክትጥንቀቐሉ ኣሎካ። ምንጪ እቲ ገንዘብ ካበየናይ መንፈስ እዩ ክትፈልጥ ኣሎካ። ውሽጥኻ ዘይተቐበሎ ነገር ምቕባል ጽቡቕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሽጋር ክህልዎ ስለ ዝኽእል።

8- ብስም ትሕትና ንመልኣኽቲ ክትሰግድ ብምግባር ነቲ ዓስቢ ዓወት ክዝርፉ ይፍትኑ (ቆሎ2፥18, ራኢ22፥8-9)። በዚ መዐንቀፊ ውን ካብ ኣውራ ነገር ናብ ጓል መገዲ ይመርሑ።
9- ስርዓት ኣምላኽ ሓዲጎም ትምህርቲ ትእዛዛት ሰብ እናምሃሩ ንኸንቱ እግዚኣብሄር ከም ዝምለኽ ይገብሩ (ማቴ15፥9)።

10-ጥቕስታት ቆናጪሎምን ቃል ኣምላኽ እናጠዋወዩ ግጉይ ዝኾነ ርድኢት የስንቑ (2ጴጥ3፥16)፡፡ ካብቲ ምህሮ ምፍልላይን መዓንቀፍን ይገብሩ (ሮሜ16፥17-18)። ንኣብነት፡- "ሓንሳእ መንፈስና ስለ ዝድሓነ ብስጋና ሓጢኣት እንተገበርና ጸገም የብሉን።"ዝብል ምስ ሓጢኣት ዝሓናፍጽ ትምህርትታት ይምህሩ።

11- ዝተፈላለየ ጣኦታዊ ምህሮታት (ምህሮ በልዓም፡ ምህሮ ኤዛቤል፡ ምህሮ ኒቆላውያን፡ ካልእ ቑናን ምህሮታትን) ይምህሩ፡ ንጣኦት ዝተሰውአ ምብላዕ የተባብዑን ማሕበር የመንዝሩን፡፡ ኣብዚ ከይተቖጠቡ፣ መኣዝን ቤተ ኽርስትያን ዘስሕትን ሓድሕድ ዘተሃናኹትን ካብ ክውንነት ዝርሓቐ ትንቢታት፡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዘይኮነ ስርዓታትን መምርሒታትን ናጽነታትን (ናጽነት ናይ ኣከዳድና፡ ዘይቅቡል ርክብ ኣንጻር ጾታ ወዘተ) ናብታ ማሕበር የእትዉ።

12- ከንቱ ዝኾነ ዘረባ ትዕቢት እናተዛረቡ ብፍትወት ስጋን ብርኽሰትን ነቶም ካብቶም ብስሕተት ዚነብሩ ሕጂ ቕሩብ ዘምለጡ ይሓባብሉ (2ጴጥ2፥18)።
13- ንሳቶም ንርእሶም ባሮት ጥፍኣት ክነሶም፡ "ሓራ ኽትወጹ ኢኹም።" እናበሉ፡ ካብ ሓቂ ዝርሓቐን ዘይፍጸምን ተስፋ ይህቡ (2ጴጥ2፥19)። ዝፍጸም ተስፋ ኣብ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ ዘሎ። ካብ ፍቓድ እዚ ኣምላኽ እዚ ወጻኢ ዝወሃብ ተስፋታት ድማ ዘይቅቡልን ናይ ምትላልን እዩ።

14- ነታ ሕብረት ምስ ዓበይቲ ናይ ኣምላኽ ሰባት ወይ ውን ምስ ካልኦት ማሕበራት ዝነበራ ሕብረት ይፈልይዋ። ንሳቶም ጥራይ ድማ ኣውራታት ይኾኑ። ካብ ፍቓዶም ንዝወጹ መእመንን ኣገልገልትን ድማ ይሶጉ (3ዮሃ1፥9)።

15- ዝኾነ ኣማኒ ካብ ሰዓርቲ ዝበልጽ ክንሱ (ሮሜ8፥37)፣ ነዚ ሓቂ ብሓሶት ዝብርዝ፡ ንኣማኒ ኸኣ ዘቆናጽብን ሓይሉ ዘድክምን ረቂቕ ትምህርትታት ይህቡ። ኣብዚ ከንፈልጦ ዘሎና ሸሕ እኳ ረቂቕ ኣሰራርሓ ዝጥቀሙ እንተኾኑ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ መንፈስ ዘየጥፍእ ኣማኒ ግን ቅሉዓትን ዘይቅቡላትን እዮም።

16- ካብ ሓልዮት ሓዳር ነጻ ኳንካ ን እግዚኣብሄር ምግልጋል ብዝብል ሓሳብ ግጉይ ርድኢት ብዛዕባ መውስቦ የሕድሩ። ዝኾነ ሰብ ጸግኡ ከየስተውዓለ ኣብዚ ሓሳብ ክኣቱ ብምድራኽ ድማ ኣደዳ ትምኒትን ዝሙትን ከም ዝኸውን ይገብሩ (1ቆሮ7፥7-9, 1ጢሞ4፥3)።

17- ብኢድ ኣምብሮ መርገም የምሓላልፉን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዘይኮነ ቃላት ክትእውጅ ይደፋፍኡን። ብኢድ ኣምብሮ በረኸት ወይ መርገም ከም ዝመሓላለፍ ርዱእ ኮይኑ (ሌዋ16፥20-22)፡ ርእሰኻ ንመን ትህብ ምፍላጥ ግን ብስለት እዩ።

18- ኣብ መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቅን ኣብ ክንዲ ምትኳር ኣብ ፈውሲ፡ ምንጋፍ፡ በረኸት፡ኣብ ካልኦት ዓለማዊ ነገራትን ኣተኩሮም ብምስራሕ ህዝቢ ኣምላኽ ብምድራዊ ነገራት ዝጠላለፉ መፈንጥራታት ይሰርሑ።

19- ጸጋታት ቤተ ኽርስትያን ወንጌል ኣብ ምስፍሕፋሕ፡ ንኣገልገልቲ እኹል ገንዘብ ከፊልካ ኣብ ኣገልግሎት ከም ዘድህቡ ኣብ ምግባር፡ ኣብ መበለታትን ዘኽታማትን ኣብ ክንዲ ዝውዕል፡ ኣብ ግጉይ መዓላ የውዕልዎ።

20- ነቲ ሓቂ ዝፈለጠ ወገን የሳድዱ፡ ነቶም ብደገ ዘለዉ ድማ ነቲ ክርስቶሳዊ ህይወት ብሂጎም ምእንቲ ከይኣትዉ፡ ኣብ ውሽጢ ኮይኖም ብሕማቕ ግብርታቶም ሓጺሮም ይኽልክልዎም። ብሰሮም ውን እታ ቅንዕቲ መገዲ ትጽረፍ (2ጴጥ2፥3)።

21- በብቕሩብ ንዓንድታት ቤተ ኽርስትያን ከድክሙ ይፍትኑ። ናይ ጸሎት ጉጅለታት፡ ናይ ቃል ሓቂ (መምህራን ወይ መገብቲ) ጉጅለ፡ ናይ ኣምልኾ ጉጅለታት፡ ናይ ወንጌላውያን ጉጅለ ወዘተ፣ ብዝተፈላለየ ስርዓታትን ሕግታትን ኣሲሮም መንፈሳዊ ኣገልግሎቶምን ሓርነቶምን ብምሕጻር ከድክምዎም ይሰርሑ።

22- ብዛዕባ ስላሴ ዝተዛብዐ ትምህርቲ ይምህሩ። ገለ፡ "የሱስ ክርስቶስ ቦኽሪ ፍጥረት እዩ።" ይብሉ። ገለ ንኣካልነትን ንኣምላኽነትን መንፈስ ቅዱስ ብምንጻግ "ሓይሊ ኣምላኽ እዩ።" ይብሉ። ገለ ኣብ ብሉይ፡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብዝተፈላለየ መገዲ ዝተገለጸ፡ ሕጂ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጹ ዘሎ የሱስ ጥራይ እዩ። ስለዚ የሱስ ጥራይ እምበር ስላሴ ዝብሃል የለን ኢሎም ሰረተ እምነት ይነድፉ።

23- ምንቅስቓስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ብምኽልካል የሱስ ክርስቶስ ከይግለጽ ይኽልክሉ።

ህዝቢ ኣምላኽ ኣዚና ብርቱዓት ህዝቢ ኢና። ካብ ስዓርቲ ኣዚና ከም እንበልጽ ተጻሒፉልና ኣሎ። ኣምላኽና ወትሩ ናብ ዓወት እዩ ዝመርሓና። ኣብ ቅድስና ከሎና ድማ ክስዕረና (ክመልከና) ዝኽእል ሓይሊ የሎን። ከም ንሓደ ገይርና ኢና ንብዘሎ ጻላኢና እንወቅዕ (መሳ6፥16)። ኣብ ከረን ኣብ እንመላለሰሉ ግዜ ውን ኣዒንትና ከፉት እዩ። ኣብ ቅድሜና ዝፍንጠር መፈንጥራታት ከኣ ከንቱ እዩ። ግን ንኣዒንትና ኣዕዊሩ ንጸላኢ ሓይሊ ዝህቦ ሓጢኣት ኣሎ። ሽዑ እዩ ጸላኢ ዝመልኽ (ዳን8፥12)።




ስለዚ ብሩኻት ኣሕዋት፣ እግዚኣብሄር ሓይልና ክኸውን ዝገብሮ ቅድስናና እዩ እሞ ቅድስናና ንሓሉ። ጎይታ ይባርኽኩም!

--------------/ ይቕጽል /--------------



# ዓምዲ ኣማንን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን

“ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መምፈስ ቅዱስን ምስ ኩላትኩም ይኹን። ኣሜን!” - 2ቆሮ13*13

## መንፈስ ቅዱስ የፍቅረና እዩ!

ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ብዙሓት ኣመንቲ ዘሎ ርድኢት ሚዛናዊ ኣይኮነን። ኣብ ገለ ሸነኹ ኸኣ ካብ ሓቂ ዝርሓቐ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ንመንፈስ ቅዱስ ብልክዕ ዝውክል ፍልጠት ኣይጸንሐን። “ንመንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ኣይሕደገሉን እዩ።” ሉቃ12፡10 ፡ “ነቲ ንምዓልቲ ምድሓን ዝተሓተምኩምሉ ናይ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጉህይዎ” ዝብላ ኽልተ ጥቕስታት ሒዝና ኢና ንመንፈስ ቅዱስ ክንፈርሖን ዘይምስሉ ክንህቦን ዝጸናሕና (ኤፌ4፡30)።

እቲ ምሉእ ሓቒ (ምሉእ ወንጌል) ግን ንሱ ኣይኮነን። ብርግጽ በቶም ንምኽሩን ተግሳጹን ግዲ ከይገብሩ ኣብ ሓጢኣት ቆምጣዕጣዕ ዝብሉ ኣመንቲ፡ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝጉሂን ከም ዝሓድጎምን ሓቒ እዩ። እንተኾነ ግን እዚ ድሕሪ ብቓላት ክግለጽ ዘይክእል ዓቕልን ነቐፉን እዩ። እምበር ከም ተጻባጻቢ ንጉድለትና ክጸናጸን ዝጸንሕ እሞ ብኡብኡ ኸኣ ዝሓድገና ኣይኮነን። መንፈስ ቅዱስ ንድኻምና ዝድግፍን ዘበርትዕን እምበር ደኻምና ተቓጽዩ ጠንጢኑና ዝዕዘር ኣምላኽ ኣይኮነን።

ከምዚ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ክሳብ ሕጂ ከም ዝጉህን ዝሓድግን እንድዩ ክግለጽን ክሰበኽን ጸኒሑ፡ ሎሚ ግና ፍቕሩ ክብስር እዩ።

ከላትና ከም እንፈልጦ ፍቕሪ ብቓልን ብተግባርን እምበር ብቓል ጥራይ ኣይኮነን ዝግለጽ። ኣቦ ስለ ዘፍቅረና ነቲ ሓደ ወዱ ሂቡና። ጎይታ ስለ ዘፍቅረና ህይወቱ ሂቡና። መንፈስ ቅዱስ ውን ስለ ዘፍቅረና ናይ ዘልኣለም ህይወት ከውርሰና ምሳና ኣሎ። ክመርሓና፡ ክምህረና፡ ክድግፈናን ናብ ዕረፍቲ ከብጽሓናን ምሳና ኣሎ (ዮሃ16፡13-14፡ ኢሳ63፡14፡ ይሁ1፡20፡ ሮሜ8፡26)።

መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ኣምላኽ ሰባት ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ዝጽሓፍዎ ቃል እግዝኣብሄር እዩ። ኣብዚ ቅዱስ መጽሓፍ ካብ ፍቕሪ ዘይኮነ ግብርታት ኩሉ ቅቡል ከምዘይኮነን፡ ኩሉ ግብርታት ካብ ፍቕሪ ክግበር ከምዘለዎ ኣጽኒዑ ይዛረበሉ እዩ። ስለዚ ግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ፍቕሪ እንተዘይኮይኑ፡ ኩሉ ግብርኹም ከኣ ብፍቕሪ ግበርዎ ይብል እንተድኣ ኣሎ፡ እዚ ግብዝና እዩ ክኸውን።ግን ከምኡ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ፍቕሪ መንፈስ ቅዱስ ኣዝዩ ዓምዩቕ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ኸኣ ብግብሩ ዝግለጽ እዩ። ክምህረና ከሎ ብፍቕሪ እዩ ዝምህረና። ክጸናንዓና ከሎ ብፍቕሪ እዩ ዘጸናንዓና፡ ክመርሓና፡ ክመኽረና... ከሎ ብፍቕሪ እዩ ዝገብሮ።

ፍቕሪ መንፈስ ቅዱስ ኣባና ንሓደ ደቒቕ ውን ትኹን ክንዝንግዖን ክንጠራጠሮ የብልናን። “ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ!” ክብል እቲ ጽሑፍሲ ንመንፈስ ቅዱስ ኣዋሲኑ ድዩ ከምኡ ዝበለ? “ፍቕሪ ኣይተቋርጽን እያ!” ዝተጻሕፈስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍቕሪ ዘማእከለ'ዶ ኣይኮነን። ኣሕዋተይ መንፈስ ቅዱስ ውን ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ኣይሓድግን እዩ። ኣይጥንጥንን እዩ። ዕሸሽ ኣይብልን እዩ። ኣይምረርን፡ ኣይቕየምን፡ ኩሉ ይጸውር፡ ኩሉ ይዕገስ እዩ። ስለዚ ከምቲ ኣብ ኣእምሮና ተቐሪጹ ዘሎ ክሓድገና ዘይኮነስ ንኽንወርስ ክሐይለናን ከኽእለናን፡ ናብ ኩሉ ሓቒ ክመራሓናን ናብ ዕረፍቲ ከብጽሓናን እዩ መጺኡ ዘሎ (ኢሳ63፡14 ፡ ሮሜ15፡13)። ኣረ ንዘልኣለም ኣለም ኣይሓድገናን እዩ።



ዘይሓድገናስ ህይወትና መንቅብ ዘይብሉ ናይ ፍቕርን ቅድስናን ህይወት ስለ ዝኾነ ድዩ? ኣቱም ኣሕዋተይ ነዛ ህይወትና እሞ ነዛ ሓንሳብ ነስተውዕለላ። ነቲ ካብ ኣፍና ዝወጽእ ቃላት እሞ ነስተብህለሉ። ኣእምሮና ብግቡእ ዘይምሕዳስናን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዘይኮነ እነሰላስሎ ሓሳባትናን፡ ተንቀሳቀስቲ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ክነስና እንመላለሰሉ ጎደናታት፡ እዝን ካልእን ኣስተውዕል እንተ ኣቢልናሉስ፡ ጻድቕ ነፍሲ ሎጥ እኳ ኣብ ሶዶምን ጎሞራን ዝተሰቀየት፡ መንፈስ ቅዱስ ደኣ ክሳዕ ክንደይ በቲ ኣባናን ኣብ ከባቢናን ዘሎ ነገራት ዘይስቀ? ግና እናተሰቀየ ምሳና ይነብር ኣሎ።

እናተሰቐየ ምሳና ዘንብሮ ዘሎኸ እንታይ ድዩ? ፍቕሪ ዶ ኣይኮነን? ከይሓድገናን ከይጥንጥነናን ዝገብሮስ ፍቕሪ'ዶ ኣይኮነን? ብዘይንገር እህህታ ክጽልየልና ዝገብሮስ ፍቕሪ'ዶ ኣይኮነን? ስለዚ መንፈስ ቅዱስ የፍቅረና እዩ። ፍቕሩ ከኣ ብግብሩን ብህላውነቱን ይገልጸልና ኣሎ።

ብመጠን እቲ ሓጢኣት ዝገበርናዮ ጉህዩን ተሰቅዩን ዝሓድግ ነይሩ እንተዝኸውን ሕጂ መብዛሕቴና ኣብ ቤት ኣምላኽ ‘ዶ ምሃለና? ኣይመስለንን! ግን መንፈስ ቅዱስ ከምቲ እቲ ኣብ ኣእምሮና ብጌጋ ዘቐረጽናዮ ኣይኮነን! ምኽንያቱ ስለ ዘፍቅረና ኣይሓደገናን - ጸሩና ኣሎ፡፡ ሙሴ’ኳ ብዓቕሉ (በቲ ኣብኡ ዝነበረ ጸጋ) ንእስራኤላውያን ዝጸረስ መንፈስ ቅዱስ ደኣ ክሳዕ ክንደይ ብፍቕሩን ብዓቕሉን ዘይጸረና። ብሓቂ ውን ጸይሩና ኣሎ።

ሓይሊ ምሕረት ፍቕሪ እዩ። ብመጠን እቲ ዘለና ፍቕሪ ኢና ምሕረት ንገብር። መንፈስ ቅዱስ ውን ብመጠን እቲ ንዓና ዘለዎ ብቓላት ዘይግለጽ ፍቕሪ ምሕረት ይገብረልና ኣሎ። ስለዚ ድማ ኢና ኣነን ንስኻትኩምን ብምሕረቱ ኣብ ቤት ኣምላኽ ዘሎና።

ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ርእሲ እቲ ንዓና ዘለዎ ፍቕሪ ውን ሓደራ ኣለዎ! ሓደራ ናይ የሱስ! ፍቕሪ ኣለዎ! ፍቕሪ ናይ የሱስ! መንፈስ ቅዱስ ንየሱስ ዘለዎ ፍቕሪ ኸኣ ምሳና ብሙኳን እዩ ዝገልጾ። ስለዘፍቀረና ኣይሓደገናን - ምሳና ኣሎ፡፡ ነቲ ብኽቡር ዋጋ ዝተበጀወና የሱስ ክርስቶስ ስለ ዘፍቅሮ ውን ኣይሓደገናን - ምሳና ኣሎ። ገለ ኣሕዋት ከም ዝበልዎ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ናይ ሓደ ጉዕዞ ትኬት ቆሪጹ እዩ ናባና መጺኡ ዘሎ። ክሓድገናን ክጥንጥነናን ሓሳብ ኮነ ድላይ የብሉን።

ስለዚ ኣሕዋተየ! ንፍቕሪ መንፈስ ቅዱስ ንፍለጦ። ንመንፈስ ቅዱስ ከኣ ከም ኣፍቃሪናን ደጋፊናን ናይ ዘልኣለም ኣለም መናብርትናን ተቐቢልና፡ ብፍቕርን ብዘይፍርህን ንቕረቦ። መንፈስ ቅዱስ ስለ ዘፍቅረና ምስ ኩሉ ጽያፍና እንከለና ብሓጢኣት እናረትዐ ብደም የሱስ ከኣ እናንጽህ ምሳና ይነብር ኣሎ፡፡ ንሕና ድማ ከም መግለጺ ንዕኡ ዘለና ፍቕሪ፡ ኣእምሮና ብምሕዳስን ብቕድስና ብምምልላስን ካብ ስቓይ ነዕርፎ፡፡ በዚ መገዲ እዚ ውን ፍቕርና ንግለጸሉ።

## መንፈስ ቅዱስ ብፍቕሪ

1- ንኹሉ ይምህረና (ነህ9፡20 ፡ ዮሃ14፡26)
2- ጎይታ ዝነገረና የዘክረና (ዮሃ14፡26)
3- ሰላም ይህበና (ዮሃ14፡27)
4- የጸናንዓና (ዮሃ14፡26)
5- ይረትዓና (ዮሃ16፡28)
6- ነቲ ዝመጽእ የፍልጠና (ዮሃ16፡13)

7- ንየሱስ ኣባና የኽብሮ (ዮሃ16፡14)
8- ናብ ኩሉ ሓቂ ይመርሓና (ዮሃ16፡13)
9- ናብ ዕረፍቲ የብጽሓና (ኢሳ63፡14)
10- ንስጋና ሓራ የውጽኦ (ሮሜ12፡1)
11-ንስጋና ህያው ይገብሮ (ሮሜ8፡11)

12- ንነገራት ክንርድኦም ኣእምሮ ይህበና (1ቆሮ2፡4)
13- ንኹሉ ክንምርምር የኽእለና (1ቆሮ2፡15-16)
14- ንሱ ብዝምህረሉ ቃል ክንዛረብ ይረድኣና (1ቆሮ2፡13)
15- ብዘይ ንገር እህህታ የማልደልና (ሮሜ8፡26)
16- ብትብዓት ይመልኣና (ግሃ4፡31)
17- ሓይሊ ይህበና (ግሃ2፡2-3/ መሳ14፡5-6)

## መንፈሳዊ ሕደማ

### ብየሱሰይ ሓራ ኮይነ

ካብቲ ናይ ሓጢኣት ሞት መውጽኢ ስኢነ
ሳልልን ታሕትን ክብል ቅሳነት ስኢነ
ሓራ ምኳነይሲ ኣየስተውዓልክዎን
ብየሱሰይ ሕጂ ተረዲኣዮ እየ
ብመዝሙር ምስጋና ከዘንትዎ’የ

ብየሱሰይ ሓራ ኮይነ’የ- በቲ ደሙ ነጻ ወጺአ እየ
ሓራ ምእንቲ ክኸውን ኢሉ - ክርስቶስ ሓራ ኣውጺኡኒ
ኣሰይ ንየሱሰይ ክዝምረሉ’የ
ከም ዝተፈትሐት ብተይ ክዘለሉ እየ x 2

ንሓጢኣት ባርነት ዝተሰከምክዎ
ብፍቓድ ናይ ስጋ’ውን ዝጎየኽዎ
ፍጹም ኣኽቲሙ እዩ - ኣምላኽ ቆሪጽዎ
የሱስ ኣብ ህይወተይ ጎይታ ገይረዮ’የ
ደጊም ብኣርዑት ባርነት ኣይቁረንን’የ።

ተደጋጋሚ
ከምታ ተኣሲራ ዝነበረት ዒሉ
ጎይታ ክኸብረላ ፈቲሖም ዘምጽኡሉ
ኣነውን ብብዙሕ እሱር እየ ነይረ
የሱስ ክኸብረለይ ተፈቲሐ እየ
ደጊም ሓድሽ ፍጥረት ኮይነ እየ።

ተደጋጋሚ
ብዝተሰወረን ብዝተሓላለኸን
ምስጓም ዝኣብየካ ፍጹም ተኣሲረ
ንሱ ግን በለኒ ውጹእ ሓራ ኢኻ
ዝኣሰረካ ኩሉ በታቲኸዮ ኢየ
ካብ ሂወትካ ከኣ ኣንከራርየዮ’የ።

ተደጋጋሚ
ኩሉ እቲ ዝኣስረኒ ተበቲኹ እዩ
ኣርዑት ካብ ክሳደይ ተሰይሩ እዩ
ደጊሙ ዝኣስረንን ዝመልከንን የለን
ብየሱሰይ ደጊም ተፈቲሐ ኢየ
ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ክልወጥ እየ።

ተደጋጋሚ
ብዘመርቲ ዮናታንን ሶሱናን

# ኩርናዕ - ሒደት ብዛዕባ

## ስም የሱስ

እግዝኣብሄር ዝሰመሮ ስም እዩ (1ዮሃ3፡23)
ልዕሊ ኩሉ ክብ ዝበለ ስም እዩ (ፊሊ2፡9-11,ቆሎ1፡19)
ኩሉ ብርኪ ዝሰግደሉ ስም እዩ (ፊሊ2፡9-11)

### ስም የሱስ

ቀርንና ዘልዕል ስም እዩ (መዝ89፡24)
ልዕሊ ኩሉ ኣስማት ዘግዝእ ስም እዩ (ፊሊ2፡9-11)
ዝፍውስ ስም እዩ (ግሃ3፡6)
ዘጠምቕ ስም እዩ (ግሃ10፡48, 19፡5)
ኣምልኾ ዘዕርግ ስም እዩ (መዝ89፡12)

### ስም የሱስ

ንምህለለሉ ስም እዩ (መዝ80፡18)
ብእኡ ለሚንካ ዘየሕፍር ስም እዩ (ማሪ16፡23-24)
ንዋግኣሉ ስም እዩ (መዝ118፡8-12)
ንጻድቕ ዘዕቁብ ጽኑዕ ግምቢ እዩ (ምሳ18፡20)
ኣህዛብ ዝፈርሕዎ ስም እዩ (ግሃ4፡18, መዝ102,15)

### ስም የሱስ

ህያው ስም እዩ
ኣብ ኩሉ ምድሪ ግሩም ዝኾነ ስም እዩ (መዝ8፡1)
ኣጋንንቲ ዘውጽእ (ዘናግፍ) ስም እዩ (ግሃ16፡18)
ሓይሊ ዝገብር ስም እዩ (ማቴ7፡22)
ንኹሉ ኣስማት እግዝኣብሄር
ዝጠቕለለ ስም እዩ (ማቴ28፡19-20, ግሃ10፡48)

### ስም የሱስ

ልዕሊ በረኸትን ምስጋናን ልዕል ዝበለን
ኣብ በረኸትን ምስጋናን ዘእቱ ስም እዩ (ነሀ9፡5)
ሓደ ካብ ተልእኾ ጎይታ የሱስ ንስሙ
ንደቂ መዛሙርቱ ከፍልጦም እዩ (ዮሃ17፡26)
ስም የሱስ ዘይጽውዕ ህዝቢ
ቁጥዓ እግዚኣብሄር ይከዓዎ (መዝ79፡6-7)

### ስም የሱስ

ከም ሓዊ ዝባላዕ ስም እዩ (ኢሳ30፡27)
ንጸላእቱ ዝቆርጽ ስም እዩ (መዝ118፡10-12)
ኣብ ዓመጻ ዘይጽዋዕ ስም እዩ (2ጥሜ2፡19)
ከም ቅብኢ ዝፈስስ ስም እዩ (መሃ1፡3)
ዘድሕን ስም እዩ (ሮሜ10፡12-13, ግሃ4፡13)

# ኩርናዕ - ምኽርን ጣዕናን

## መኣዲ ቀለሲ

ደርማስ ምንቅስቃስ ናይ መንፈስ ቅዱስ እናኣተና ኣብ እነሳጉመሉ ዘሎና ህሞት፣ ከመይ ዝበለ ወለዶ እናሃነጽናን እናተካእናን ንሰርሕ ከም ዘሎና ክንመሚ፣ ህድእ ኢልና ዕዮና እንግምግመሉ ግዝያት ሕጂ'ዩ። ዘመን ክዕጾ፣ ናብ ክርስቶስ ምእካብና እናፈጠነ ይግስግስ። እቲ ኣምላኽ ኩሉ ፍጥረት እ/ሄር ጎይታ ሰራዊት ድማ፣ ናብ ማእከል ተኺሉ ዝለኣኽ፡ ምርኮ እናበዝበዘ ስለ ቃል ህይወት ንርእሱ ሓደጋ ከቃልዕ ዘየማትእ: ብርእሱ ንርእሱ ምንባር ቶባእ ዝበለ: ንዝተወልደሉ ሓቂ ግና ብፍቕሪ ዝስዕብ፡ ወትሩ እናነደደ ዘብርህ: እናሓቐቐ ዘመቅር: ወለዶ ከተንስእ ደገ ተራሕዩ (ኣርሕዩ) ኣሎ። ጎይታ፣ ኣብ ልዕሊ እዚ፣ ምድሪ ብቕዱሳን ክትበሓት ወግሐ ጸብሐ ዝተግህ: ናይ ጽድቂ ተጽዕኖ ከምጽእ ጎደናታትን ቅራና መገድታትን መድረኻቱ ዝገብር እምበር ብናይ ምኹራብ ኣኼባ ጥራይ እናሰሓነ ነፍሱ እምብዛ ከኽብር ንዘይብህግ ሰራዊት ክገልጾ፣ ኣብ ድርኩኪት ኣሎ።

እቲ ሓቂ እዚ ኮይኑ፡ "ሰብ ንዝበልያ ይመስል" ዝብል ምስላ ኣበው ከኣ ካልእ ሓቂ የግህደልና። ከም መገብቲ ቃል መጠን፣ ንመእመን ተኸሺኑ ዝቐርበሉ ዘሎ ምግቢ ክንፍትሾ፣ ናይ እዋኑ ኣውራ ጻውዒት እዩ። ምህሮና ናብ ሓደ ጥርዚ ዝዛዘወ፡ ሚዛኑ ዘይሓለወን ዝትሓዋወሰን ካብ ምኳን ክንሕሎን፣ ትኹረት ክንገብረሉን ይግባእ። እዚ እንተድኣ ዘይነቂሕናሉ፣ ሕብሪ ሓቂ ናብ ዘለዎ ህይወት ክንዓቢ ክንበቅዕ ኢና። ብተወሳኺ ብፍቕሪ ኣምላኽ ዝተሳሕለ ወለዶ ኣብክንዲ እነሰስን፣ ምድራዊ ጣዕሚ ኣዕሚቑ ዘስተማቅር ትንሓግ ዘልዎ: ተድላ ዘቐድም: ዋጋ ፍቕሪ ካብ ምኽፋል ግና ኣርሒቑ ዘድሓርሕር ሕንቁቅ ወለዶ ክትከል እዩ። እምበኣር፡ "መኣድታትና ናበይ ገጾም የማእዙንና ኣለው?" ዝብል ሕቶ ንተሓታተት።

ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ ንስኻ ግና፣ ንርእስኻን
ንትምህርትኻን ተጠንቀቕ!
(1ጢሞ4፡16)


# ጥቕሲ ዲቦራ

"ብዘይ ኣቦ ብዘይ ኣደ ብዘይ ቁጽሪ ወለዶ፡ መጀመርታ መዓልታት ወይስ መወዳእታ ህይወት ዜብሉ ግናኸን ወዲ ኣምላኽ ተመሲሉ ንሓዋሩ ካህን ኮይኑ ይነብር ኣሎ።" እብ7፡3።

ከምቲ ብቓሉ ዝገለጾ ካብ ቃልኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ ፈጢሩ ኣምላኻዊ መንነት ዘሕደረልና (2ጴጥ1፡4, ያቆ1:18)፣ ስጋን ደምን መንግስቲ ኣምላኽ ክወርስ ስለ ዘይከኣሎ (1ቆሮ15:50)፣ ነቲ ብክርስቶስ ዝተወድኣልና ናይ መስቀል ዕዩ ኣሚንና ካብ መንፈስ ዳግም ብምውላድና እዩ። ጎይታ ነዚ ውዕለት ዝወዓለልና ኣብ ምድሪ ሚእቲ ካዕበት (ህይወት ምስ ተረፉ) ኣብ ሰማይ ድማ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክንወርስ እዩ (ማሪ10፡29-30)። ስለዚ ውን ጎይታ፡ ብሰሪ ድኻምና ከሲሱ ክኽልክለና ንዝፍትን ክጣበቐልናን ከተዓርቐናን ንሓዋሩ ጠበቓን ካህንን መድሕን ዝሓሸ ኪዳን ኮይኑልና ኣሎ (1ዮሃ2፡1-2, እብ12፡24, 8፡1)።

# ሕላገራዊት ዓያነ

ገዛእ ርእስና ንፈትሽ



እስከ መጽሓፍ ቅዱስ ከይተጠቐምኩም ካብዘን ጥቕስታት እተን ቅኑዓት ፈሊኹምም ኣውጽእወን። ከምኡ ምስ ገበርኩም ብድሕሪኡ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒምኩም መአረምታ ግበሩ።

1-ዮሃ 15፡7

ሀ. ኣባይ እንተሓደርኩም ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተሓደረ እትደልይዎ ዘበለ ትልምኑ እሞ ይኾነልኩም።

ለ. ኣባይ እንተጸናዕኩም ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተሓደረ እትደልይዎ ትልምኑ ይኾነልኩም።

ሐ. ኣባይ እንተጸናዕኩም ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተሓደረ እትደልይዎ ዘበለ ለምኑ እሞ ይኾነልኩም።

መ. ኣባይ እንተጸናዕኩም ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተሓደረ እትደልይዎ ዘበለ ትልምኑ እሞ ይኾነልኩም።

2 - ሮሜ 12፡1

ሀ. እምበኣርሲ ኣሕዋተየ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ ብምሕረ ኣምላኽ እምዕደኩም ኣለኹ። እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።

ለ. እምበኣርሲ ኣሕዋተየ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ክተቕርብዎ ብምሕረት ኣምላኽ እልምነኩም ኣለኹ። እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።

ሐ. እምበኣርሲ ኣሕዋተየ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ክተቕርብዎ ብምሕረት ኣምላኽ እምዕደኩም ኣለኹ። እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ ስጋዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።

መ. እምበኣርሲ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ክተቕርብዎ ብምሕረት ኣምላኽ እምዕደኩም ኣለኹ። እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ዕዮኹም እዩ።

3 - መዝ 1፡2-3

ሀ. ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዝፍሳህ፡ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ። ንሱ ፍሬኡ በብግዜኡ እትህብ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን። ዝገብሮ ኹሉውን ይሰልጦ።

ለ. ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዝፍሳህ፡ ነቲ ሕጉውን ለይቲ ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ። ንሱ ፍሬኡ በብግዜኡ እትህብ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን። ዝገብሮ ኹሉውን ይሰልጦ።

ሐ. ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዝፍሳህ፡ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ። ንሱ ፍሬኡ እትህብ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን። ዝገብሮ ኹሉውን ይሰልጦ።

መ. ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዝፍሳህ፡ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ። ንሱ ፍሬኡ በብግዜኡ እትህብ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ ኣብ ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን። ዝገብሮ ኹሉውን ይሰልጦ።

4 - ዮሃ 1፡12

ሀ. ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ዉሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም።

ለ. ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ዉሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም።

ሐ. ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ዉሉድ ኪኾኑ መሰል ሃቦም።

መ. ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ዚኣምኑ ግና ዉሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም።

5 - ሮሜ 10፡9-10

ሀ. ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይጸድቕ እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።

ለ. ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብልብና የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።

ሐ. ሰብ ብኣፉ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብልቡ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን የሱስ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።

መ. ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስ ኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።

# ሕብራዊት ዓምዲ



## እቲ ንጉስ

ኣብ ሓንቲ ዓዲ ሓደ ንጉስ ይነብር ነይሩ። እዚ ንጉስ ሓንቲ ዓይንን ሓንቲ እግርን ኣይነበሮን። ሓደ እዋን ንኹሎም ኣብቲ ዓዲ ዘለዉ ሰኣልቲ ጸዊዑ፡ ጽቡቕ ጌሮም ኣብ መንደቕ ምስሉ ክስእልዎ ኣዘዞም። እዚ ትእዛዝ ከኣ ንኹሎም ሰኣልቲ ከበዶም። “ሓደ ዓይኑን ሓደ እግሩን እንታይ ክንገብረሉ ኢና?” ተበሃሃሉ። ሽዑ ሓደ ካብኦም ነቲ ንጉስ ኣብ መንደቕ ጽቡቕ ጌይሩ ሰኣሎ። ንጉስ ከኣ በቲ ስእሊ ብጣዕሚ ተሓጎሰ። እቲ ሰኣላይ ነቲ ንጉስ፡ ኣብ ሃደን ከምዘሎ እሞ ሓደ እግሩ ተንበርኪኹ፡ ሓንቲ ዓይኑ ኸኣ ንጨመተ ከምዝዓመታ ጌሩ ኢዩ ስኢልዎ።

እቲ መልእኽቲ ናይዛ ዛንታ፡ ስለምንታይ ኢና ኩላትና ከምዚ ዓይነት ስእሊ ንካልኦት ክንስእል ዘይንኽእል? ንድኻሞም ሸፊንና ንዘለዎም ብርቱዕ ጎኒ ዘይንኹልዕ?

## ካብ ብሂል ናይ ኣምላኽ ሰባት


“ትዕግስቲ ንፍጽምና ይመርሕ።” ሪክ ዋረን
“ህይወት ዝጎደሎ ፍቕሪ ይኸውን ዜሮ።” ሪክ ዋረን
“ልብኻ ብምልዋጥ ህይወትካ ለውጥ።” ማክስ ሉካንዶ
“ሰይጣን ደራሲ ናይ ሕማምን ቃንዛን ኢዩ።” ቲቢ ጆሸዋ
“ኣብ ዝሃለኻ ሃሉ ክትሕጎስ ትኽእል ኢኻ።” ጆል ኦስቲን

“ኣነ እቲ ፈዋሲ ኣይኮንኩን።” ቤን ሂን
“ሰሓቕ በረኸት ኣምላኽ ኢዩ።” ጆሴፍ ፕሬንስ
“መገዲ ጻድቓን ግና ከም ብርሃን ወገግታ ኢያ፡ ፍጹም መዓልቲ ክሳዕ ዚኸውን ከኣ እናወሰኸት ትበርህ።” ንጉስ ሰለሞን

## ዋዛ

**ቻይና ኬድካ ካራተ ተምሃር**

ሓደ ሓው ናብ ሓደ ካልእ ቅብኣት ዘለዎ ሓው መጺኡ፡ “እዚ ኣባኻ ዘሎ ቅብኣት ዕጽፊ ኮይኑ ናባይ ክመጽእ ጸልየለይ።” በሎ። እቲ ብጻዩ ድማ፡ “እቲ ቅብኣት ንምንታይ ኢኻ ደሊኻዮ?” ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ድማ፡ “ዝተንከፍክዎ ዘበለ ሰብ ምእንቲ ክወድቕ” ኢሉ መለሰሉ። በቲ ምላሹ ዝተገረመ ብጻዩ ድማ፡ “ሰብ ንምውዳቕ እንተኾይንካስ ቻይና ኬድካ ካራተ ተተምሃርካ ይሓይሽ” በሎ ይበሃል።



## ኣነ ጥበብ....

መዳርግቲ ኣልቦ
መዘና ዘይብለይ
ወርቂ ገንዘብ ብሩር
ትሑት `ዩ ኣብ ሚዛነይ
ንኣይ ሓዲጉ የማን ዝዘበለ
ብጥበብ ናይ ርእሱ
ጠቢብ ዝተባህለ
ን ኣምላኽ ረሲዑ
ለባም ዝመሰለ፡
“ጌጋ `ሎኻ” ይብሎ
ቅንዕና ክምህሮ።
ዝሰምዕ እንተረኸብኩ
ድምጻይ ዓው ኣቢለ
ኣብ ቐራና መገዲ
ኣብ በረኽቲ ደው ኢለ፡
“ዕሽነት `ዩ ጥበብ ዓለም
ኣይነብርን ንዘልኣለም
ኣይውፍን `ዩ ህይወት
ኣየናግፍን ካብ ሞት”
እናበልኩ
ኣድሂ ኣለኹ።
እንተ ድኣ ደለኻ
ክትውንነኒ
ቅድም ኣምላኽ ፍራህ
ከተስተውዕለኒ
ጥበብ እየ ዝበሃል
ስመይ ክትፈልጠኒ
ኣነ ጥበብ
ኣብ ቃል ኣምላኽ መንበርየይ
ልቢ እዙዝ መሕደርየይ
እዩ።

# ኩርናዕ - ስእሊ





# ናይ የሱስ ህጻናት



## ልብኺ ምሳኺ የላን!

ካብ ዕለታት ሓደ ምዓልቲ፣ ኣብ ቤት ኣምላኽ፣ ሓንቲ ንኣምላኽ ትፈቱ ሃና ስማ ህጻን ነበረት። ሃና ኩሉ ምዓልቲ፡ "ኣነስ ንየሱስ እንታይ ተገበርኩሉ እየ ዝሕጎስ።" ኢላ ትሓስብ ነበረት። ሃና፣በብግዚኡ ሰባት ናብ ቤት ኣምላኽ ገንዘብን ዝተፈላለየ ውህበትን ከምጽኡ እናኸትርኢ ድማ፣ ንሳውን ብወገና ንኣምላኽ ገለ ነገር ክትህቦ ከምዘለዋ፣ ንገዛእ ርእሳ ተዘኻኽራ ነበረት። ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ምሃብ ክትሓስብ ከላ፣ እቲ ዘዋህለለቶ ሒደት ገንዘብ ንኣምላኽ ዝበቅዕ ኮይኑ ኣይስምዓን ነበረ። እቲ ብውልቃ ትውንኖ ካልእ ነገራት ውን ከምኡ። ስለዚ ድማ ንኣምላኽ ዝበቅዕ ውህበት እንታይ ሙኻኑ ክትምርምር ትውዕል ትሓድር ነበረት። ሓደ ምዓልቲ፣ እታ የሱስ ዘፍቅራ ሃና፣ከም ኣመላ መጽሓፍ ቅዱስ

ገንጺላ እናንበበት፡"ወደየ ልብኻ ሃበኒ።" ዝብል ጽሑፍ ረኸበት (ምሳ23፡26)። ሽዑ ድማ ንኣምላኽ ልባ ክትህቦ ከም ዘለዋ ተረድኣ። ካብታ ስዓት ድማ ንኣምላኽ ልባ ብፍታዋ ክትህቦ ሙኳና ተማባጽዐት። ልቢ ግን ከምጸጉሪ ቆሪጽካ ዝወሃብ ኮይኑ ኣይጸንሓን። ንሳ ንልባን ክፈላለዩ ከም ዘይክእሉ ድማ ፈለጠት። ስለዚ ንሳን ልባን ብሓደ ንእግዝኣብሄር ዝኾኑሉ መገዲ ክትሓስብ ጀመረት።

ሓደ ሓሳብ ውን ናብ ልባ መጸ። ናብ ቤትክርስትያን ከይዳ ሓሳባ ከተተግብር ከኣ ተሃወኸት። ምዓልቲ ሰንበት ከኣ ግዜኣ ሓልያ ደበኽ በለት። ሃና ድማ ነቲ ዘዋህለለቶ ገንዘብ ኣብ ጅቡኣ ኣእትያ ናብ ቤተኽርስትያን ከደት። እንተኾነ ግን ንማንም ሰብ እቲ ክትገብሮ ዝሓሰበት ኣይነገረትን። ሓንቲ መንእሰይ ኣገልጋሊት ድማ ናይ ምባእ ከረጺት ሒዛ ናብቲ ሃና ዘላቶ ቦታ መጽአት። እታ የሱስ ዘፍቅራ ሃና ኸኣ፣ እታ ክትጽበያ ዝቐነየት ስዓት ከም ዝኣኸለት ርእያ ተሓጎሰት። ሃና፣ ነታ መንእሰይ ኣገልጋሊት ብትሕትና ዝመልኦ ኣዘራርባ፣ "ነዛ ከረጺትኪ ግዳ ቁሩብ ኣትሕት ኣብልለይ?"በለታ። እታ መንእሰይ ብልዙብ ኣዘራርባ ናይ ሃና ደስ ኢልዋ ነቲ ከረጺት ኣትሓተትላ። እታ የሱስ ዘፍቅራ ሃና ድማ፣ ሳእና ኣውጺኣ፣ ኣብቲ ከረጺት ኣእጋራ ኣእትያ ኣብ ውሽጡ ደው በለት።

እዚ ዝርኣየት ኣደ ሃና፣ በቲ ሃና ዳላ ዝገበረቶ ነገር ሰንበደትን ሓፈረትን። ንሃና ውን ኮረየትላ። እታ መንእሰይ ኣገልጋሊትን በቲ ተግባራ ዘይተሓጎሱ ኮፍ መባህልታ ውን፣ "ስለምንታይ ከምኡ ትገብሪ? "ኢሎም ኮረዩላ።



እታ የሱስ ዘፍቅራ ሃና ግና፡ በቲ ተግሳጾም ከይተዳህለት፡ "ኣነ ገንዘበይ ጥራይ ዘይኮንኩስ ልበይን ህይወተይን እየ ንኣምላኽ ክህቦ ደልየ።"በለቶም። እቶም ኮፍ መባህልታ በቲ ሃና ዝገለጸትሎም ነገር ኣዝዮም ተገረሙ። ንየሱስ ክርስቶስ ዘለዋ ፍቕሪ ክሳዕ ክንደይ ዓቢ ሙኻኑ ውን ተረድኡ። ነታ የሱስ ዘፍቅራ ሃና ኸኣ፣ "እታ ኣምላኽ ዝደልያ ልቢ፣እታ ናይ ስጋ ልብና ዘይኮነትሲ፣ ብኣዒንቲ ዘይትርአ መንፈሳዊት ልቢ እያ። ኩለንትናኺ ንኣምላኽ ክትህቢ ምውሳንኪ፣ ኩሉ ሳዕ ብዛዕባ የሱስ ትሓስቢ እንተድኣኬንኪ፣ ንዕኡ ንምሕጓስ ከኣ ትሰርሒ ካብ ኮንኪ፣ ልብኺ ምሳኺ የላን። ምኽንያቱ የሱስ ፍታውኪ ምስ ፈለጠ ወሲድዋ እዩ።" ኢሎም ውን ልባ ምስ የሱስ ከም ዘላ ገለጹላ። ሽዑ እታ የሱስ ዘፍቅራ ሃና፣ እናተሓጎሰት ናብ ገዝኣ ከደት።

ብሩኻት የሱስ ፍትው ዘብለኩም ናይ የሱስ ህጻናት፣ ልብኹም ከ ምስ መን እያ ዘላ? ምሳኹም ድያ ዘላ ወይስ ምስ የሱስ? ልብኹም ንየሱስ ክትህብዎ ትደልዩ ዶ? ናብ የሱስ ዓው ኢልኩም፡ "ኦ! ጎይታይን መድሓንየይን የሱስ ክርስቶስ፣ ኣነ ንኹሉ ዘመነይ ከፍቕረካን ልበይ ክህበካን እደሊ ኣለኹ እሞ፣ ልበይ ንኹሉ ግዜ ንዓኻ ውሰዳ።"ኢልኩም ጸልዩ። ሽዑ ናይ ኩልኻትኩም ልቢ ምስ የሱስ ክትህሉ እያ። በቲ የሱስ ዝህበኩም ሓይሊ ድማ ንየሱስ ዝሕጉስ ክትሓስቡ ንክትገብሩን ክትጅምሩ ኢኹም።

# ናይ የሱስ ህጻናት



## ኣባና ዘሎ ይዓቢ!

ኣብ ሓደ ቦታ ሓደ ንእግዝኣብሄር ዝፈቱ ናይ የሱስ ህጻን ኣሎ። ሓደ መዓልቲ እዚ ህጻን እዚ ኣብ ቤት ትምህርቱ እናተጻወተ ኸሎ፡ ሓደ ንየሱስ ዘይፈለጠ ካልእ ህጻን መጺኡ፡ "ንዓይ ትሕምቐኒ? ”ኢሉ ሓተቶ። እቲ ቆልዓ ግና፣ የሱስ ባእሲ ከም ዘይፈቱ ስለ ዝተማህረ፣ ምእንቲ ንየሱስ ከየጉህዮ ኢሉ፣ ነቲ ንባእሲ ዝዓደሞ ቆልዓ፡ "ኣይሕምቐካን እየ!" ኢሉ መለሰሉ። እቲ ባእሲ ዝተበርሆ ቆልዓ ድማ፣ ነቲ ናይ የሱስ ህጻን ስለ ዘሕመቖ ብዙሕ ተሓጎሰ።

ጸኒሑ ኸኣ፡ "በል ኡፍ ኣበሃሃል ንጻወት። መጀመርታ ኣነ ኡፍ ክብለልካ እየ፣ብድሕሪኡ ድማ ንስኻ ኡፍ ትብለለይ።"በሎ። ነቲ ዝኾነ ነገር ከይሓዘ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ናይ የሱስ ህጻን ድማ ብሓይሊ ኡፍ በለሉ። እንተኾነ ግን ዋላ ሓንቲ ኣይኮነን። ተራ ናይቲ ናይ የሱስ ህጻን ምስ በጽሐ ድማ፡ እቲ ናይ የሱስ ህጻን፣ ነቲ ሓጺን ሒዙ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ተብኣሳይ ህጻን ኡፍ በለሉ። ካብቲ ትንፋስ ናይ የሱስ ህጻን ዝወጸ ብርቱዕ ሓይሊ ድማ ነቲ ተብኣሳይ ህጻን ደፊኡ ናብዛ ምድሪ ጻሕ ኣበሎ፡፡ ሽዑ እቲ ተብኣሳይ ህጻን ድማ፡ "ንስኻ ካባይ ትሕይል ኢኻ፡ ኣይከእለካን እየ።"ኢሉ ገዲፍዎ ኸደ።



ዝኸበርኩም ናይ የሱስ ህጻናት፡ ካብዛ ሓቐኛ ፍጻሜ እንታይ ተማሂርኩም? ዓሽ! ጎይታ ይባርኽኩም! ካብቲ ብዙሕ ምህሮታታ ሓንቲ፡ ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ዮሃንስ ምዕራፍ ኣርባዕተ ጥቕሲ ኣርባዕተ ዝተጻሕፈ (1ዮሃ4፣4)፣እቲ ኣባና ዘሎ ኣምላኽ ካብቲ ኣብኦም ዘሎ ከም ዝዓብን ከም ዝብርትዕን ምሂራትና ኣላ ምሽ? ኣምላኽ ይባርኽኩም! ተባረኹ! በሉ ምቁራት ናይ የሱስ ህጻናት ንሎሚ ቻው!!!

## ካብ ሕማቕ ዕርክነት ንርሓቕ!

ሓደ ምዓልቲ ሓደ ለባም ኣቦ ነበሩ። ሓደ የሱስ ዘፍቅሮ ውላድ ድማ ነበሮም። እቲ ውላዶም ከኣ ቃል ኣምላኽ ዘይፈቕዶ ምስ ሓደ ሕማቕ ባህሪ ዝነበሮ ህጻን ዕርክነት ጀመረ። እቲ ሕማቕ ባህሪ ዝነበሮ ወዲ ድማ ናብ ኣምላኽ ዘይፈትዎም ነገራት ክመርሖ ጀመረ። እቲ ናይ የሱስ ህጻን ድማ ብሕማቕ ባህሪ ተጸለወ። እዚ ሕማቕ እዚ ዘስተብሃሉ ኣብኡ ድማ ብዙሕ ጉሃዩ። ካብቲ ሕማቕ ዓርኩ ክፍለ እኳ ክንደይ ግዜ እንተ መዓድዎ፡ እቲ ወዶም ግና ክሰምዖም ኣይከኣለን።

ድሕሪ ክንደይ ምዓልታት ከኣ እዞም ኣቦ ንዕዳጋ ከይዶም ሓሙሽተ ጥዑያትን ሓሙሽተ ዝተበላሸዋ ጉዕን ዓዲጎም ኣምጽኡ። ንወዶም ከኣ ኣብ ሓደ መትሓዚ ከቐምጠን ነገርዎ። እቲ ወዶም ከኣ ከም ዝተባህሎ ገበረ። ድሕሪ ሰለስተ ምዓልቲ ኸኣ እቶም ኣቦ ነቲ ወዶም ነተን ዝሃብዎ 10 ጉዕ ከምጽኣን ልኣኽዎ። እተን ጥዑያት ዝነበራ 5 ጉዕ ድማ በተን ብልሽዋት ተለኪመን ጸንሐኦ። እቲ ወዶም ውን እቲ ዝኾነ ምስ ረኣየ ኣዝዩ ሰንበደ። ሳዕቤን ናይ ሕማቕ ዕርክነት ውን ተረድኦ። ካብታ ምዓልቲ እቲኣ ውን ነቲ ጀሚርዎ ዝነበረ ሕማቕ ዕርክነት ገደፎ። እቶም ኣብኡ ድማ ኣዝዮም ተሓጎሱ። ንኣምላኽ ውን ወዶም ዝምለሰሉ ጥበብ ስለ ዝሃቦም ኣመስገንዎ።



ንስኹም ከ ብሩኻት ናይ የሱስ ህጻናት ካብዛ ዛንታ እንታይ ተማሂርኩም? ንፉዓት! ጎይታ ይባርክኹም። “ኣይትታለሉ፡ ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልማድ ስለ ዘጥፍኦ ተጠንቀቑ” (1ቆሮ15፡ 33)።